መክብብ ሕይወት



እራብ ናብ ዓይኒ ማይ ከም
እትናፍቕ፡ከምኡ ኸኣ ነፍሰይ
ናባኻ፡ “ዎ አምላኸ፡ ትናፍቕ አላ”
መዝ 42፡1

ዲያቆን አሸናፊ መኰንን
ትርጉም፦ ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

መክብብ ሕይወት

ዲያቆን ኣሸናፊ መኮንን

ትርጉም፦ ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሔር

መሰል ደራሲ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ!

መሰል ተርጓሚ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ!

ቀዳማይ ሕታም ለካቲት 2004 ዓ.ም {ግእዝ}

ዝተተርጎመሉ ግንቦት 2020 ዓ.ም ፈረ.

ኣድራሻ ተርጓሚ:- d.kbrom@gmail.com

Facebook:- ኤንስሞስ ክብሮም

Website:- http://betfiqri

Facebook:- ቤት ፍቅሪ እግዚኣብሄር

ቁ.ቴለ. 00201121709517 ወይ 00201271428269.

ቤተ ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ግብጺ ካይሮ

ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሔር

“ጉዕዞ ሕይወት ከቢድ ኮይኑ
እንተተሰምዓካ ካብ እግዚኣብሔር
ዝተዋህበካ ምኽኑ ኣይትዘንግዕ፤
ጐይታ ናብ ዝመደበልካ
ናብ ዘደንቕ ዕላማ ዝመርሓካ
ናይ ፍቕሪ መንገዲ እዩ።”

ህያብ

ካብ _____

ዘመኑ ንሓድሕድና ብዘጸናንዕ ቃል
እንደ ጋገፈሉ ክኸውን ብምምናይ
ነዛ ናይ ናብራ መልከዕ እተርኢ መጽሓፍ
ብፍቕሪ፤ ሰላም ውን ብምምናይ
የበርክት ኣለኹ !

ናብ _____

ዕለት _____

ፈርማ _____

ትሕዝቶ

ገጽ

ቀዳማይ ቃል .....

መእተዊ .....

ምዕራፍ ሓደ

ኣነ እየ.....

ምዕራፍ ክልተ

ተግሳጽ .....

ምዕራፍ ሰለስተ

ናይ ጥሜት ዘመን.....

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ናይ ኣልባስጥሮስ ሽቱ.....

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ዝተቐጸለ ተስፋ.....

ምዕራፍ ሽዱሽተ

ናይ ሕይወት ደብዳቤ.....

ምዕራፍ ሸውዓተ

ርእየካ.....

ምዕራፍ ሸሞንተ

ዓቢ ህያብ.....

ምዕራፍ ትሽዓተ

ተንስእ.....

ምዕራፍ ዓሰርተ

ምዕጋብ ብመን?.....

ምዕራፍ ዓሰርተው ሓደ

ሰላምና መን እዩ?..... . . . . .

<u>መክብብ ሕይወት</u>

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ

ኣሜን!

<u>ቀዳማይ ቃል</u>

ጻድቕ እዮብ ከምዝተዛረቦ ሕይወት ኣብ ምድሪ ብርቱዕ ውግእ እያ (ኢዮ 7፥1)። ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ዝኽሰቱ ናይ ዶብ ግጭት ናይ ዓሌትነት ጠባይ ንባዕሉ ውግእ ተባሂሉ ኣይጽዋዕን። መጠነኛ ዝኾኑ ውግእ ከኣ ንውሑድ ግዝያት ይካየዱ። ብርቱዕ ውግእ ግን ደው ዝብል ብዓወት ጥራይ እዩ። ብዛዕባ ቃልሲ ሕይወት ጥራይ ዘይኮነስ ንብዛዕባ ዝመጽእ ዓወት ምሕሳብ ውን የድሊ። ሕይወት ውግእ ጥራይ ኣይኮነትን፤ ሕይወት ዓወት ውን ኣለዋ። እንተ ኾነ ግን ብዘይ ቃልሲ ዓወት ከም ዘየለ ምግንዛብ የድልየና። ንሕይወት ተናፋቒትን ትስፍውትን ዝገበራ ጌና ኣብ ኢድና ዘይ ኣተዉ በረኽት፤ ድሕሪ ውግእ ዝርከቡ ምሩኻት ስለዘለውዋ እዩ።

ሓደ ዝተማልአ ውግእ ብድሕሪኡ መከላኸልን ናይ ሰራዊት ቦታን ኣሎ፣ ፊት ንፊቱ ድማ ዓወትን ምርኮን ኣሎ። ማዕጾኡ ስንቅን ኣጽዋርን ዓወት ዘመዝግብን ርጉጽን እዩ። ናይ ሰራዊት ቦትኡ ናይ ሰራዊት ሳይነስ ዝርከቦ ናይ ውግእ ስልቲ ዝንደፈሉ ብናይ ውትህድርና ልምዶም ጽቕጠት ዝገብርሉ ናይ ሰራዊት ፈላጣት ምኽሪ ዝህብሉ እዩ። መከላኸልን ናይ ውግእ ቦታን ዘለዎ ሰራዊት ኣብ ኣብ ቅድሚኡ ዓወትን ምርኮን ኣለዎ። ከምኡ ውን ኣብ ናይ ዓለም ውግእ ሜዳ ዘሎ ክርስትያን ብድሕሪኡ ከም መከላኸሊ ዝበለ ዝጽልየሉ ወገንን ከም ናይ ውግእ ዝበለ ቦታ ዘምልኸሉ ሕብረት፤ ከም ናይ ውግእ ኣማኸርቲ ዝበለ ልምዶም ዘካፍሉ መምህራን እንተ ሃልዮም ዓወትን ምርኮን ካብኡም ዕረፍቲ ንዕኡ ይኸውን። ዓወት ምሽናፍ ክኸውን ከሎ ምርኮ ድማ ተዋጋእትና ናይ ሓሳባትና ተሓባበርቲ እቲ ዕረፍቲ ድማ ንእግዚኣብሔር እንዳ ኣመስገኑ ምንባር እዩ። ናይዚ መጽሓፍ ዕላምኡ ከም መከላኸሊ ናይ ምእመናን ዓወት ናሬቕ ዝጽሊ ከም ናይ ውግእ ቦታ ንናይ ሕይወት ልምዱ ብምክፋል <<ድፋእ ክርስትያን፥>> <<ዶብካ ኣስፍሕ ምእመን>> ዝብል እዩ።

ሓደ ናይ ቀደም ኣቦ ከምዚ በሉ፡-

<<ፈተውቲ መስቀል ክርስቶስ ውሑዳት ኢዮም። ሎሚ ንክርስቶስ ናይ ሰማያዊ መንግስቱ ፈተውቲ ብዙሓት ኣለዉ፤ እንተኾነ ግን ተሰከምቲ መስቀሉ ውሑዳት ኢዮም። ናይ መጸናንዒ ፈተውቲ ብዙሓት ኣለዉ፤ ናይ መከራ ፈተውቲ ግን ውሑዳት ኢዮም። ናይ ስቓታ የዕሩኽቲ ብዙሓት ይረክብ። ናይ ገድሊ የዕሩኽቲ ግን ውሑዳት ይረክብ። ኩሎም ምስኡ ሓጎስ ክገብሩ ይደልዩ። ብዙሓት ናብ ቁራስ እንጌራ ክሳብ ዝበጽሑ ንኢየሱስ ይስዕብዎ። ውሑዳት ንጐይታ ይደልዩ፡ ውሑዳት ውን ናይ መከራ ጽዋእ ይጭልጡ።

ብዙሓት ንተኣምራቱ የኽብሩ፣ውሑዳት ናይ መስቀሉ ውርደት ይስዕቡ። መከራ ከይበጽሖም ከሎ ብዙሓት ንኢየሱስ ይፈትውዎ። ፍሉይ መጸናንዒ ካብኡ ኣብ ዝረኣይሉ ግዜ ብዙሓት ንዕኡ የመስግኑ፣ይምርቑ። ናይ ርእሶም ምጽንናዕ ዘይኮነስ ንጐይታ ዝፈትዉ ኣብ ሓጎስ ዘመን ከምዘመስግኑ ኣብ ህውከትን ጭንቀትን ግዜ ውን ንዕኡ የመስግኑ። ወላኳ ቀልጢፉ ኣይመልሰሎም ኸሉ ግዜ ንዕኡ የመስግኑ፣ ኸሉ ግዜ ምስጋና ምቕራብ ይፈትዉ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዘመን መስቀል ዘለዎ ክርስትና እናተጸልአ መስቀል ኣልቦ ንቀንጠ መንጢ ሰባኺ ዝኾነ ክርስትና እናጎልሐ ይርከብ። ብዙሓት ውን ቤተ ክርስትያን ይመላለስ ኣለኹ እንተኾነ ግን ሓጎስ ኣይስምዓንን እንዳበሉ ንጐይታ ዘይኮነስ ንሓጎሶም ኣምለኽቲ ኮኑ። ሓጎስ እንተ ዘይረኺበ ናብ ዓለም ክምለስ'የ እንዳበሉ የፈራርሑ። ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣቦ፡- <<ናይ ግሊ ጥቕሚ ብምድላይ ዘይተቐላቐለ ናይ ጐይታ ፍቕሪ ዘለዎ ጽኑዕ ፈታዊ እዩ። ኸሉ ግዜ ምጽንናዕ ዝፈትዉ ሰብ ደመዎዝ ኢዮም። ጥቕሞምን ትርፎምን ኸሉ ግዜ ዝሓስቡ ካብ ክርስቶስ ንላዕሊ ፈተውቲ ርእሶም ኮኑ። ንኣምላኽ ብዘይ ዋጋ ዘገልግል ኣበይ ይርከብ ? ደሞዙ ኣብ ርሑቕ ሃገር እዩ >> በሉ።

ንእግዚኣብሔር ንባዕሉ ጥራይ ምድላይን ምምላኽን ከይከኣልና ናብ ሓቀኛ ክርስትና ክንመጽእ ኣይንኽእልን። ንበዓል ጸጋ ገዲፍና ንጸጋ ጥራይ ምድላይ ግቡእ ኣይኮነን። ብዙሓት ስርዓተ ኣልቦን ብዙሓት ናይ ከብድን ሎሚ ውን እናተራእዩ ኢዮም። ክርስትያን ከምዚ ዘመን እዚ ዕጥቁ ዝፈትሓሉን ፈራሕ ዝኾነሉን ዘመን ዝተኸስተ ኣይመስልን። ብበይናውነት ስምዒት ንርእሶም ዘልቅሱ፣ ብንእሽተይን ብዓብን ጐይታየ ውሰደኒ ዝብሉ በዚሖም። ናይዚ መጽሓፍ ዕላማ ናይ ምእመናን ቃልሶምን መልሶምን ምእዋጅ እዩ።

<<መክብብ ሕይወት>> ማለት ናይ ሕይወት ሰባኺ ማለት እዩ። እዚ ጽሑፍ ገሊኡ ቅድሚ 15 ዓመታት ተሰኒዱ ዝነበረ ምኳኑ ካብ ናይ መዘኻኸሪ ዕለት ተረዲአዮ ኣለኹ። እግዚኣብሔር ዝበሰለ በረኸትን፣ ዝኸረመ ወይንን ከም ዘዳለወልና በሓቂ ኣሚነ ኣለኹ።

ብነብዩ ኢሳይያስ፦ << እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት ኣብዚ ከረን እዚ ምሳሕ ብስቡሕ ብልዒ ንኹሎም ህዝብታት ክገብረሎም እዩ፡ ምሳሕ ብብርቱዕ ወይኒ፡ ኣንጉዕ ብዝመልኦ ስቡሕ ብልዒ፡ ምሳሕ ብብርቱዕ ጽሩይ ወይኒ ክገብር እዩ። እዚ መጽሓፍ ከኣ ናይ እግዚኣብሔር ግብጃ እምበር ናይ ሰብ ከም ዘይኮነ ኣሚነ ኣለኹ። ስለ ህዝቡ ምጽንናዕ ግዲ ዝብሎ እግዚኣብሔር ጥራይ ስለዝኾነ። ሓቀኛ መጸናንዒ ከኣ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ። ዝተፈተኻ ወገነይ!

<<ጉዕዞኻ ከቢድ ኮይኑ እንተ ተሰምዓካ
ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህበካ ምኳኑ ኣይትዘንግዕ፣
ጐይታ ዝመደበልካ ናብ ኣደናቒ ዕላማ
ዝመርሓካ ናይ ፍቕሪ መንገዲ እዩ።>>

<<ድሕሪ ሓጋይ ናይ ዕንባባ ወርሓት ይስዕብ እዩ'ሞ፣
ድሕሪ ለይቲ መዓልቲ ይምለስ'ዩ፣ ድሕሪ ብርቱዕ ንፋስ ውን
ዓቢ ጸጥታ ይኸውን፣ ጸጥ ብዝበለ ልቦና ኣብ ቅድሚ ፍቓድ እግዚኣብሔር
ቁም ንዝመጽኣካ ኩሉ ውን ንኢየሱስ ክርስቶስ ንምምስጋን ተዓገስ
እምበር በዚኣም ኣይትሸበር። ተስፋ ውን ኣይትቑረጽ።>>

<<ዝበጽሓካ መከራ ናብ እግዚኣብሔር ካብ ኣቕረበካ
መከራ ዘይኮነስ መኻሪ እዩ ።

መእተዊ

እግዚኣብሔር ብምዝራቡ ጥራይ ዘይኮነስ ብህልውናኡ [ብምንባሩ] መልሲ እዩ ። ብብዙሕ ናይ ሕይወት ሕቶታት ጸጋም እንተ ኣተና ንእግዚኣብሔር ቅንዕ ኢልና ምስ እንሪኦ መልሲ ንረክብ። እግዚኣብሔር ኣብ ዝፋኑ ኣሎ ዝብል ቃል ንኢ-ኣማንያን ጥራይ ዘይኮነስ ንኣመንቲ ውን መልሲ እዩ። እግዚኣብሔር ኣሎ ዝብል ቃል ብዙሕ ናይ ሸግርን ናይ ፍርሓትን ኣኽራን ክነድድ ርኢና ኢና። ብሓቂ ሎሚ ውን ደኺመ ንእትብሉ እግዚኣብሔር ኣሎ!

ሓደ ሓደ ረበሽቲ ሸግራት ክመጹ ይኽእሉ ዝብሉ ስግኣታት ኢዮም። ሰብነቶም ክተናኽፉ ዝውዕሉ ናይ ካንሰር ምልክት እንተ ተራእየስ እንዳበሉ ቅድሚ'ቲ መዓልቲ ዘዕዘምዝሙ ብዙሓት ኢዮም። ሓደ ሓደ ረብሻታት ካብ ውሽጢ ዝበጽሓና ሸግር ዝወጹ ፈሰስቲ ኢዮም። ንዝልወጡ ሸግራትና ብጽንዓት ምቅዋም፡ንዘይልወጡ ሸግራትና ምቕባል ብግዲ እዩ። ብሕይወት ካብ ዘለዉ ስንብራት ሓደ ዘይምቕባል እዩ። ምቕባል እንተ ዝህሉ ንሰብ ዝቃለስን ዝድርብይን ነገር ምወሓደ ኔሩ። ሓደ ሓደ ረበሽቲ ድማ ሓጢኣት ዘኽተሉልና ፍርሓት ኢዮም። ንድፍረት ዝድግፉ ወልፍን ምድራዊ መፍትሒኦምን ካብ ምጥቃም ነቲ ናይ ፍርሓት ምንጪ ሓጢኣት ምውጋድ ይግባእ። ሓደ ሓደ ረብሻታት ናይ ሰይጣን ውግእ ኢዮም ። ሰይጣን ሰላምና ኣይፈቱን። ንሰይጣናዊ ውግእ ናይ ስነ ልቦና ኣማኽርቲ ክርድእዎ ኣይክእሉን ። ንመንፈሳዊ ጸላኢ መንፈሳዊ ኣጽዋር ጥራይ'ዩ ዘድሊ። ስለዚ ዓወት ብዘልዕል ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንጸላእትና ምቅዋም የድልየና።

ናይዚ መጽሓፍ ምዕራፍ ሓደ <<**ኣነ እየ**>> ዝብል ናይ ንስሓን ናይ ምልዋጥን ጭደራ እዩ። ብጣዕሚ ዝተቐየምኩን ውሽጠይ ንዝተዓዘበ ሓወይ ብጥበራ፡ ንዘይብለይ ከምዘለኒ ብምምሳል ምስኡ ወዓልኩ። ምስ ተመለስኩ ግን ንሓሶተይ መንፈስ ቅዱስ ገለጸለይ። ሓሳበይ ውን ተሰረቐኩ ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ወዲቐ ይቕረ በለለይ ክብል ንይቕሬታይ ብጽሑፍ ከስፍሮ ጀመርኩ፡- ብድሕሪኡ ከኣ ባዕሉ፡- <<**ኣነ ኢየ**>> ዝብል ኮነ። ካልኣይ ምዕራፍ <<**ተግሳጽ**>> ዝብል እዩ ። ስእላዊ መልክዕ ዘለዎ ክኸውን ብሓደ ዓቢ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣቦ ከም ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ ብልሳን ጳጳስ ከም ዝተነግረ ቃል እግዚኣብሔር ዝቐረበ እዩ 'ሞ ንኹላትና መምከሪ ንክኸውን ቀሪቡ ኣሎ።

ካብ ምዕራፍ ሰለስተ ጀሚሩ ዘሎ ተኸታታሊ ስእላዊ ንጥፈታት ነናይ ነፍሲ ወከፍና ጭርሖን ናይ እግዚኣብሔር ናይ ምጽንናዕ ቃላት ዝሓዙ ኢዮም። ናይ

መወዳእታ ክልተ ምዕራፋት ምንጪ ዕግበትናን ሰላምናን እግዚኣብሔር ምኽኑን፤ ዘየለዉ ነገራት ሎሚ እንተ ዝህልዉ ንባዕሎም እኳ ሕቶ እምበር መልሲ ከምዘይ ኮኑ መልሱ ግን እግዚኣብሔር ጥራይ ከምዝኾነ ይነግሩ። ንመጽሓፍ ወሓዚ ዘለዎ ዝገብሮ ኣብ ሕይወት ዘተኮረ ዕለታዊ ሕቶን መልስን ምኽኑ እዩ። መጽሓፍ ተኽታታሊ ዘለዎ ምዕራፍ ዘይኮነስ ነፍስ ወከፍ ምዕራፍ ርእሱ ክኢሉ'ዩ ዝፍጸም። እቲ ዓንኬል ግን ሕይወት ብምኽኑ ካብ ሓደ ምንጪ ከም ዝፈስስ ብዙሕ ፈሳሲ ብዓሰርተ ሓደ ኣፍላጋት ይፈስስ።

እግዚኣብሔር ስኢኑ ናብ ዝበለጸ ጥብብን ሓይልን ዝለኣኾ ፍጡር ክሳብ ሎሚ የለን! ቅድሚኡ ውን ኣይህልውን። እግዚኣብሔር ኩልንትናና ጥራይ ዘይኮነስ ብዝፈረሰና ቀጽሪ ኵሉ ምሉእ ኮይኑ ዝቕመልና ኣቦ እዩ ። ሓለቓ ዘነበ ብ1857 ዓ.ም ብዝጸሓፍዎ <<**መጽሓፈ ጨዋታ ስጋዊ ወመንፈሳዊ**>> ኣብ ዝተባህለ ኣብ ውሽጢ ከም ጨው ዝምቅር ምኽሪ ከምዚ በሉ፡-

<<እግዚኣብሔር ርሑቕ እዩ፤ጥበቡ ስለ ዘይረአ። እግዚኣብሔር ቀረባ እዩ፤ ቀልጢፉ ስለ ዝሰምዕ።እግዚኣብሔር ስልጡን እዩ፤ቀልጢፉ ስለ ዝፈርድ። እግዚኣብሔር ጋሻ 'ዩ ንዘረባ ቀልጢፉ ስለ ዝሰምዕ። እግዚኣብሔር ትሑት እዩ ንሰብ ስለ ዘይንዕቕ። እግዚኣብሔር መሓሪ እዩ ቀልጢፉ ይቕረ ስለ ዝብል። እግዚኣብሔር ሓኪም 'ዩ፤ ንኹሉ ብጥበብ ስለ ዝገበሮ። እግዚኣብሔር ምስጉን እዩ፤ ጸሓይን ወርሕን ስለ ዝፈጠረ። እግዚኣብሔር ክቡር እዩ፤ ሰማይን ምድርን ናቱ ስለዝኾኑ።

እግዚኣብሔር ሃብታም እዩ፤ ንኹሉ ስለ ዝምግብ። እግዚኣብሔር ረቂቕ እዩ፤ ስለ ዘይጭበጥ። እግዚኣብሔር ገዚፍ እዩ፤ ኣብ ኵሉ ዓለም ምሉእ ስለ ዝኾነ። እግዚኣብሔር ብሩህ እዩ፤ ጸልማት ስለ ዘይብሉ። እግዚኣብሔር ሓያል እዩ፤ ዝቃወሞ ስለ ዘይብሉ።

እግዚኣብሔር እሳት እዩ፤ ብጣዕሚ ስለ ዘፍርሕ። እግዚኣብሔር መካር እዩ፤ መጻሕፍቲ ስለ ዝሃበና። እግዚኣብሔር ኣቦ እዩ፤ ስለ ዘዕበየና። እግዚኣብሔር ሓው እዩ፤ ሰብ ስለ ዝኾነ። እግዚኣብሔር ፈታዊ እዩ፤ ናይ ውሽጡ ስለ ዝነገረና።

እግዚኣብሔር ሃገር እዩ፤ ንነብረሉ ስለ ዘለና። እግዚኣብሔር መዓርን ሽኮርን እዩ፤ ምቁር ስለ ዝኾነ። እግዚኣብሔር ልዑል እዩ፤ ስለ ዘይበቕዖ። እግዚኣብሔር ዓሚቑ እዩ፤ ኣብ ውቅያኖስ ስለ ዘይርከብ። እግዚኣብሔር ፋስጋ እዩ፤ ንኹሉ ስለ ዝተሓርደ። እግዚኣብሔር ዓመታዊ በዓል እዩ፤ ንኵሉ ሓጎስ ስለ ዝኾነ። እግዚኣብሔር ጨው እዩ፤ ንኹሉ ስለ ዘመቅር። እግዚኣብሔር ክረምቲ እዩ፤ ንኹሉ

ስለ ዘብቑኒል። እግዚኣብሔር ኣይጥርጠርን፤ ንኹሉ ስለ ዝፈልጥ። እግዚኣብሔር ኣይርስዕን፤ ብኹሉ ድኻም ስለ ዘይብሉ። እግዚኣብሔር ኣይሰግእን፤ ዝቕይሮ ስለ ዘየለ።

እግዚኣብሔር ናይ ሰብ ኣገልጋሊ እዩ፤ ብኽረምቲ ንምብቋል ብሓጋይ ንምብሳል ዝተዳለወ ስለዝኾነ። እግዚኣብሔር ጋሻ ኣይኮነን፤ ካብ ጥንቲ ዝነበረ ስለ ዝኾነ።>> ኣለቃ ዘነበ ከም ዝገለጽዎ ኩሉን ኣብ ኹሉ ዝኾነን ምስጋና ዝግብኦ ኣምላኽና ብመንነቱ ንዓና መልሲ እዩ። ወገናተይ ተጸናንዑ እግዚብሄር ከምዘለዎ ሰብ ተጸናንዑ፤ እግዚኣብሔር ከምዝተዛረቦ ሰብ ተጸናንዑ። እዛ መጽሓፍ ንዓኹም ዝኸውን ናይ ሕይወት ፍረ ሒዛ ኣላ'ሞ ፍሬኡ ልቐሙ። እግዚኣብሔር ናይ ፍቕሪ ጸሎት ይሰምዕ እዩ'ሞ ንዓይ ውን ጸልዩለይ። ዘይርበሽ ናይ ኣምላኸይ ሰላም፤ ዘይጎድል ናይ ጐይታይ በረኽት፤ ዘይዝሕል ናይ ስላሴ ፍቕሪ ኣባኹምን ኣብ ቤትኩምን ይሕደር! ኣሜን።

ምዕራፍ ሓደ

ኣነ ኢየ

ናይ ዓበይቲ ፍጥረት ዓለም ኣራኻቢ ዓቢ ዝኾንካ ዎ እግዚኣብሔር የመስግነካ ኣለኹ። ካብ ናይ ቤት መንግስቲ ናሕሲ ናትካ ሰማይ ዝሰፍሐ፤ ካብ ሰብ ዝሰርሖ ኣምፑላት ናትካ ከዋኽብቲ ዝደመቐ፤ ካብ ሰኣልቲ ቅብኣ ናትካ ኪነ ጥበብ ድንቂነቱ እናገረመኒ የመስግነካ ኣለኹ። ተፈጥሮ ናብ ኣኼባ ጸዊዐ ዕላሉ ምስጋና ኮነኒ። ናይ ሰማይ ጠፈር ነዓይ ንምኽባር ዘርጋሕካለይ ንሰፊሕ ዓለም ናይ ትምህርቲ ክፍለይ ገበርካለይ። ሸሕ ናይ ሰባት ብርሃን ንናትካ ናይ ጸሓይ ብርሃን ንጣብ ኣይትክእን በሉኒ። ብነጻ ዝሃብካና መዓልትን ለይትን ሓጋይን ክረምትን ቀውዕን ጽድያን ኣገሪሙኒ። ነፋሳትካ ምግቢ ኮይኑ ኣጽጊብኒ፤ ብቀዳድ ሕቑይ ናትካ ንፋስ ጸጋ ምስ ኣተወ ኣዕጽምተይ ለምለሙ። ዝፈጠርካዮ ተመርሚሩ ክፍለጥ ካብዘይ ከኣለ ንስኻ ደኣ ከመይ ረቂቕ ኢኻ! ዘዳለኻዮ ድንቂ ካብ ተባህለ ንስኻ ደኣ ከመይ ግሩም ኢኻ! ዘቕምካዮ ዓቢ ካብ ተባህለ ንስኻ ደኣ ከመይ ልዑል ኢኻ! ንናይ ኢድካ ዓሸራ ተኸፋፊሎም ኣጽኒዖሞ ክበጽሕዎ ካብዘይከኣሉ ንስኻ ደኣ ከመይ ብምርምር ክትርከብ!

ጐይታየ ዘምልኸካ ፈጣርየይ፤ ዝፈትወካ ኣቦይ፤ ዘኽብረካ ንጉሰይ ስለ ዝኾንካ ኢየ። ከይፈጠሩ ዝምለኹ፤ ከይወለዱ ኣቦይ ዝበሃሉ፤ ከይነገሱ ዝኽብሩ ጣኣታት ብዙሓት እንተኾኑ ውን ኣምልኾ ግን ኣምላኽ ንዝኾንካ ንዓኻ ጥራይ እዩ። ፈጣርየይ ንዘዳለኻዮ ኣብ ውህበት ገጽ ምድሪ ከምኡ ውን ንስኻ ብዝፈጠርካዮ ፍጥረት ዓለም ኮይኑ ዝዋግኣኒ፤ ንዓኻ ዘየኽብር ኣተሓሳስባ ኣሎ።

ንስኻ ዝፈጠርካዮ ዓለም ናይ ምስጋና ኣርእስቲ ኮነኒ። ሓጢኣትና ዝፈጠሮ ዓለም ድማ ኣድኪሙኒ። ጐይታየ ኣነ ካብ ዝፈጠርክዎ ናይ ርኽሰት ዓለም በጃኻ ኣድሕነኒ!

ክራኽቡ ከም ይሁዳ ምስዕዓም፤ ክፈላለዩ ከም ጴጥሮስ ምክሕሓድ ዓለም እዚ እዩ፤ ዓለም ኣነ ኢየ። ናይ ፍቕሩ ምኽንያት ፍቕሪ ኣይኮነን፤ ፍትወት፤ ገንዘብ፤ ስልጣን፤ መልክዕ፤ ወገን፤ ግዜ እዩ። ዓለም ብዘይካ ከምዚኣም ዝበሉ መቕበሪ ካልእ ምፍቃር ኣይትፈልጥን። ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ኣይጥቁምን [ኣይረቁሕን]፤ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዓለም እዚኣ እያ። ኣይፋል እንተ ኢላ ኣይትፈቱን፤ እንተ ደኺማ፤ ጸወታ እንተ

ዘይደሚቕ ደስ ኣይብላንን፤ ዓለም ጸጥታ ኣይትፈቱን። መንዮ ተረኛ እናበለት እትውድስ፤ ዝወደቕ ረጊጻ መሰንቆ እትሃርም ዓለም እዚኣ ኢያ። ካብ ዓለም ኣውጽኣኒ ጐይታየ! ካብ ገጽ ምድሪ ዘይኮነስ ካብ ባህርዩ፤ ካብ ተፈጥሮ ዘይኮነስ ሓጢኣት ሰብ ካብ ዝበከሎ መንነት ኣምላኸይ ኣውጽኣኒ! ቅድሚት ንቕድሚት የንብረለይ፤ ናይ ድሕሪት ንድሕሪት ይደርብየለይ፤ እትብል። መዓርን ዕረን ሓዋዊሳ እተኾልስ ዓለም እዚኣያ። ሓመድ ክበልዓልካ ኢላ ሓመድ እተብልዕ፤ ናይ ርህራሄ ቃል እምበር ናይ ርህራሄ ልቢ ዘይብላ፤ ንደጊኣ እምበር ንውሽጣ ዘይትጭነቕ ዓለም ጽልግልግ እዚኣ ኢያ። ነዛ ዓለም እዚኣ ብርሑቕ ክወቕሳ ኣብ ልበይ ረኽብክዋ።

ዓለም ናይ ሃገር ልብሲ ዝለበሰት ኣብ ዝተፈልየ ስፍራ (ቦታ) ዝተቐመጠት ወይዘሮ ሰበይቲ ኣይኮነትን። ዓለም መንበሪኣ ልቢ ሰብ እዩ። ብጾታ ጓል ኣንስተይቲ እኳ እንተ ተጸውዐት ገዛኢት ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ኢያ። ንናትኩም ብሓደ፤ ንናተይ ብውልቀይ፤ ንንብረትኩም ብጥንቃቐ ይሕልዎ ኣለኹ፤ ንብረተይ ግን ምሃብ ኣይፈቱን እትብል ዓለም እዚ ኢያ። ድግስ እንተ ሃልዩ ክመጽእ'የ፤ ስጋ እንተ ሃልዩ ድራር ምሳኻ እየ፤ እንተ ዘይ ሃልዩ ኸ እንታይ ትሰርሓለይ? እትብል ዓለም ናተይ ልቢ ኢያ። ብዱቕ ተጀሚሩ ብቐራር፤ ብብዙሕ ተጀሚሩ ብዓቕን፤ ብጽራይ ተጀሚሩ ብሓተላ ዝፍጸመላ ዓለም! ልቢ ዘይረኣየላ ላዕሊ ላዕሊ ናይ ስኒ ጸወታ ናይ ጽባቐ ኣለባብሳ ደረጃ ዝድነቐላ መንነታ ዘይፍለጥ ዓለም ምስ ጸሊም ሰብ ጸሊም፤ ምስ ቀይሕ ሰብ ቀይሕ ምኽን እዚ'ዩ ናይ ዘሳጉጉ ጠባይ! እዚኣ ያ ዓለም! ዓለም ኣነ እየ፤ በጃኻ ፈውሰኒ!

ህያብ ምዱብ ዝኾና፤ ልቓሕ እምበር ጸጋ ዘይፍለጠላ፤ ብማንካ ሂቡ ብባዴላ ምቕባል ዝበሃለላ ኣብ በቢ ዕለቱ ዘላ ዓለም እዚኣ ኢያ። ዓለም ኣነ ኢየ በጃኻ ፈውሰኒ! ሓደ ሰብ ክልተ ዝኾነላ፤ ናይ ገዛን ናይ ኣደባባይን ዝተፈልያ፤ ናይ ልብን ኣፍን ኣንጻር ዝኾና ዓለም እዚኣ ኢያ። ንዝሃበ ምስሓቕ፤ ቁመንኡ ምስ ዝጸበቐ ሰብ ጎይኻ ምልጋብ፤ ንህቡብ (ንበዓል ዝና) ምንጭብጫብ፤ ብሸቱ ቅብኣ መንግስቲ እትነግስ ናይ ዝሙት ንግስቲ፤ መመላኽዒ እተምልኽ፤ ትዕዝብቲ ዝበልዓ ዓለም እዚኣ ኢያ። ኣብ ርሑቕ መሲልኒ ክኹንና ኣብ ውሽጠይ ረኺበያ። ዘይተረድኣ <<**ኣሃ**>> እትብል ንሃብታማት ፍሽኽታ ዝተመልኦት፤ ሓዚና ዘይኮነስ ንልቓሕ እተልቅስ፤ ረኣዩኒ እናበለት ንዝሓዘነ እተውርድ ዓለም እዚኣ ኢያ፤ ዓለም ኣነ ኢየ።

ንርእሰይ ተዓዘብኩ፤ ምስዓምካ ናይ ዝቐደመ ልቕሶኻ ናይ ዝቐደመ ሰሓቕካ ናይ ዝቐደመ ሓቂ ድዩ? ኢሉ መንፈስካ ምስ ሓተተኒ ሓሶት ምኺኑ ኣመንኩ። ካብ መንፈስካ ናበይ ክሃድም? ኣብ ውሽጣ ኮይነ ዓለም ኣይተረኣየትንን፤ ውጽእ ምስ በልኩ ንዓለም ረኣኽዋ። ዓለም ቀምሸይ፤ ዓለም ናይ ውሽጢ ክዳነይ ኮይና ረኺበያ።

ዘይቅንዕቲ ጸላኢት ሓቂ፤ ከሳሲት ንጽድቂ ናይ ፍትወት ምርኽቲ፤ ኣምላኺት ምቾት፤ ናይ ድሙ ጠባይ፤ ፈተውቲ ተጠፍኡ ምስ ጸላእቲ ምንቅልዋጥ፤ ኵሉ ግዜ ኣማራጽ ትደሊ፤ ክሳብ ትዕወት ይፈትወካ'የ ምስ ተዓወተት ስምካ መን'ዩ? እትብል ሕስርቲ፤ ነውራም፤ ብላሽ፤ ኣስተማቓሪ ዓለም ኣረ ጐይታየ ኣነ ኢየ። ንዝተሾሙ ኣበርቲዐ ሰጋዲ፤ ኣብ መሬት ተመላለሱለይ በሃሊ፤ ንበይኖም ምስዝኾኑ መን'ዩ ወዲቑ ዘርእየኒ እትብል ዓለም እዚኣ ኢያ፤ ዓለም ኣነ ኢየ። ናይ ኩርዓት ዓዲ፤ ናይ ዓሌት ቆጸራ፤ ጽሩይ ደም ከም እኒ ኣፍተውራሪ ከም እኒ ደጃት ሰላምታ መርዓ ናይ ርእሰ ፍትወት ቦታ፤ ሕሱር እምነት፤ ፍቕሪ ዘይብላ ዓለም ደሊላ! ዓለም ደላሊት! ወይ ኣነ ዓለም ኣነ ኢየ፤ በጃኻ ኣድሕነኒ! ክጠቕመኒ'ዩ ወይ ክጎድኣኒ ኢላ እምበር ክፈትዎ'የ ኢላ ዘይትሰርሕ፤ ናይ ሕኽኽለይ ክሓከልካ ውድእቲ ዓለም እዚኣ ኢያ። እረ ዓለም ኣነ ኢየ።

ስለይ ክትሰምዕ ዝግብኣካ ጐይታየ! ካብ መዓንጣይ ንላዕሊ ታቦት ካብ መዓንጣይ ንታሕቲ ጣኦት ንዝኾነ መንነተይ ይነግረካ ኣለኹ። ኣብ ግብጽን ከንኣንን ዝነብሮ ተመሳሳሊ፤ ናይ ዓለምን ቤተ ክርስትያንን ዶብ ንዝኾንኩ ኣነ ተመልከተኒ። ገዛ ንበዓል ገዛ ይግባእ፤ ገዛ ሰብነተይ ነዓኻ ይግባእ። ዓለም ትውጻእ፤ ንስኻ እቶ፤ ጸልማት ይሰነፍ ፤ ጽድቂ ይንገስ ! ናይ ሃገረይ ምርባሽ እገሌ'ዩ ምኽንያቱ ናይ ሓዳረይ ምፍራስ ጠንቂ ናይ እገሌ እዩ። ናይ ዓርኩ ምፍራስ በደሉ ናይ እገሌ ይብል ኣለኹ፤ እገሌ እዩ፤ እገሌ ብምባል ነውጹ ደው ከይበለ ኣነ ኢየ ኢለ ነብሰይ ይድርቢ ኣለኹ፤ መንነተይ የዋርድ ኣለኹ በጃኻ ይቕረ በለለይ!

ምዕራፍ ክልተ

ተግሳጽ

ብናይ እግዚኣብሔር ፍቐሪ ሰላም እብለኩም ኣለኹ። ኣቐዲሙ መራሒ ፕሮግራም ብዛዕባ ብጽእናይ ብዙሕ ነጊርኩም። ብወገነይ ምስ ሰማዕኩ ደንጊጸ ኣለኹ። ዝደንገጽኩ ካባይ ንላዕሊ ንዓይ ይፈልጥ ብምኽኑን ነዚ ምስተዛረበ ብዘይ ምድንጋጹ ኣደንጊጹኒ። ንትበርር መኪና ትበርር እንተገጢማታ ሓደጋኡ ልዑል እዩ። ሓደጋኡ ንኽቕንስ ኣነ ክዝሕል ከምዘለኒ ተረዲአ። ከም ደራፋይ እናተቐባበልና ምውድዳስ ባዶ ሰባት ከምዝገበረና ኣስተውዒለ ኣለኹ። ብጽእና እንተዝነብረኒ ኣይምፈራህኩን፤ ግዚኡ ናተይ እንተዝኸውን ኣይምተደናገጽኩን፤ እዚ ኣውደ ምህረት ገዛይ እንተዝኸውን ኣይምተሸቖረርኩን ኔረ። ብስም እግዚኣብሔር ተኣኪብና ንሕና ንከሓሓስ። ብምግባር ዝሰኣናዮ ብጽእና ብደለልቲ ንምምጻእ ንጭነቕ። ብዛዕባይ ተዛረቡ እናበልና ንጋብዝ። ንዓይ ጽሓፉኒ እናበልና ጉቦ ንህብ። ብልብና ይንቀሎ እናበልና ብኣፍና የንብሮ ንብል። ከብድና ንምምላእ ሕሊናና ባዶ ንገብሮ። ገዳዲ ከይመጽኣና ብጥበራ ተመሊእና ንዋዘ። እንጌራ እንበልዕ << ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና >> ኢልና ብእንልምኖ ኣምላኽ ዘይኮነስ ዘይረስሐ ክዳኖም ብእነራግፈሎም ሰናይ ኣቦታት ይመስለና። ድያብሎስ ናይ እግዚኣብሔር ክብሪ ይግብኣኒ እዩ ክብል ወዲቑ። ይግብኣካዩ ዝበሉ ኣጋንንቲ ተባሂሎም ወደቑ። ሎሚ ውን ኣብ ማእከልና ናይ እግዚኣብሔር ክብሪ ዝደሊ እንተ ሃልዩ ከምኡ ውን ናይ እግዚኣብሔር ክብሪ ንፍጡር ዝህብ ሰብ እንተ ሃልዩ መዓልቦ (መዕለቢ) ኣብዘይብሉ ገደል ምውዳቕና እዩ። ከምኡ ውን ድያብሎስን ኣጋንንትን ምኽና እዩ።

ኣብ ኣደባባይ ቅዱስ ንዝበልናዮ ኣብ ገዛና ርኹስ ንብሎ። ሕሊናና ናይ ደገን ናይ ገዛን ክዳን ዲዩ ዘለዎ? ቅዱስን ርኹስን በሉ ዝብለና ሕጊ የለን። ንሰብ ሰብ ምስ እንብል ጥራይ ኣይምተጎዳእናን ኣይምጎዳእናን ኔርና። ኣነን መሰልተይን እንተኾና ከይወለድና ኣቦ ምባልና፤ ናይ ከረን ስብከት እናቐየርና ንምንታይ ብጹኣን ክንበሃል መሪጽና? ቅዱስ ሰብ እንተረኽብና እኳ ናይ ሰብ ቅድስና ክረክስ ይኽእል'ዮ'ሞ ጽቡቕ ባህርዩ ንኸይልወጥ ክንጽልየሉ ይግባኣና። ቅዱስ ኮይኑ ንዝነብር ጐይታ ድማ ክነኽብሮ የድልየና።

ሰባት ቅዱስ ስለ ዝበሉና ቅዱስ ኣይንኸውንን ርኹስ ስለ ዝበሉና ርኹስ ኣይንኸውንን። እንኮኖ ዝኾናዮ ጥራይ'ዩ። ስራሕ እንተዝህልወና ንስም ኣይምተጨነቐናን ኔርና። ከንቱ ሰብ ካብ ሕቂ ዝሰኣኖ ርጉጽነት ኣብ ደራፋይ ኣብ ደብተራ ክረኽቦ ይደሊ። ሎሚ ንዝተነግረለይ ዓቢ ምስጋና ዝቃወሞ ጽባሕ ንዝንገረለይ ዓቢ ርግማን ንምርሓቐ እዩ። ቅድም እዚ ሓውና ንዘይብለይ ካብ ካልኦት እናተለቅሐ ክህበኒ ከሎ ልበይ ደስ ደስ ይብሎ ኔሩ። ከንቱ ኢየ'ሞ ዎ እግዚኣብሔር ይቕረ በለለይ። ንኽንቱነት ዝተገዝኣ፤ ንባዕልኻ ፈጢርካዮ ንኽምኡ ዝበሉ ድኹማት ንዘምልኽ ሓወይ ውን ይቕረ በለሉ።

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ኣደባባይ ነዓና ከይገደፈልና ኣይተረፈን። ቤት ኣቦይ'ዩ እንተዝብለና ኔሩ ብጨግራፍ እንወጽእ ክንደይ ኢና ኔርና። ግን ኣይጠራጠርን። እቲ ጨግራፍ ዝተፈተነ ስለ ዝኾነ ገዝኡ የጽሪ። ንሱ ናይ ሸየጥትን ለወጥትን ሳንዱቐ ገልበጦ። ሎሚ ውን ሸየጥትን ለወጥትን እንህለና ኣብ እግሪ ጨግራፍ ተቐሚጥና። ብቐኔን ብምስጋናን ምልክታ ዘቐርቡ በዚሉም። ንቐኔኡም ጽቡቕ ቦታ ይወሃቦም ምባል ውን በዚሉ። እዚ ናይ ሸየጥትን ለወጥትን ወንበር እዩ። ከም ሃማ ዘይሰገዱልና መርዶክዮሳት ንምስቃል እናተጓየና ኢና። ናይ ፍርዲ ኣምላኽ ግን እቲ ዕንጨቲ ናባና ከይገብሮ ይቕሬትኡ ይልምን ኣለኹ።

ንስኻትኩም ምእመናን ከ እንታይ ክትርእዩ መጺእኩም?

ቁመንኡም ደስ ዘብል ሰበኽቲ?

ካብኡም ንላዕሊ ዝጽብቑ ስፖርተኛታት ኣለውልኩም። እንታይ ክትሪኡ ደኣ መጻእኩም? ንዘጻረፉ ኣገልገልቲ? ካብኡም ዝሕሹ ነግራማት ኣብ በቢዓዱ ኣለውልኩም። ክሳብ መዓስ በድንኹም (ስጋኹም) ንቤተ ክርስትያን መንፈስኩም (ህያውነትኩም) ንዓለም ሂብኩም ትነብሩ ኣለኹም? ከይሰማዕኩም ዕልል ትብሉ ኣለኹም። ናብዚ ዘይመጹ ሰባት ምስ ዝጽረፉ ተንጨብጭቡ። እትሰምዑ ንዘይመጹ ሰባት እዩ? መቕረጺ ድምጺ(recording)ካባኹም ንላዕሊ ንዝሰምዕዎ ደጊሞም ይዛረቡ። ግን ካብ መቕረጺ ድምጺ ዓብዮም ሰብ ክኾኑ ኣይረኣዩን። እተንጨብጭቡ ንቓሉ እዩ? ቃሉ ፈጻሚ እምበር ኣንጨብጫቢ ኣይደልን። ብቓሉ ኣይትዓብዩን

ብፋሽን ትዓብዩ ኣለኹም። እዚ ንእግዚኣብሔር የሕዝኖ እዩ። ሎሚ ከማን ንቤተ ክርስትያን ዝመጻእኩም ናይ እምነት ፈኽራ ሒዝኩም እምበር ሰሚዑ ንኽድሕን ኣይኮነን። መንእሰይ ጌታ ህሩይ ወልደ ስላሴ ንደቆም ኣብ ዝጸሓፍዎ ምኽሪ ዝተዛረብዎ ይዝክር፡-

<<**ወደይ**፤ ንዓይ ነቦኻ ከም ዝመስለኒ ካብ ኩሉ ሃይማኖት ዝበልጽ ክርስትና እዩ። ካብ ኩሉ መጻሕፍቲ ውን ወንጌል ትበልጽ። እዚ ክብል ከለኹ ንስኻ ብወንጌል ተማሂርካ ክርስትያን ኮይንካ ንኽትነብር ኢለ'የ እምበር ናተይ ሃይማኖት ይበልጽ፤ ናተይ መጽሓፍ ወንጌል ትበልጽ እናበልካ ክርክር ምስ ዝፈትዉ ሰባት ንኽትከራኸር ኢለ ኣይኮንኩን።>> እዚ ምኽሪ ናትና ምኽሪ ኣይኮነን?

ካልኣይ ውን ካብ ናይ ዮሃንስ ኣፈወርቂ ተግሳጽ ክጠቕሰልኩም። ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከምዚ ከም ናይ ሎሚ ዝበለ ወለዶ ገጢምዎ ከምዚ ክብል ተዛረበ፡- <<ካብዚኣም ክርስትያን ዝተባህሉ ሓደ ኣሞጽ መን'ዩ? ኣብድዩስ መን'ዩ? ወይ ከኣ ክንደይ ነብያት ክንደይ ሃዋርያት ኔሮም ኢልኩም እንተ ትሓትዎም ከም በሃም (ዓባስ) ስቕ ይብሉ እንተኾነ ግን ብናይ መከላኸሊ ፈረስ ቀዳማይ በዓል መን ኢዮም? እገሌ ትያትር (ድራማ) እንታይ ይብል? ኢልኩም እንተትሓትዎም ብፍሉይ ኣገላልጻ፤ መልሲ ይህብ።>> በለ። ሎሚ ውን ስለ ፊልም፤ ስለ ኩዕሶ ስለ ጽባቕ ውድድር ብዙሕ ንምዝራብ ውሽጥኹም ምሉእ እዩ። ስለ ዘድሓነኩም ጐይታን ሕይወት ስለ ዝህብ ቃሉን ግን ኣይትፈልጡን ኢኹም ። ንምንታ'ዩ ነዚ መሃይም ኮይንኩም ንቃል ጐይታ በላሕቲ ዘይትኾኑ! ናይዚ ፍልጠትኩም ኣይኮነን ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ውን ኣይጠቕመኩምን። ኩሉ ስለ ዝሰማምዓኩም እግረም ኣለኹ። ንመዝሙር ዘድነቕ ኣፍኩም ደርፊ ተድንቕሉ ኣለኹም። ንጠንቋሊ እናሰገድኩም ትሃንጹ ኣለኹም። መልክዕ ዘይብሉ ሓጢኣትና መልክዕ ዘይብሉ መከራ ጋቢዙልና'ዩ ብጣዕሚ ኢና ነሐዝን።

ንስኻትኩም ሰበኽቲ ምሉእ መዓልቲ ከተውርዩ እትውዕሉ ከንቱ ነገር'ዩ። ናይ ስብከት ሰዓትኩም ምስ በጽሐ ትልወጡ(ትቕየሩ) በዓል ክልተ ዝኣፉ ሽጉጥ መሳርያ ምኻንኩም ኣይትፈልጡን? ብሓቂ ንክርስቶስ ትፈትውዎ ኢኹም? ኣጽኒዕኩም እምበር ነቢርኩም (ብናብራኹም) ምዝራብ ኣይኮነልኩምን። እንተዘጽንዕዎ ግን ናይ ፖለቲካ ሰባት ካባኹም ንላዕሊ ክዛረቡ ምኽኣሉ ኔሮም። ክርስትና ግን ሕይወት

እምበር ፖለቲካ ኣይኮነንየ እሞ ነቢርና ክንዛረቦ ይግብኣና። ኣድጊ ንዘይትበልዖ መዓር ከተመላልስ ትነብር። ሰባት ዝሃብዋ ይመስሉ <<ንኣድጊ መዓር ኣይጥዕማን>> ይብሉ። ንስኻትኩም ከኣ ብጉድለትኩም ዝግስጸኩም ጠፊኡ ንኣድጊ መዓር ኣይጥዕማን ኢልና ተቐሚጥና። ንቓላትና እምበር ስራሕና ኣይትርኣዩ እናበልኩም ንጉድለትኩም ትጠቕሱ ኣለኹም። ጐይታ እዚ ዝበሎ ንጸሓፍትን ንፈሪሳውያንን እዩ። ንዓኹም ንናይ ጸጋ ወንጌል ሰበኽቲ ከኣ'ሞ፡- <<ንሕና ኩላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ክብሪ ጐይታ ከም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፤ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።(2ይ ቆረ. 3፥18) እዩ ተባሂልልና። ካልኣይ ከኣ፡- <<ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገርኹም መራሕትኹም ዘክርዎም ፤ መወዳእታ ንብረቶም እናተቐመትኩም ኣስኣሰር እምነቶም ሰዓቡ>> (እብ.13፥7) እዩ ተባሂልልና። ንስኻትኩም ውን ኣቱም ዘመርቲ እትዝምሩ ካብ ውሽጥኹም ዝማሬ ፈሊቕ እዩ ወይስ ድምጺ ኣለና ኢልኩም ኢኹም? እትዝምሩ ብመንፈስ እዩ ወይስ ብናይ ደገፍቲ እምባጋሮ እዩ? ውሽጥኹም ዝማሬ ካብዘይ ሃለዎ ስቕ ክትብሉ ይሕሸኩም። ተዘይ ኮይኑ ዝማሬኹም ናይ ደርፊ ቅያር እምበር ፈዋሲ ኣይከውንን። ንሰብ ከም እትዝምሩ ንሰብ ደስ ዘብልን ዕዳጋ ዝስሕብ ዝበሃል ዝማሬ ኣቕሪብኩም ዶ ይኸውን? ብዘይ ገንዘብስ ናይ ምዝማር ድፍረት ኣለኩም? ዝማሬታትኩም ብብዝሒ ንመርዓት ኣባሪሩ ንተጀሃርቲ ዝሓቐፈ ከይከውን እግዚኣብሔር ይርዳእኩም።

ፍትዋተይ! ንዓኹም ንምሕጓስ ንሓቂ ኣይሓብእንየ እሞ ስምዑ። ንምንታይ መጺእኩም? ሎሚ ስለዘጨነቕትኩም ንሎሚ ምርሳዕ ድዩ? ንስብከት እትደልይዎ ከም ሕማም መዐገሲ ከኒና ድዩ? እግዚኣብሔር ግን ናይ ዘልኣለም ሕይወት እዩ ንምንታይ ናይ ዘልኣለም ሕይወት ኣይትደልዩን? ካብ መዐገሲ ሕማም ፈውሲ ኣይሕሸኩምን? እግዚኣብሔር ነዓይን ንዓኹምን ይርድኣና። ተንሲእና ብምጽላይ ናይ ዕለቱ መርሃ ግብር ክንፍጽም ኢና። ከነምልኾ መ ታን ንዝፈጠረና ጐይታ ክብርን ምስጋናን ይኹኖ!

ምዕራፍ ሰለስተ

ናይ ጥሜት ዘመን

<<ከተምኡ ዱር(ጫካ)፤ ገዛ ህዝቢ ከኣ እናፈራረሰ፤ እቲ ዓዲ ዘይማዕበለ እዩ። ቅድም ውን እንተኾነ ናይ ነገስታት ገዛ ቀጽሩ ናይ ምኩራት ዝመልክዐ ውሽጡ ውን ብወርቂ ዝተለበጠ እዩ። ንህዝቢ ዝነብሩ ዘይኮኑስ ህዝቢ ዝነብረሎም ዓለም ጸጊባ`ያ። መደብ መንግስቲ እግዚኣብሔር ግን ሓደ ስለ ብዙሓት መስዋእቲ ንክኸውን እዩ>> እናበለ ንናይ ሰማርያ ምድሪ ይስንጥቕ። ዓርኪ ኣብ ጎኑ ኣይነበሮን። ሕሊና ግን ምስኡ ይዘራረብ ኔሩ። ጫካ ጸጥ በለ። ሕልና ግን ጸጥ ኣይብልን። ደቀ መዝሙር የብሉን ባዕሉ ግን ንመንግስቲ እግዚኣብሔር ትርፊ እዩ። ሕሊና በሓንቲ ግዜ ብዙሕ ሓሳባት የእንግድ ። ሕሊና ዝሓስቦ ነገር ኩሉ ዝኸውን እንተዝኸውን ኔሩ ሰብ ወይ መልኣኽ ወይ ሰይጣን ምኾነ ኔሩ። ሓሳብ እግዚኣብሔር ግን ኣብ መወዳእታ ይጸንዕ።

<<ኣነ ዝነብሮ ንኽብሪ ሰብ፤ ንጥቕሚ ስጋ፤ ንኣንነት ንኽብረት፤ ርእሶም ብዘይፈልጡ ብዙሓት ንኽኽበብ ኣይኮነን። ካብ ክብሪ ሰብ ናይ እግዚኣብሔር ክብሪ፤ ካብ ጥቕሚ ስጋ ናይ ነፍሲ ዋጋ፤ ካብ ናይ ኣንነት ክብረት ናይ መንፈስ ቅዱስ ደስታ፤ ካብ ናይ ህዝቢ ምኽባብ ናይ ሓቂ ወገንነት ይሓይሽ። ኣነ ናይ እግዚኣብሔር ኢየ፤ እግዚኣብሔር ከኣ ናተይ እዩ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ዝናፍቕ ኩሉ ዓርኩ ኢየ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ደርብዩ ንኽብሩ ዝነብር ግን ኣነ ከቢድ ናይ ብረት ሰኽም፤ ዘይስተ ዝተዘርገ ሓሬት ኢየ። እወ ብዙሓት ንሓሶት ናይ ናብራ ቅጥዒ(መምርሒ) ጌሮማ ኢዮም። ንናይ ሓሶት ጽጋብ፤ ንናይ ሓቂ ጥሜት ግን እግዚኣብሔር ይፈልጦ እዩ። ንሓቂ ዋጋ እናኸፈልኩ እምበር ንሓቂ እናሰዋእኩ ኣይነብርን። እንተኾነ ውን ሓቂ የሰንፍ እዩ ክብል ከኣ እግዚኣብሔር ዘይብሉ ሓቂ የሰንፍ እዩ ኣይብልን። ልዝብቲ መልሓሰይ ደረቕ ሓቂ ኣፍልጢ።>>

<<ህዝቢ ናይ ውግእ መሳርያ ንዝሓዘ ዋርድያ ይፈርሕ፤ ዋርድያ ውን ፈሪሑ ናይ ውግእ መሳርያ ሒዙ ከምዘሎስ መን ይፈልጥ? ኩሉ ፈራሒ፤ ኩሉ ውን ንነብሲ ፈራሒ! ኣነ ግን ንእግዚኣብሔር ምፍራሕ ክሳብ ዝጅምር ብዙሓት ነገራት የፍርሑኒ ነበሩ። ሕጂ ግን ዘፍርሓኒ እግዚእብሄር ስለ ዝኾነ ንማንም እይፈርሕን። ንጉስ ውን

እንተኾነ ንእትመውት ስጋይ ክቐትል እምበር እምነተይን ህይወተይን ክቐትል ኣይክእልን። እምነተይ ኣምላኽ እስራኤል ሓደ እግዚኣብሔር እዩ ህይወተይ ውን ኣብ ሰማይ እዩ። እናበለ መገዱ ይጓዓዝ። ብሕቐኡ ኣብ መሬት ደቂሱ። ክዳኑ ሓመድ መሰለ። ካብ ጽባቐ ፍጹም ርሒቑ። ብፍቕዱ ድኻ ኮይኑ። ኣብ ዓለም ኮይኑ ንዓለም መኒኑ። ጭሕሙ ኣብ ኣብ ኣፍልቡ ተጎዝጒዙ። ጸጉሩ ውን ኣይፈተዎን። ካባ ኣብ መንኩቡ፤ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕሉል መጻሕፍታት ኣብ ጉያኡ ይረኣይዎ። ኣብ ኢዱ ውን በትሪ ዝሓዘ እዩ። ቅንኣት ኣብ ውሽጡ ህርመት ይገብር። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ቀንኣ። ንእግዚኣብሔር ኣብ ዙፋኑ እናረኣየ ንንጉስ ገሰጾ፤ በረኸት ጠሉን፤ ዝናመ ምሕረቱን እናረኣየ ንህዝቡ ተዓዘበ፤ ከምኡ ድማ ብልቡ <<ናይ መራሒ ጥፍኣት ናይ ስልጣኑ ዝኣክል ሰፊሕ እዩ። ናይ መራሒ ንእሽተይ ስሕተት ከም ዓቕሙ መጠን ሰፊሕ እዩ። ህዝቢ ንንጉስ ወላኻ እንተዘይፈተዎ ናይ ሓሳቡ ተኸታሊ እዩ። ናይ ንጉስ ራእይ እኳ እንተ ተቓወመ ብተግባር ግን ይነብሮ። ንጉስ ጣኦት ዘምልኽ እንተኮይኑ ህዝቢ ከኣ ንእግዚኣብሔር ይኽሕድ። ንጉስ ዓሌተኛ እንተኾይኑ ህዝቢ ይጨፋጨፍ። ተዋግኣይ ንጉስ ኣብ ዘለዎ ዘመን ህጻናት ከማን ብዕንጨቲ መሳርያ ሰሪሑም ይትኩሱ። ተዛራባይ ንጉስ ኣብ ዘለዎ ዘመን ኩሉ ሰብ <<ንዘራረብ>> ይብል። ንጉስ እንተተመሊሱ እግዚኣብሔር ቀልጢፉ <<ይሰምዖ>> እንዳበለ ክሓስብ ኣብ ሰኬም ቤተ መንግስት ኣብ ኣፈት ንጉስ እስራኤል በጽሐ።

ኪኖ እቲ ቤተ መንግስቲ እንተረኣየ <<ነገስታት ኣብ ነፍስ ወከፍ ውሳኔኡም ብድሕሪኡም ኣማኸርትን ኣንስቶምን ኣለዉ። ከም ህጻን ቆልዓ ከኣ ዝተኸልከልዎ ምግባር ዮም ዝፈትዉ። ንኣክኣብ ሰበይቱ መስሓቲት ኤልዛቤል ውን ዋና ተዋሳኢት ኢያ። ካብ ቃል እግዚኣብሔር ንላዕሊ ቃል ሰበይትኻ ምስማዕ ካብ ኣዳም ዝጀመረ ናይ ወዲ ምርገም እዩ>> በለ። ናይ ቤት መንግስቲ ዋርድያ ኢድ ይነስእሉ ከም ዘለዉ ዝፈለጠ ካብ ሓሳቡ ምስ ተመልሰ እዩ። <<ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ነብዩ ኤልያስ ሰላም ንዓኻ ይኹን>> በልዎ። ኤልያስ ከኣ <<ነዓይስ ሰላም ሰቢኽኩም ሰላምኩም ግን ንዓኹምከ ተሪፍኩም ድዩ ንዓይ ዝሃብኩምኒ? ወይስ ጸጥታ ንምቕያር ኢልኩም ኢኹም? ሰላም ዘይብሉ ሰላም እንተበለ ሰላምትኡ ሕይወት የብሉን። ጽጋብ እንከለኩም ንምንታይ ጥሜት ትመርጹ ኣለኹም? ንምንታይ ኣዛዚ ሰላም ንዝኾነ እግዚኣብሔር ኣይተምልኹን? ናይ ንጉስ ዋርድያ ምኳን ኣኹሪዕኩም ውልድነት እግዚኣብሔር እሞ ከመይ መዕረፈኩም ኔሩ። ክትጥቆሙ ከለኹም ከም ከልቢ ዘሊልካ ምንካስ፤ ናይ ነብስኹም ጽልእን ፍቕርን ከይነበረኩም ሙማት ብጣዕሚ

የሐዝን>> በሎም። ከም ልማዶም ኩሎም ስቕ በሉ። ኣብ ቅድሚ ሓቀኛ ከም ከብዱ ኣምላኹ በሃማት ኢዮም። ዋርድያ ቤተ መንግስቲ ንኤልያስ ነብዩ ይብልዎ ግን ኣይሰምዕዎን። ብርሑቕ የኽብርዎ ንናብርኡ ግን ኣይመስልዎን። ንናይ መዓት ቃሉ ይፈርሑ ግን ኣይምለሱን። እንተኾነ ውን ንኤልያስ የኽብርዎ። ከልቢ ዝነብሕ ተረፉ ዝበልዓሉ ለማኒ ክርኢ ከሎ እዩ። ዝኸበረሞ ንኽልቢ የኽብሮ እዩ።

ዓለም ዘሕገብግበላ ተዋርዶ። ንዝነዓቓ ግን ተኽብሮ። ኤልያስ ምስ ዓለም ጉዳይ ስለ ዘይብሉ ኩሉ የኽብሮ ኔሩ። ንውሻጠ ዘኽብር ሓሊፉ ኣብ ዙፋን ኣደራሹ ኣተወ። ንጉስ ዝወጻሉ ኣስካላ (መሳለል) እግዚኣብሔር ነበረ። ብእግዚኣብሔር በልጺጉ ሃብቲሙ ክንሱ ብዘይ እግዚኣብሔር ክበልዕ ደለየ። ናብ ዙፋን ንጉስ ቀረበ። ማንም ተመለስ ኣይበሎን። ኤልያስ በይኑ ናይ ሰማርያ ነብይ ከምዝኾነ ብቃሉን ብህይወቱን ኣመስከረ። ኤልያስ ግን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሰማይን ምድርን እግዚኣብሔር ከም ዝቕመ ይረኣዮ ነበረ። ኤልያስ ከኣ <<ኣብ ቅድሚኡ ዝቕምኩ ኣምላኽ እስራኤል ህያው ካብ ኣፈይ ቃል ተዘይኮይኑ በዘን ዓመታት ጠልን ዝናብን ኣይከውንን>> በሎ (1ይ ነገ.17፡1)። ኤልያስ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣክኣብ ቆይሙ ጌና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከምዝቕመ ኮይኑ ተሰምዖ። ናይ ቤተ መንግስቲ ግብረ ብልዒ ዝኾኑ ካህናት ኣብ ቅድሚ ኣክኣብ ዝቕሙ ኮይኑ ስለዝስምዖም ንንጉስ ይሸምግልዎ። ኤልያስ ግን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሰማይን ምድርን ከም ዝቕመ ስለዝስምዖ ንሓቂ ይዛረብ። ሓሰውቲ ነብያት ሰላም ከይኮነ ሰላም እዩ ይብሉ። ሓቀኛታት ድማ ቅጽዓት ከም ዘሎ ይጽውዑ። ንማንም ስጋ ለባሲ እዝኒ ዝምቅሮ ናይ ሓሰውቲ ቃለ በረኽት እዩ። እንተኾነ ግን ዝናብ ከም ዘይብሉ ደመና ነጎዳ ጌሩ ከም ዝብተን ናይ ዝናብ ፈኽራ እዩ። ወዲ ሰብ ጽቡቕ ከይ ሰርሐ ጽቡቕ ክኾነሉ ይጽበ። ጽቡቕ ከይሰርሐ ጽቡቕ ክንገረሉ ይደሊ። ጽቡቕ ነገር ግን ናይ ምንዮት ውጽኢት ዘይኮነስ ናይ ናብራ ውጽኢት እዩ። ኣብ ነገስታት ዝስራሕ መንፈስ ከም ቦትኡ ቀሊል መንፈስ ኣይኮነን። ሰባት ምስ ዝቕርብዎም ከመስግንዎም ምስ ዝርሕቅዎም ክረግምዎም ዝግበር እዩ። ንኤልያስ ግን እዚ መንፈስ እዚ ኣይገዝኦን። ንዓለም ከም ኣረጊት ጨርቂ ስለ ዝደርበያ።

ኤልያስ ንንጉስን ህዝብን ዝምልከት ቅጽዓት ከም ዝመጽእ ተዛረበ። ጠሊ ንበረኽት፤ ዝናብ ንዘርኢ ኣይከውንን በለ። ኤልያስ ብዝናብ ኣብቑሉ፤ ብጸሓይ ኣብሲሉ ዝምግብ እግዚኣብሔር ከመይ ተረሲዑ? ኢሉ ንሰማይን ምድርን ገዘተ።

ኤልያስ ናይ ነብይነት እጃመይ ተሪፉ ኢሉ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሔር መሰውኢ ፈሪሱ ብምባል ቀንኣ። ናይ ጥሜትን ጽምእን ዘመን መጸ።

ኣብ ምድሪ ሰማርያ ቀይሕ ኣጽለግለገ፤ እቲ ጸልማት ዘፍርሕ ኮነ። ጥሜት ድምጺ ዘይብሉ መሳርያ ናይ ሞት ዘርኢ እዩ። ጥሜት ዝወዳደሮ ዘይብሉ ፈላጥን ቆልዓ ዘይብል ንኹሉ ዘሰንፍ እዩ። ናይ ጥሜት ዘመን ኣምጽኡ ኣምጽኡ ይብል። ጥሜት ንዝተዓጽዉ መዓጹ ይኸፍት። ንኹሩዓት ዘረብኦም የጥፍኣሎም። ነጉባዝ የድክም፤ ንጽቡቓት የጸምሉ። ጥሜት ካብ ሰይፊ ይኸፍእ። ሰማርያ ንእግዚኣብሔር ስለዝገደፈት፤ በረኸት እግዚኣብሔር ክትስእን ኮነት።

እግዚኣብሔር ውን ንኤልያስ፦ ካብዚ ተንሲእካ ኣብ ምብራቕ ዮርዳኖስ ንዘሎ በዓቲ ኬድካ ብኹርዓት ተቐመጥ በሎ። ህዝቢ ክጠሚ ከሎ ኣብ ቅድሚ ንጉስ እኳ እንተኾነ ንኤልያስ ግን ክቐትሎ ይደሊ። ሰብ ብምኽንያት እገሌ ከምዚ ኮይነ እምበር ሓጢኣተይ ናብዚ ኣብቂዕኒ ስለ ዘይብል። ናብዚ ዘብቅዓና ኤልያስ እዩ ተባሂሉ ኣብ ሰማርያ ተወርየ። ካልኣይ ውን እግዚኣብሔር ንኤልያስ፦ ካብ ፈልፋሊ (ውሒዝ) ክትሰቲ ኢኻ ንኳኺት ውን ኣብኡ መታን ክምግቡኻ ኣዚዘዮም ኣለኹ>> ኤልያስ ውን ተኣዘዘ ኣብ የርዳኖስ ኣብ ዘሎ በዓቲ ብኹርዓት ተቐመጠ። ኳኻት ውን ንግሆን ምሸትን እንጌራን ስጋን የምጽእሉ ነበሩ። ካብ ዓይኒ ማይ ውን ይሰቲ ነበረ።

ኳኽ ብዘይእሙን ዩ ዝፍለጥ። ኳኽ ንመልእኽቲ ከምዘይበቅዕ ተፈሊጡ እዩ። ኳኹ ስጋ ብጣዕሚ ዩ ዝፈቱ። ካብ ኣፍ ኳኹ ስጋ ኣይጽበይን። እግዚኣብሔር እንተኣዚዙ ግን ዘይእመን ተኣማኒ ንፋሱ ውን ጽቡቕ ይኸውን። ካብ ንጽበዮ ተሪፉ ካብ ዘይንጽበዮ ወገን ጽቡቕ ነገር ምስ ዝግበረልና እዚ ኢድ እግዚኣብሔር እዩ። ዝበሰለ እንጌራን ዝተጠብሰ ስጋን ካበይ ምጺኡ? እግዚኣብሔር ንናይ ባዕሉ ዝኾኑ ሰባት ዝምግበሉ ናይ ባዕሉ መኣዲ ኣለዎ። ኤልያስ ከኣ ድሕሪ ምግቢ ምብልዑ ካብቲ ምንጪ ዝኾነ ማይ ይሰቲ። ናይ ሰማርያ ደርቂ እናረኣየ ክመጽእ ከሎ ናይቲ ውሒዝ ማይ ደረቐ። እግዚኣብሔር ከኣ ንኣገልጋሊኡ ሓሰበሉ።

<<ተንሲእካ ኣብ ጥቓ ሲዶና ናብ ዘላ ናብ ሰራጵታ ኪድ ኣብኡ ውን ተቐመጥ እንሆ ንኽትምግበካ ከኣ ሓንቲ ሰበይቲ ኣዚዘያ ኣለኹ >>በሎ።

ሰበይቲ ምኳንን ሓብቲ ምኳን ልዕሊ ኵሉ ኣደ ምኳን ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ጠባይ ፍሉይነት ኣለዎ። ጓልነት ሕልኽኛነት፤ ሓብቲ ምኳን ሓሳባዊ፤ ኣደነት መስዋእትነት ኣለዎ። ጓል ኣንስተይቲ ሰለስተ ኣገደስቲ ኣለውዋ። እዚኣም ተፈጥሮኣዊ ኢዮም። ሓደን ቀንድን ወለዳ፤ ካልኣይ ቀንዲ በዓል ቤታ፤ ሳልሳይ ቀንዲ ናብርኣ ይሰብሮ። ወለዳ ንሓንቲ ጓለይ፤ ነደይ መተካእታ እናበሉ ዝሓለፉ፤ በዓል ቤታ ከኣ ብፍቕሪ ሰኺሩ ምኽሪ ዝተፈልዮ፤ ናብርኣ ከኣ ሽግር ዘይሓለፎ ተኾይኑ ርህራሄ ይፍለያ። ናይ ሰራጵታ ኣደ ግን ሰለስቲኡም ቀንድታታ ዝተሰብሩ ኣደነታ ግን ዝጸበቐ ነበረ።

ናይ ኣደነታን ናይ ቍልዕነታን ፍቕሪ ናይ ጻዕሪ ዋጋ ዝተኸፍለሉ እዩ። ሰብ ብጣዕሚ ዝፈትዎ ብዙሕ ዋጋ ንዝኸፈለሉ እዩ። ኣደ ንኽትወልድ እተምጽኦ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ እዩ። ናይ ምዕባይ ጻዕሪ ግን ቀጻሊ እዩ። ንበዓል ቤታ ብሞት ንዘፋነወቶ መበለት ስራጵታ ሓደ ወዳ ናይ ዓይና መዕረፊ ናይ ልባ ተስፋ ነበረ። ሰበይቲ ሰብኣያ እንተ ሞይቱዋ ብዙሕ ነገራት ኢያ ተስተኣናግድ። ኣዝማድ ሰብኣያ ሓዘን ናይ ግሎም፤ ጉድኣት ናቶም ጥራይ ከም ዝኾነ ብንገር እናተናኸፉ ይነግርዋ። ጎረቢታ ይዳፈርዋ። ናይ ሰብኣያ ሓለፍቲ ንሓዳር ይምነይዋ። ኣብቲ ገዛ ውን ወድን ጓልን ምኳን የድክማ። ደቃ ሃብቲ ንምክፋል ሓልዮት ይስምዓ። ብእምነት ዝተጸለለት ሰበይቲ ግን እግዚኣብሔር ዘይፈርስ ሓዳር እዩ። ንሱ ብወገን ዝፈረሰ ሓጹር ምሉእ ኮይኑ ይቐውም።

ዓሰርተ ቆልዑ ተወሊዶምን ሓደ ቆልዓ ተወሊዱን ሓደ እዩ። ናይ ቆልዓ ነገር እግዚኣብሔር ምስ ዝባርኽ ጥራይ እዩ። እንተኾነ ውን ናይ ሓደ ምብልሻው ዘሐዝን እዩ። ምስ ዝባረኽ ድማ ሓደ ክንዲ ሽሕ እዩ። እዛ ሰበይቲ ጉልበታ እናደኸመ ወዳ እናጎበዘ እዩ። ወዳ ክሳዱ ከቕንዕ ከሎ ሰማርያ ብማዕበል ጥሜት እናተሃርመት ብዙሕ ጎበዝ ውን ይስበር ነበረ። ብልባ ከመይ ኢለ ይነብር ኣለኹ? ነዚ መዓልትስ ከመይ ኢለ ይሓልፎ ኣለኹ? ንጉስ ማይ ንምድላይ ኣብ ዝወጸሉ ዘመን ናተይ ገዛስ ናይ ጥሜት መዓልቲ ኣይኮነን? ትብል ነበረት። ኣብ ዘመን ኣቦታታ ንዝኾነ ኵሉ

ሓሰበት። እግዚኣብሔር መና እናውረደ ህዝቡ ከም ዝመገበን ናይ ብዙሕ ዘመን ናይ ጥሜት ሕቶኦም ብሓንቲ መዓልቲ ከም ዝመለሰ ሓሰበትን ናቶም ኣምላኽ ኣምላኽይ እዩ። ሰብ እምበር እግዚኣብሔር ኣይልወጥን እዩ። ጉልበቱ ውን ኣይደክምን እዩ። ንዝሞተ ነገር ሕይወት መሃብ ንዘየለ ውን ከም ዘሎ ጌሩ ክጽውዕ ይኽእል። ምጽጋንን ምፍጣርን ንዕኡ ኩሉ ዓቕሙ እዩ ኢላ ንእግዚኣብሔር ክትሓስብ በርትዐት።

ልቢ ናይ ባሕሪ ማይ ስለዝኾነ ይውህልል። ረጊኡ ኣይረአን። ውሽጣ ክሓታ ከሎ ልባ እንታይ ዝብላዕ ኣሎ? ኢሉ ሓተተ። ፈሪሕካ ካብ ሙማት ቆሪጽካ ሙማት ከም ዝሓይሽ ተሰምዓ። ናብ ውሻጠኣ ኣተወት። ኣብ ዘየለ መዓልቲ ናይ ውሻጠ ጸልማት ኣይጎድእን። ዕትሮኣን ሒዛ ናብ ደገ ወጸት። ጥራዩ ንብረት ስለዘይከብድ ብኽልቲኡ ኢዳ ሒዛ ንብርሃን ገጹ ገበረቶ። ኣብ ከፈራ ንጋፍ ሓርጭ ኣሎ። ሓንቲ እንጌራ ሰንኪታ መንፋሕቲ ዝውሰኽ እዩ። ዘይቲ'ውን ንመቕብኢ ይኣክል።

ሰበይቲ ውን ፈጣሪ ኣሎ፤ ኣምጺኣ ክስንክት ናቱ

በረኸቱ ውን ክጽበ ኢየ ኢላ ዕንጨይቲ ክትኣሪ ወጸት።

ዕንጨይቲ ከተልዕል ድፍእ ድፍእ እናበለት ኣንፈት ክትጸርግ ድምጺ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ተሰምዐ። <<ዝስተ ቁሩብ ማይ ብብኬሪ ከተምጽእለይ ይልምነኪ ኣለኹ>> በላ። ንሳ ከኣ ንነብሳ ከይ ሰስዐት ብእዙዝ መንፈስ ማይ ከተምጽኣሉ ኣብ ዝኸደት ግዜ ካልኣይ ነብይ ኤልያስ ጸውዓ፦ ቁራስ እንጌራ ኣብ ኢድኪ ሒዝኪ ክትመጽኒ ይልምነኪ ኣለኹ በላ። በዚ ግዜ 'ዚ ሓደ ስምዒት ፈንቀላ፦ ኣምላኽካ ህያው እግዚኣብሔር ኣብ ቆፎ ካብ ዘሎ ሕፍኒ ሓርጭ ኣብ ዕትሮ ካብ ዘሎ ውሑድ ዘይቲ ካልእ እንጌራ የብለይን እንሆ ውን ገዛ ኣትየ ንዓይን ንወደይን ክስንክቶ በሊዕናዮ ክንመውት ውሑድ ዕንጨይቲ ይእክብ ኣለኹ>> በለቶ። ውሽጣ ንናይ እግዚኣብሔር ሰብ ገለጸትሉ።

ኤልያስ ውን ናብ ገዝኣ ኣተወ። ናይ ጥሜት ዘመን ክሳብ ዝውዳእ እቲ ሓርጭ ካብ ቆፍኡ፤ እቲ ዘይቲ ውን ካብ ዕትሮኡ ኣይተወድአን። ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ብሕፍኒ ሓርጭን ብጽንቃቕ ዘይትን ምንባር ኣደናቒ እዩ። ገንዘብ ዘለዎም ሃብታማት ኣብ ዝጠመይሉ ዘመን ከም በዓል ኤልያስ ግን ኣይተሸገሩን። ገንዘብ ዋጋ ዝህልዎ ናይ እግዚኣብሔር በረኸት እኽልን ማይን ምስ ዝህሉ እዩ። ገንዘብ ንዘለና ነገር እምበር ንዘየለ ነገር ስለ ዘይገዝእ። ስራጽታዊት ሰበይቲ ከኣ ውዕለት እግዚኣብሔር ክትሓስብ ውሸጣ ተሓቑነ፤ መዓንጥኣ ላህልሀ። ናብዝን ናብትን እናተንቀሳቐሰት ምስጋና ጀመረት።

<<ጉልበት ዘለዎ ኣብ ዘንቀጥቅጠሉ ዘመን ንዓይ ጉልበት ኮይንካ ኣንቢርካኒ። ሰላም ዘለዎ መዓልቲ ዝፈርሑ ናብራ ኣብ ክፉእ መዓልቲ ኣንቢርካኒ። ከርታታ ናብራይ ለዊጥካ ንቤተይ ናይ በረኸት ምንጪ ገርካዮ። ሰብ ሓጊዝኒ፤ ዘመድ ደው ኣቢልኒ ጉድለተይ ንዘይመልእ ንስኻ ምስ ሓገዝካኒ ቆይመ። ኣብ ዘመን ጥሜት ዘጽገብካኒ፤ ኣብ ክፉእ መዓልቲ መጸግዒ ዝኾንካኒ ከመይ እጹብ ኢኻ! ብዝተወድአ በረኸት እተንብር፤ ኣብ ዝተፈጸመ ነገር እተጀምር፤ ንዘየለ ከም ዘሎ ገርካ እትቐጽር፤ ዝተቐረጸ ትንፋስ እተቐጽል፤ ብዘይ ደመና እተዝንብ፤ ብዘይ ጽድያ ፍረ እትህብ፤ ብዘይ ማዕጺድ እተዕጽድ፤ ብዘይ መጽለሊ እትምግብ፤ ብዘይ ክሽነ እተኾልስ ጐይታየ ብታሪኽይ ኣደባባይ ብህይወተይ ኣብ ገነት ስለ ዝራእኩኻ የመስግነካ ኣለኹ ሕጂ ውን ንናብራይ ዘይኮነስ ንዓኻ ንክፈርሕ ርድኣኒ። ንዓኻ ዝሓዘ በረኸቱ ዘይጎድል፤ ዓቕሙ ዘይደክም እዩ። መንበርየይ ንስኻ ናይ ዘልኣለም ኣምላኽ ኢኻ ተመስገን። ንዓይነይ ካብ ድኻ ምስ ዝገልጻ ብዙሓት ዝነበሩ ነገራት ስኢነዮም። ንስኻ ግን ብዘይ ሓልፍ ሕይወትን ሓይልን እትነብር ስለዝኾንካ የመስግነካ።

ብውዕለት እግዚኣብሔር ዝተተንከፈት ነፍሲ ትብሎ ስለ ዘይብላ ኣብ ገነት ቆይማ ምስጋና ጀመረት፡-

<<ንዓኻ ኣሚነ ምድሓን ኮይንለይ፤

ንቓልካ ሰሚዐ ፈውሲ በዝሓለይ።

ምግበይን መስተይን ኩሉ ግዜ ተንብር፤

ናይ ህይወተይ ምንጪ ብሓቂ ትምህር።

ንስኻ ኢኻ ጐይታ ንዓይ ዝፈተኻ፤

ሰላም በረኸት ደስታይ ዝኾንካ።

ንዓኻ ሪአ ካልእ ኣይርእን፤

ንዓኻ ረኺበ ካልእ ኣይምነን።

መጸናንዕየይ ዕረፍተይ ንስኻ ኢኻ፤

መነሰይ ኢለ የመስግነካ።>>

ኤልያስ ከኣ ነዚ መዝሙር እዚ ምስ ሰምዐ ኣነ ውን ናይ ምስጋና ዕዳ ኣሎኒ ኢሉ ኣብ ገነት ገዝኡ ወጸ፦

<<ዘይእመን ኳኾኡ ንዓይ ተኣመነለይ፤

ኣብ ዝደረቐ መሬት ማይ ኣፈልፈልካለይ።

ድኽምቲ ሰበይቲ ተሓዲሳ ኣገልጊላትኒ፤

በረኸት ከየጉደልካ ብዜሮ ኣንቢርካኒ።

ርእየካ ኣለኹ ንእትርእየኒ፤

የምልኸካ ኣለኹ ንዘይትሓድገኒ።>>

መዝሙር ቀጸለ ሰራዊት ሰማይ ናይ ዜማ ሽግ ወልዑ። ብዜሮ ንዘንብር ጐይታ ምስጋና ተቓልሐ!!

. . .

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ናይ ኣልባስጥሮስ ሽቱ

መጋረጃኣ ንእሽተይ ከፊታ ናብ ደገ ተቐልቀለት። ናይ ገዝኣ መጋረጃ ናይ ውሽጣ መሸፈኒ ኣይኮነን። ናይ ኣፈታ ማዕጾ መሸፈኒ እዩ። ብቐትሪ ይጋረድ። ምሸት ምስ ማዕጾ ብድርብ ይዕጾ። መጋረጃ ግን ገዛ እምበር ነውሪ ኣይሸፍንን። ሰበይቲ ንስራሓ ሓጋዚ ጸልማት ጥራይ እዩ ኔሩ። ስራሓ ኣብ ኣደባባይ ኮሪዓ ዘይትዛረብ፤ ዘሓስብ ልቓሕ ዘይትልቃሕ ነበረት። ብሓሳባ ካብ ደቡብ ክሳብ ስሜን ተስተንፍስ። ናይ ሓሳብ መንገደኛ ክስዕበኪ ኣይትበሃልን! ንሳ ውን ምሳይ ሓቢርኩም ኪዱ ኢላ ሰብ ኣይትጋብዝን። ልዕሊ ሓደ ሰብ ኣየቐምጥን፤ ናይ ሓሳብ ሰረገላ ክጎዓዝ ከሎ ኣይቋረጽን። ፍጥነቱ ውን ማንም ኣይቅድሞን። ሓሳብ ህጻን እዩ፤ ብቐጽበት ቤተ መንግስቲ ሰሪሑ ብቐጽበት ሜዳ ኩዕሶ ይገብሮ። ንሓሳብ ይምችኣ እዩ፤ ንእግሪ ግን ኣይምችኣን።

ጎደና ናይ እግዚኣብሂርን ናይ መንግስትን እዩ። ከይፈለየ ንኹሉ የአንግድ። ጭዋ ብዝሓለፈሉ በዓለገ ይሓልፈሉ። ካህን፤ ምእመን፤ ንጉስ፤ ወተሃደር፤ ሌዋዊ፤ ነጋዳይ፤ ሰበይቲ፤ ፈሪሳዊ . . . ኩሎም እናተደፋፍኡ ይሓልፍሉ። ቀዳማይ ተጎዓዚ ንእሽተይ ይወስድ እቲ ካልኣይ ድማ ጡብ ከም ዘግደፍዎ ህጻን ሃንደበት የቋርጾ ምሸት ከም ፈላጥ ህጻን ዝኾኑ ሰባት ብቀትሪ ንገዝኣ ከማን ንምርኣይ ተጸይፎም ከም ጋላቢ ፈረስ ቅድሚኣም ዘሎ ጎደና ጥራይ እናረኣዩ ይጥወዩ! ናይ ምሸት ጽሉላት፤ ናይ መዓልቲ ጭዋታት፤ ናይ ኣደባባይ መኳንንቲ! <<ወይ ጉድ>> በለት ሃንደበት። <<ቦትኡ ዘይስሕት ገንዘብ ጥራይ እዩ። ናይ ሓጢኣት ገንዘብ ሓጢኣት ተነጺፉ ይውዳእ>> ኢላ ሓሰበት። ብቐትሪ ንህዝቢ ብጉቦ ክዝርፉ፤ ክሰርቁ ውዒሎም ምሸት ምሳኣ ከምዝሰኽሩ ዘኪራ። ከምኡ ውን <<ዘይፈልጡና ሰባት ዘይፈልጥዎ ይዛረቡ። ዝፈልጠና እግዚኣብሂር ግን ካብ ክዳንን ካብ ገዛን ንላዕሊ ብሕታውነትና ሸፊኑ>> በለት። ካልኣይ ከኣ <<ነዓይ ንሓጢኣተኛ ናብዚ ጭውነት እዚ ዝገበረ ናይ ሰብ ፍርዲ እዩ። በይነይ ከም ዘመንዘርኩ ናይ ኣመንዝራነት ስም ኩሉ ዝተዋህበ ነዓይ እዩ። ኣየ ዓለም ናይ ድኻታት ሓጢኣት ትኹንን። ናይ ሃብታማት ሓጢኣት ግን ደራፋይ ኣቑጣ ትውድስ። ሃብታም ብዘረብኡ ምስ ዝወድቕ ኩሉ ሰብ ከምዚ ዝበለ ከምዚ ኽብል ስለ ዝደለየ እዩ ኢሉ የዐርየሉ። ድኻ ብቓሉ ምስ ዝጋገ ግን ኩሉ ሰብ ይስሕቕ፤ እገሌ ዝበሎ ኣይሰማዕካዮን እናበለ የዘንትወሉ። ሃብታም ኣብ መንገዲ ምስ ዝዕንቀፍ

ኩሉ ሰብ ናባይ ይኹን (ቅድሜኻ ይስጠሓኒ) ይብልዎ። ድኻ እንተ ወዲቑ ግን ከላ ንስኻ ከኣ ሞይትካ ምዕራፍ ምሓሸካ ኢሎም ይፈርድዎ። ዓለም ሓሳዊት! ፍርዲ ብዳኛ ጠፊኡ እናበለ ኩሉ ሰብ ይበሳጭ። ፍርዲ ካብ ሕልና ምጥፍኡ ግን ዝኾነ ትዝ ኣይብሎምን። ግደፈኒ በጃኻ ልበይ ከም ገደል ዓሚቑ ንኣውያተይ መሊሰ ክሰምዖ ሰልችይኒ። ኣብ እንዳ ሰብ ከይዱ ዝኾነ ዘምጽኣለይ ቆልዓ የብለይን። ከም ቆልዓ ኣብ ዝኾነ ገዛ እናኸድካ ኣይትበጽብጸኒ። ሓሳብ ናይ ልቕሶኻ ፍታሕ እሞ ውረደለይ። ንዓኻ ንኸደቅስ ኣነ ተንቀጥቂጠ ተወዲአ>> ብምባል ንርእሳ ድርብ ንብዓት ኣፍሰሰትሉ።

ቆልዓ ዝርከበሉ ኣብ ዝተኸልከለሉ ቦታ ኣይኮነን ድዩ? ሓሳብ ከኣ ቆልዓ ስለዝኾነ ሕጂ ውን ምሕሳብ ቀጸለት። ምስ ነብስኻ ምጽዋት ደስ እዩ ዝብል። ሰብ ክሳብ ዝርከብ መጻንሒ ይኸውን። ግን ጨካን ሰብ ይገብር። ንዝተዓደለ ምስ ነብኻ ካብ ምጽዋት ምስ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ምምኻር፤ ከምኡ ውን ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ምጽዋት ይሓይሸ። አረ ኣይትድከሚ ኮፍ በሊ ዝብላ ቆልዓ፤ ንምሳሕ ዝመጻ ሰብኣይ፤ እንታይ ኮይኑ ጠፊእኪ ዝብላ ጎረቤት፤ ቡን ክትሰቲ ትጽውዓ መሓዛ የብላን። ምሉእ መዓልቲ በሓሳብ ተንቀሳቐሰት ስራሕ ዝበዝሓ ምሸት ጥራይ እዩ። ናይ ጸልማት ዓማዊላ ይመጹ፤ እታ ለይቲ ምስቲ ሓደ ትሓልፋ። ጥራይ ምስታይ ግዲ እዩ። ሓደ ከኣ ዕዳግኣ እዩ። ካልኣይ ዘይፈልጥዎ ሰብ ንምፍታው ካብ መስተ ዝበለጸ ሓይሊ የለን። ኣብ ዝተረኽበሉ መዓልቲ ፋስጋ፤ ኣብ ዝተሳእነሉ መዓልቲ ጾም እዩ። ናይ ዝሙት ገንዘብ ውርሻ ኣይሓዝካ። እንተኣቐመጥዎ ውን መሊሱ ይቕጣዕ። ንመን ኢየ ዘቐምጦ? ክትብል ይገብረካ።

ናይ ሓለቓ ሚኢቲ እገሌ፤ ናይ ሻለቃ እገሌ፤ ክቡር ሰብ ኢዮም ዝብል ዝርርብ የስሕቓ። ዓበይቲ (ክቡራት) ዝበሃሉ ኩሎም ናታ ዓማዊል ኢዮም። ዓቢ(ክቡር) ንሳቶም እንተኮይኖም ዕብየት ተገልቢጡ ዝንበብ ፊደል ዶ ይኸውን? ንሰብ ብርሑቕ ክትሪኦ ከለኻ ክቡር እዩ ዝመስል። ምስ ትቑርቦ ግን ባዶ እዩ። ካብ ጽርግያ ምልስ ኢላ ኣብ ጎኒ ማዕጾኣ ንዘሎ መስትያት ተመልከተት። እንተሰሓቐት ይስሕቕ፤ ክትጻወት ይጻወት። ከም ዝኾነቶ ይኸውን እምበር ምስትኽኻል ኣይገብርን። ናይ ባዕሉ ሓሳብ ኣይህብን። ፍልጠት ዘይብሉ ሃብታም ማለት መስትያት እዩ። ነዊሕ ጊዜ ምስኡ ደው እንተ ኢላ ሰብነታ ህልም ኣቢላ ትርስዖ። መልክዓ ዝበሃል ነገር

ትርጉሙ ጠፊእዋ ዓሻ ትኸውን። መስትያት ብቕጽበት እኳ እንተዘይኮነ ጸኒሑ ግን ኣእምሮ ከይተንከፈ ኣይተርፍን። ኣጸቢቕካ ርእስኻ እትሪኣሉ እዚ እዩ! ኣጸቢቕም ምስ ዝሪእዎ ምልኩዕ ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ።

<<ኣብዚ ጥቓ መንገዲ ገዛ ክንደይ ኣሕሊፈ ክጸንዕ ዶ ይኸውን? ወይ ጉድ ንነብሲ ዘልቅስሉ ልቕሶ ለካ ኣይወጽእን? ንነብሰይ ዘልቅስ ዘለኹስ ብሕይወት ስለ ዘለኹ ዶኸ ኣይኮነንን? እንተ ዘይነብር ኣነ ስቕ ኢለ ሰባት ግን መልቀሱለይ ኔሮም። ግን ክሳብ መዓስ ኢየ ከምዚ ኢለ ዝነብር ዘለኹ? ናብራ ብዘይበሃል ናብራ፤ ሞት ብዝኾነ ግን ናብራ ብዝበሃል ናብራ ክሳብ መዓስ ኢየ ክነብር? ናይ'ዚ ምድሪ ክብረት ይኹን ውርደት ክሓልፍ እዩ። ንዘይሓልፍ ግን ብምንታይ ክትክእ ኢየ>>? እናበለት ክትሓስ ኢየሱስ ናዝራዊ ብኣፈታ ክሓልፍ ተመልከተት (ተዓዘበት) ቅድሚት ቅድሚት ፈሪሳዊ ስምኡን መንገዲ ይመርሕ።

ኣማኸርቲ ናይ ሳንሄድሪን ሽንጎ ንኢየሱስ ከበብዎ። <<ክኸይድ ዶ?>> ኢላ ንነብሳ ጠየቐት (ሓተተት)። <<ነዓ ናብ ቤተይ እቶ ዶ ክብሎ? ገዛይ ከኣ ርኹስ እዩ>> እናበለት ምስ ነብሳ ምጉት ገጠመት ። <<እዞም ሎሚ ዝኸበብዎ ፈሪሳውያ ዝኸብር ስለ ዝመሰሎም እዩ። ተፈሪዱ ኣብ ዝተሰቕለሉ መዓልቲ ግን ተላገጽሉ። ኣየ ፈሪሳውያን ናይ ኩነታት እምበር ናይ ሓቂ ሰባት ኣይኮኑን>> ኢላ ሃይማኖታውያን ተዋሳእቲ ኮነነት። ብንእሽተይ ዝተኸፍተ መጋረጃ ምስ ተዓዘበት (ተመልከት) ዓይና ክሳብ ዓቕሙ ሰፊሕ ሜዳ ረኣየ። ከም ዝገመተቶ ኢየሱስ ናብ ናይ ፈሪሳዊ ስምኡን ገዛ ክኣቱ ረኣየት።

ማዕጾኣ ንምዕጻው ንድሕሪት ከይበለት ማዕጾኡ ክፍት ኣቢላ ወጸት። <<ናይ ሰማይ ውን ከምዚ ክፍት ኣቢልካ ተቕበለኒ>> ኢላ ጸለየት። ናይ መዓንጥኣ መቕነት ኣስጥም ኣቢላ ክትነዪ ክትብል ኣብ ገዝኣ ተቕሚጡ ንዘሎ ናይ ኣልባስጥሮስ ሽቱ ትዝ በላ እሞ ደው በለት። <<እወ እዚ ፍትው ሽቱ ኣካለይ ዘይኮነስ እንታይነተይ ንዝፈትዉ ካብ ቀደም ጀሚረ ብዘጠራቕምክዎ ገንዘብ ዝገዛእክዎ እዩ። ነዚ ሽቱ እዚ ዝወስድ ፈታዊ የለን ኢለ ተስፋ ቆሪጸ ኔረ። ግን ሎሚ ተረኺቡ። ናተይ ዘበለ ዘይኮነስ ነዓይ ዝወስድ! ፍትው ሽቱ ፍትው ንዝኾነ ጐይታ! ንሰብ ዘይወሃብ ንበይኑ ዝኾነ ህያብ በሓቂ ይግብኦ እዩ!>> ኢላ ሽቱ ኣልዒላ ጎየየት። ጎየየት ከም ናይ ቁልዕነታ፤

ከም ጎያዪ ግሪኽ፤ ነፍሲ ዝቐተለ ሰብ ሕንኡ ንክፈዲ ከም ዝኪታተሎ ሰብ ከይሕዞ እሞ ከይቀትሎ ናብ መዕቆቢት ከተማ ከም ዝጎዪ ጎየየት። <<ኣብ መዕቆቢት ከተማ ዝተማዕቆበ ሰብ እቲ ሊቀ ካህን ምስ ሞተ ይወጽእ። ኣነ ግን ናብ ዘይመውት ሊቀ ካህን ናብ መዕቆብየይ ከተማ ናብ ኢየሱስ ክርስቶስ ይጎዪ ኣለኹ። ካብ ሕቑፍኡ ማንም ኣየውጽኣንን። ሊቀ ካህነይ ህያው እዩ>> በለት።

ካብ ሞት ንምድሓን ናብ ኢየሱስ ክርስቶስ ብብርቱዕ ጉያ ጎየየት። ንናይ ሕልና ክሲ፤ ንናይ ዓለም ነቐፌታ፤ ናይ ሰይጣን ክሲ ኣብ ጎኒ እግሪ ኢየሱስ ክትቀብር ፈጠነት። ኣብ ምድሪ ዝተገፋዕኩ ኮይነ ነቢረ ኣለኹ። ኣብ ሰማይ ከኣ ዝተገፋዕኩ ክኸውን ኣይደልን እትብል ዘላ ትመስል።

<<ከክሪእዋ እታ ኣመንዝራ>> እናበሉ ከም ጽልልቲ እትጎዱን ጨርቃ ንዝደርበየት ሰበይቲ እናተቐባበሉ ብጸርፊ የሸቑርርዋ። <<ኣመንዝራ>> ዝብል መጸውዒ ደጋጊማ ምስ ሰምዓታ <<ለካ ሰብ ብስሙ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሩ ውን እዩ ዝጽውዕ>> በለት። ጽቡቕ ስራሕ ኮነ ክፉእ ስራሕ መጸውዒ እዩ። <<ናይ ግብሪ ስም ኣይለቀካን>> ኢላ ኣብ ሞንጎ ጉያኣ ሓሰበት።

ናይ ፈሪሳዊ ስምኦን ሓጹር ጥሒሳ ኣተወት። እቶም ሓለውቲ ከኣ <<ኣይትምለስን ኣንቲ ርኽስቲ ሕጂ ኸ ኣብዚ እንታይ ኣለኪ?>> እናበሉ ሰዓብዋ። ንሳ ግን ኣብቲ ዓቢ ግብጃ ተቐልቀለት። ሓለውቲ ውን ምስኣ ውጺ እተዊ እናበሉ እናተቓለሱ ናይቲ ግብጃ ክብሪ ክትንክፉ ኮነ ናብ ማዕጾ ተጸጊያም ዝኾነ ክሪኡ ጀመሩ። ንሳ ከኣ ኣብ ውሽጢ ረቂቕ ብርሃን ገዛ ካብ ሞንጎ ዝጸልእዋ ሓደ ንዝፈትዋ ጐይታ ደለየቶ። ንሱ ከኣ ኮፍ ኢሉ ንዘይሰምዑ ይዛረብ ነበረ። ከም ኣፈ ጉባኤ ብጸጋምን ብየማንን ፈሪሳውያን ብንዋሓት ተኣከቡ። እታ ኣመንዝራ ሰበይቲ ውን ናይ ፈሪሳውያን ጽልኢ ኣናቐጻ። ብልባ ምስ ኣተሓሳሰባ ውን ኣፍርሓ። ማግኔት ንማግኔት ይነጽጎ እዩ። ነንጻሩ ግን ይስሕቦ እዩ። ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ ውን ንሓጢኣተኛ ዘቕርብ ንጽህና እዩ። ጸሓይ ኣብ ረሳሕ ቦታ እንተውጺኣ ኣይትረስሕን። ክርስቶስ ከኣ ንዓና ደልዩ ኣብ ዝረኸሰ ምድሪ ብምምጽኡ ቅድስንኡ ኣይጎደለን። ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ከይተፈልየ ዝወረደ ነዊሕ ፈትሊ፤ ናይ ኣቦ ቃሉ፤ ናይ መንፈስ ቅዱስ ደስታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመይ ዲንቂ እዩ!

እንታይ ዝሸትተኒ? እንታይ? ከምዚ ዝበለ ሽቶ ተነስኒሱ ውላ ተሰይሩ?>> እናበለ ጉባኤ ጫውጫው በለ። ተደለይዎስ ኣብ እግሪ መኣዛ ሕይወት ዝኾነ ክርስቶስ ናይ ኣልባስጥሮስ ሽቱ ተደፊኡ። ካብ መሬት ብዘይ ረሓቐ ናይ ኣይሁዳውያን ኣቀማምጣ ንዝተንበርከኸት ሰበይቲኩሎም ኣብ ጥቓ መምህር ረኣይዋ። ነቲ ሽቱ ፈትዮሞ ነዓኣ ግን ጸልእዋ። ንሳ ውን ዓለም ንዘለዋ ቀንጠ ሜንጢ እምበር ኮይናቶ ንዘላ መንነት ከምዘይ ትፈቱ ልዕሊኦም ስለ ትፈልጥ ብምጉርምራሞም ኣይተደነቐትን። ክርስቶስ ብዘይ ዋጋ ከም ዘይምለኽ ጥራይ ሓሰበት። ንዕኡ ከነምልኽ ምስ እንትስእ ናይ ነቐፋ፤ ናይ ጸርፊ ዋጋ ንኸፍል። ሰይጣን ልዕሊኡ ተበለና ኣይፍረዶን እዩ። ንናይ ፍቕሪ ሰብ ዝጸልኦ ናይ ጽልኢ ሰብ እዩ። ንናቱ ክፍኣት ስለ ዘጉልሖ። ሰበይቲ ውን ንኽንኽ ኢላ በኸየት። ዕሙቕ ንስሓ እዩ። ንዝጠፍኡ ዝደሊ ጐይታ እንቋዕ መጻእካልና እዩ በሓጎስ ተቐበላ። ናይ ሓጢኣት ናይ ውግእ ንብረታ ናይ ጽድቂ መሰንከቲ ገበረቶ። እቲ ሽቱ ግብጃኣ እዩ። ኢየሱስ ይቕረ ክብላ ውን ተሰምዓ። ንበደል ዝቕይሮ በደልካ ምእማን እዩ። ቅድስና ዘምጽእ ንሓጢኣት ዝውዕል ግዜ፤ ገንዘብን ሕይወትን ንጽድቂ ምውዓል እዩ። ንእግዚኣብሔር እነቕርቦ ናይ ዓርቢ ግብጃ ፍቕሪ እዩ። እግዚኣብሔር ክንፈትዎ ስለ ዝደሊ።

መምህር ኣብ እግሩ ንዝተደፍኣት መልሲ መሃብ ገዲፉ ስሊኣ ኣብ ምክርኻር ኣተወ። ለካ ዝጋበዞ ስምኣን፡- <<ወይ ጉድ! እዚ ሰብ ነብይ መሲልኒ ኔሩ ነብይ እንተዝኸውን እሞ እዛ እትትንክፎ ዘላ መን ምኻና ምፈለጠ ኔሩ?>> ኢሉ ብልቡ ሓሰበ። ናይ ነብይነት ኣገልግሎት ንንስሓ ምግባዝ ምኻኑ ረሲዑ ሓጢኣት ምግላጽ መሰሎ፡- ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ስምኣን ልቢ፤ ናይ እታ ሰበይቲ ከኣ ሓጢኣት ይፈልጥ ነበረ። ሰባት ዝፈትዉና ስለ ዘይፈልጡና፤ ምሳና ክነብሩ ዝውስኑ ትኽክለኛ መንነትና ስለ ዘይተገንዘቡ ክኸውን ይኽእል እዩ። እናፈለጠ ዝፈትወና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። መምህር ውን መለሰ፡- <<ዎ ስምኣን ዝብለካ ነገር ኣሎኒ በሎ። ንሱ ውን፡- ዎ መምህር ተዛረብ፡ በለ። ንሓደ ኣለቓሒ ክልተ ተለቓሒ ነበርዎ፤ ኣብቲ ሓደ ሓሙሽተ ሚኢቲ ዲናር ነበሮ ኣብቲ ካልኣይ ከኣ ሓምሳ። ዝኸፍልዎ ምስ ሰኣኑ ንኽልቲኦም ገደፈሎም (መሓሮም)። ሕጂ ካብኦም ኣብሊጹ ዝፈትዎ ንመኖም እዩ? ስምኣን ውን መለሰ፡- ነቲ ብዙሕ ዝተሓድገሉ ይመስለኒ በለ። ንሱ ከኣ ሓቂ ፈረድካ በሎ። ናብታ ሰበይቲ ዘወር ኢሉ ንስምኣን ከምዚ በሎ፡- ነዛ ሰበይቲ ትሪኣ ኣለኻ? ኣነ ናብ ገዛኻ ኣተኹ ንእግረይ ዝኸውን ማይ እኳ ኣይቀረብካለይን፤ ንሳ ግን ብንብዓታ ንእግረይ ኣጠልቀየት ብጸጉራ ከኣ ደረዘት። ንስኻ ኣይሰዓምካንን ንሳ ግን ካብ ዝኣቱ ጀሚራ እግረይ ካብ ምስዓም ኣየቋረጸትን። ንስኻ ንርእሰይ ዘይቲ ኣይቀባእካንን፤ ንሳ ግን ንእግረይ ብሽቱ ቀብኣት። ስለዚ እብለካ ኣለኹ፡ ብዙሕ

ኣፍቂራ ኢያ እሞ ብዙሕ ሓጢኣታ ተሰርየላ፤ እቲ ውሑድ ዝስረየሉ ግን ውሑድ የፍቅር>> በሎ።

ናይ ኣብነቱ ትርጉም ናይ መጠኑ ፍልልይ እምበር ንስኻን እዛ ሰበይትን ሓጢኣተኛታት ኢኹም። ንስኻ ውን ንእሽተይ ሓጢኣትካ ርእስኻ ክትገትእ ወይ ንዕዳኻ ክትከፍል ኣይትኽእልን። ይቕሬታ ዝርከብ ካብ እግዚኣብሔር እዩ ዝብል ነበረ። ብጣዕሚ ዝሓመመ ምስ ዝድሕን ንዘድሓኖ ጥራይ ዘይኮነስ ንዝደሓነላ መዓልቲ ከይተረፈ ይፈትዋ። ካብ ጭዋ ቆልዑት ንላዕሊ ኣብ በረኻ ብሓጢኣት ጽልኣት ዝተመልሱ ንክርስቶስ ዝበለጸ ፍቕሪ ኣለዎም። ካብ ምንታይ ከም ዘድሓኖም ስለ ዝፈልጡ። ኣመንዝራ፤ ሽፍታ፤ ሰኽራም ዝነበሩ ንክርስቶስ መዓንጥኡም ገቲሮም ይከራኸርሉ ናቱ ነገር እንተ ተላዒሉ ከይብለኒ የብሎምን።

ሰበይቲ ጌና ተደፊኣ ኢያ ዘላ። እቲ ክርክር ውን ትሰምዖ ኣላ። ለካ ዝሃደምኩሉ ኢየሱስ ይቕሬታ ዝህብ ጥራይ ዘይኮነስ ይቕረ ንዝበለሎም ውን ዝከራኸር እዩ? ኢላ ደስ በላ። ናብኣ ዘወር ኢሉ፡- <<ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ እዩ። እምነትኪ ኣድሒናትኪ፤ ብሰላም ኪዲ በላ። ንጽህና ናጽነት እዩ ኢላ ብሓጎስ ጎየየት።

. . .

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ዝተቐጸለ ተስፋ

<<ናይ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ናይ ሰማርያ ናይ ማይ ሕቶ ኢድ ብትኣክል ደመና ዝመለሶ፤ ንዝተንጠልጠለ ባሕሪ ኤርትራ ብበትሪ ዝኸፈሎ፤ ብምራቕ ደረቕ ግንባር ኮይኑ ንዝተፈጥረ ሰብ ዓይኒ ሰሪሑ ዘብርሀ፤ ኣብ ድኻም ጳውሎስ ናይ ብርቱዓት (ናይ ብርትዐኡ ስራሕ ዝሰረሐ እግዚኣብሔር ዲንቂ እዩ! ኢድ እትኣክል ደመና፤ በትሪ፤ ምራቕ፤ ናይ ጳውሎስ ዝደቐቐ መንነት ምስ ዝረኣይ ስጋዊ ልቢ ኣየዕርፍን። ድኹምን ዝተናዕቀን ግን ንሓይሊ እግዚኣብሔር ይጥዕሞ። ናይ ብዙሕ ዘመን ናይ ልበይ ሕቶ ብሓንቲ ቃል ክምልስ፤ ንሰማይ ብዘይ ዓንዲ ብይኹን ከቕውም ተዓዚበ ኣለኹ። እግዚኣብሔር ይኽእል እዩ፤ ኣይክእልዎን። ጸላእቱ ንከነኣእስዎ ይቃለስዎ፤ ንምጥፋኡ የዕገርግሩ ንዘይምንባር የለን ይብሉ >>ይብል ኔረ ኣብ ዝጎዓዞ መንገደይ። እግሪ ክሳብ ዝኽእል እዩ ዝጎዓዝ፤ ሓሳብ ግን ንዘይክእሎ ይፍትን።

ኣብ ዙርያይ ዝኸበበኒ ህልውና እግዚኣብሔር ምስ ተሰምዓኒ ምድናቕ ዝመልኦ ናይ ሓሳብ ማዕበል ወሰደኒ። ካብ ስእነት ማይ ዝተላዕለ ዓብዩን ንእሽተዩን ተጨነቕ። ስእነት ማይ ንንጉስ ካብ ቤተ መንግስት የሰድድ። ሓያላት ሃገራት ውን ናይ መግቢ እምበር ናይ ማይ ሓገዝ ኣይገብሩን። እንተገበሩስ ንመን ክኣክል? ስእነት ማይ ኣብ ብርቱዕ ዘመን ልዕሊ ወርቂ ማይ እዩ ዝፍቶ። ህዝቢ ንኹሉ ግዜ ንዓብን ንእሽተይን ጉዳይ ንእግዚኣብሔር ይልምን። ሎሚ ግን ናይ ናብራ ጉድለት ስጋዊ መልስን ጥዑይ ንጉስን እዩ ዝምነ። ፍልጠት የብሉን እንተኾነ ግን እምነት ኣለዎ ዝበሃል ሽፋን ብብዝሒ ዘረባ ደኺሙ እምበር ክኣምን ኣይረአን።

እንታይ ደኣ እግዚኣብሔር ከም ሰብ እንተዝኸውን ኔሩ እንታይ ምገበርና ኔርና? ናቱ ቅንዕና ቅድሚት መሊስልና። ደበንበን ኢሉ፤ ማይ ሃረመ፤ ምድሪ ከማን ንፋስ ነፊሱ። በረኸት እግዚኣብሔር የዐግብ እዩ። ጎላጉል ብሳዕሪ፤ ኣኽራን ብቀጠልያ ቆጽሊ ተሸፈኑ። ናይ ይሁዳ ኣጻድፍ መንገድታት ብሰረገላ እናቋረጽኩ ሰማርያ ኣተኹ። ኣብ መንገዲ ዝነበረ ግመ ጥምቀት ሓጎስ ይመልኣኒ ነበረ። ልበይ ብመዝሙር ተመልኦ። <<እንታይ ይሰኣነካ? እንታይ ከ ይህቡኻ? ንስኻ እግዚኣብሔር ኢኻ>> እናበለ ክሕጎስ ጀመረ። ንከተማ ገዲፈያ ከም ዝኸድኩ ምስ ህውከታ ኣይሕመስን። ናይ ከተማ ናብራ ደጊኡ ምልኩዕ ውሽጡ ዝፈረሰ እዩ። ናይ ከተማ ሰብ ብንእሽተይ ነገር ይሕጎስ ብንእሽተይ ነገር ይኸፍኦ፤ ክረክብ ፋስጋ ክስእን የግዲ ዝጸውም፤ ንእሽተይ ዘፍርሕ ምስ ዝሰምዕ ዝዕንቀፍ፤ ዝናብ ዝፈርሕ ንውግእ ዝተመዘዙ ሰባት ደው ኢሉ ዝርኢ እዩ። ካብ ናይ ገጠር ሰብ ንላዕሊ ናይ ከተማ ሰብ ኣእምሮኡ

ተጨኒቑ። ብዝነብሮ ናብራ ጥራይ ዘይኮነስ ብዘይምልከቶ ነገር ውሽጡ፤ ግዜኡ፤ ገዝኡ መሊኡ። ናይ ከተማ ሰብ ወላ ዓብዩ ጡጦ (ጡብ) ኣይገድፍን፤ ጸባ እንተ ገደፈ ናይ ወረ ጡጦ ክሳብ ዝመውት ኣየቋርጽን። ሓበሬታ ዝብሎ ልማድ ኣለዎ። ሰሚዑ የውሪ፤ ሰሚዑ ይበሳጭ፤ ሰሚዑ ዝልውጦ ነገር ግን የለን። <<ኣቤት፤ ኣቤት>> ዝብሎ ቃል፥ ወረ ደሚቑን ዋዕዊዑን ምስ ኣጨነቐ ዘልዕሎ መወዓውዒ እዩ። ሕጂ ዝሒልና <<ሓራይ>> <<ቀጽል>> <<ንስኻ እኮ ንስኺ እኮ ጉዳመኛ ሰብ ኢኻ/ኢኺ>> እናበለ መዓልቲ ይውድኣ። ናይ ደቂ ልደት (birthday) የኽብር፤ ንዕኡ ክንደይ ከም ዝተወሰኸሉ ኣይፈልጥን። ግዜ ኣለኒ እናበለ ግዚኡ ይውዳእ።

ናብ'ቲ ከተማ ምስ ኣተኹ ኣብቲ ብሎኮ (ኬላ) ገዲፍኒ ዝጸንሐ ሓሳብ ከም ደመና ክኸበንን ናብ ሕቑፉ ከእትወንን ጀመረ። ዝለመድክዎ ብምኻኑ <<መጺኣልኪ ከተማይ በልኩ። ኣነ ኣብ ውሽጥኺ ተቐሚጠ ዓይንን መብራህትን እንዳሃለዎም ንዘይርእዩ የስተምህር ኣለኹ። መኒንና ዝብሉ ከየስተምህሩ ክዝልፉ ይመጽኡ። ወይልኻ እና በሉ ይእውጁ። እንተኾነ ግን ከብዲ ኣይምንን! ክጠምዮም ይመጹ እሞ ጎምኡም ክሳብ ዝመልእ ተጻሪፎም ይኸዱ። ከተማ ናይ ኩሉ ከተማ ኢኺ። እናበልኩ ናብ ገዛይ ዘቕነዐ መንገዲ ተተሓዝኩ። ንዝተዓጽወ ገዛይ ምስ ከፈትኩ ጐይታ ሓዳር ኮይኑ ክቕበለኒ ተሰምዓኒ። ኣቐዲሙ ኣብ መንገዲ ምሳይ ኮይኑ የጻውተኒ ኔሩ። ካብ መዓስ ደኣ ማዕጾ ከፊቱ ተቐቢልኒ? <<ጐይታየ ኩሉ ኣብ ኩሉ፤ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ምሉእ እዩ>> ኢለ ደስ በለኒ።

ናይ መጽሓፍ ምሳሌ ጥቕላል ብራና ከዘንቱ ከሎ ኣብ ምዕራፍ 16 ቁጽሪ 7 <<እግዚኣብሔር ብመንገዲ ሓደ ሰብ ባህ እንተበሎ፤ነቶም ጸላእቱ እኳ ምስኡ ብሰላም የንብሮም>> ብዝብል ቃል ተመሲጠ ድኻመይ ኩሉ ካብ ልዕለይ በነነ። ንኽጽሊ ምስ ተዳለኹ ማዕጾይ ተኺሕኩሐ። ቀይሕ መልክዑ ዝጸለመ፤ ደሙ ኣብ ውሽጡ ዝተበከለ ዝመስል፤ ቁመንኡ ጭንቀት ዘሕጸሮ፤ ካብ ሓሳብ ምድርራብ ዝተላዕለ ሰንከልከል ዝበለ ሓደ መንእሰይ ንዝሞተ ተስፋኡ ተሰኪም ምቕም ዝሰኣነ ብፍጥነት ማዕጾ ኣብ ዝኸፈትኩሉ ኣብ ማእከል ምድሪ ቤተይ ተዘርግሐ። እንታይ ከምዝኾነ እንተ ሓተትክዎ ቋንቑኡ ምልቃስ ጥራይ ኮነ። ንብዓት ቋንቋ እዩ። ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ቋንቋታት ናይ ጸጥታ ቋንቋ ንብዓት እዩ። ድምጺ ንብዓት ሰሚዑ ዝምልስ ግን እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ።

ናይ ኣገልጋሊ ገዛ ናይ እግዚኣብሔር ኣፈት እዩ። ንዝጸሓፉ ኵሉ ይኽፈት። ጌና ካብ ኣገልግሎት ኢየ ዝምለስ ዘለኹ ክብሎ ክሓስብ <<ቆጸራ ከይትህበኒ ክሳብ ሎሚ ንግሆ ምጽንሐይ እንታይ መረጋገጺ ኣለካ? ክብለኒ ተሰምዓኒ። ንዝተኸላበተ መንእሰይ እናረኣኹ ኣነ ውን ምንባዕ ጀመርኩ ። ሃንደበት ናይ ክብሪ ብርሃን ኣብታ ጸባብ ገዛ ኣብርሀ። ገዛይ ገፍሐት። ናይ ጸባኣት ንጉስ ዙፋን ተዘርግሐ። ህልውና እግዚኣብሔር ኣብ ኵሉ ቦታ መልአ። ኣነ ውን ተደፊአ ሰገድኩ። ናይቲ መንእሰይ ሕቶ ተንሳድጎደ። ንጉስ ውን ብረድኤት መለሰ። ናይቲ መንእሰይ ሕቶ ሕቶይ ኮነ። መልሱ ውን መልሰይ ኮነ። ለካ ተሸፋፊኑ እዩ እምበር ብግልጺ እንተ ዘዕልልስ ናይ ኵሉ ሰብ ሽግሩ ተመሳሳሊ እዩ።

እግዚኣብሔር ብጣዕሚ፤ ብሓቅን ተዛረበ፡-

ወደይ! ንመከራኻ ርእየ ሰንከልከል ንዘበለካ ጽዋእ ክቕበለካ መጽየ። ናይ ልብኻ ቃንዛ ካብ ጸባኣት መንበረይ ኮይነ ሰሚዐካ። ሓንቲ ርእስኻ ኣብ ክልተ ተኸፊላ ብዙሕ ወርሓት ዝገበረ ክርክር ኣስተውዒለ። መብራህቲ ክጠፍእ ከሎ እቲ ክርክር፤ ኣኼባኡ ከም ዝቐጸለ፤ ፍጥረት ቀም ኣቢሉ ክሓልም ንስኻ ዋርድያ ቆይምካ፤ ጸጥታ ኣውያት ኮይኑካ ከም ዝተሳቐኻ ተመልኪተ። ጽቡቕ ዓራት እምበር ጽቡቕ ድቃስ ከም ዘይብልካ ፈሊጠ። ሎሚ ግን ክድግፈካ ወሪደ። ቃላት ከምዝተወድኣካ ተረዲአ ኣለኹ። ኣነ ግን ንስቕታኻ የንብቦ ኣለኹ።

ምእመን ውን መለሰ፡-

<<እንከለኹ ከም ዘየለኹ ክመስለኒ ለካ ጌና ኣብ ቅድሜኻ ኢየ? ካብ ኣደይን ኣቦይን ምስጢረይ ሓቢአ ናይ ጽያፍ ምስጢር ከወዛውዘኒ ለካ ንስኻ ትፈልጠለይ ኔርካ ኢኻ? እግዚኣብሔር ካባይ ወጻኢ ዘሳቕዮ ሰብ ድዩ ስኢኑ? ኣገልገልቲ ዝኾንኩም ንገሩ ኢለ ክልእከልካ ለካ ንስኻ ጌና ትርህርሃለይ ኔርካ ኢኻ? ዝሓልፈሉ ናይ ሕይወት ጎደና ኣይትኣትዎን ክብለኒ ለካ ንስኻ ትሰርሓኒ ኔርካ? እንታይ ዩ ጐይታየ ንዓኻ ክርኢ ጌና ክጥምታ ብቕም ዝሻሕኮረ ልበይ ናበይ ከደ? ብመከራ ዝነበጠ ሕቕይ ከመይ ኢሉ ቀኒዑ?>> እናበለ ብናይ መንነቱ ድኻም ንኽንኽ ኢሉ ክበኪ ኣነ ውን ልበይ መኸኸ።

ምእመን ውን ቀጸለ፦ <<ጐይታየ! ቃለይ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ስኢኑ። ንዓመታት ኣብ ማዕጾኻ ይኹሕኩሕ ኣለኹ፤ ንስኻ ክሳብ ትኽፍተለይ ኣብ ኣፈትካ ቆይመ ኣለኹ። ንዕላማ ስቕ ከም እትብል ኣገልገልትኻ ነጊሮምኒ። ኣነ ግን ምጽናዕ ተሳኢኑኒ። ጐይታየ ብርግጽ ምሳይ ኢኻ? ዝተዛረብክዎ ከም ዝሰማዕካኒ ካብ ፈለጥኩ፤ ኣብ ጎነይ ከምዘለኻ ካብ ተረዳእኩ ይኣኽለኒ።>>

እግዚኣብሔር ውን መለሰ፦

ወደይ ፍትወይ ንእዝኒ ዝፈጠርኩ ኣነ ኣይሰምዕን? ንዓይኒ ዝፈጠርኩ ኣነ ኽ ኣይርእን? ድምጽኻ ዕለት ዕለት ይናፍቕ። ካብ ናይ ጸሎት ቦታ (ስፍራ)፤ ካብ ሞንጎ ሕብረት ዓይነይ ይደልየካ። ዓይነይ ንዓኻ ክደሊ ዘይረኣይ ቦታ ይርኢ። ብወልፊ ተጸሚድካ፤ ብሓጢኣት የዕሩኽትኻ ጸወታ ተማሪኽካ ዓይነይ ይርእየካ። ንስኻ ኣይሰማዕካንን ኢልካኒ። ንስኻስ ነዓይ ሰሚዕካኒ ዲኻ?

<<ወደይ ፍትወይ ኣነ ዝጽውዓካ ንዓኻ ጥቕሚ እዩ። ንስኻ ግን ንድሌታትካ ትፈትዎ ዝኣክል ንዓይ ኣይትፈትወንን። ናተይ ንዘበለ እምበር ንዓይ ምርኣይ ኣይኮነልካን። ስለዚ ጸጋኻ ኣብ ዝውድኣሉ ኢኻ ተኣዊ። ነዓይ እንተ ትሕዝ ግን ዘይጎድል ቸርነት፤ ዘይውዳእ ሃብቲ ምረኽብካ ኔርካ።>>

<<ወደይ ፍትወይ! ንወረ ሰብ፤ ንቃንዛ ፍቕሪ፤ ንዘመን ኣምጽኡ ነገር ልብኻ ከፊትካ ርእየ ኣለኹ። ብዙሕ ዝጎየኻላ ዓለም ውጽኢታ ንእሽተይ፤ ምሳይ ዘሕለፍካዮ ውሑድ ሰዓታት ግን ሓጎሱ ብዙሕ ከምዝኾነ ርኢኻ። ግን ቆሪጽካ ነዓይ ክትስዕብ ኣይኮነልካን። <<ዓለም ብድሕረይ፤ መስቀል ብቕድመይ>> ማለት ካብ ቀዳሞት ኣቦታትካ ከም ዝሰማዕክዎ ካባኻ ኣይሰማዕክዎን። ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ምምልላስ ኣብዚሕካ ግን ኣይተለወጥካን። ናይ ልቢ ምምጻእ እምበር ናይ እግሪ ምምልላስ ነዓይ ከምዘይረኽበኒ ኣብቲ ዝነብሩ (ዝሓድሩ) ኣገልገልቲ ኢና በሃልቲ ብዙሓት ከም ዝሰኣኑኒ ንምንታይ ኣይተረዳእካ? ኣነ ስቕ ይብል ኢየ። ከምኡ ውን ንህልውናይ ክትኣምን ሓደ ሓደ ግዜ ድምጸይ ይስውር ኢየ። ንስኻ እንተ ዘይረኣኻኒ ኣነ ግን ይርእየካ ኢየ። እንተ ዘይሰማዕካኒ ውን ይሰምዓካ ኢየ።>>

<<ወደይ ፍትወይ! ዝፈጠርኩኻ ኣነ፤ ዝሞትኩልካ ኣነ ኢየ። እዚ ዝገበርኩ ማንም ከየገደደኒ ፍቕሪ ብዝኾነ ብናተይ ባህርይ እዩ። ስሌኻ እንተገደፍኩኻ እኳ ስለ

ባህርየይ ስለ ዘፍሰስኩልካ ደመይ ከመይ ክገድፈካ? ዝወደይ እመነኒ ሕጂ ውን ምሳኻ ኢየ።>>

ምእመን ውን መለሰ፦

<<ጐይታየ ሃንደበት ከም ዝተቐረጸ መብራህቲ ተስፋ፣ ሃንደበት ይጽልምተኒ። ብምጽንናዕ ኣርፊደ ብትካዜ ይውዕል። ኵሉ ነገር ኣይጥዕመካን ዝብለኒ ነገር ብዙሕ እዩ። ዝኸበቡኒ የዕሩኽተይ ሓቂ እናሰኣንኩሎም ይበሳጭ። ቀጺለ ውን ይጸልኦም። ጽልኢ ተሰኪመ ምንባር ምስ ተሳእነኒ ድማ ካብ ምፍታው ወጻኢ ኣማራጽ ይብለይን ይብል ኣለኹ። ዘዕበኽዎም ይነኽሱኒ። ዘልመድክዎም ደርብዮምኒ ናብ ጫካ ይኣትዉ። ኣብ ክፉእ መዓልቲ ክኾኑኒ ኢዮም ኢለ ዝሓለፍኩሎም ናይ ስእነተይ ዜና ምስ ሰምዑ ገና ቅድሚ ሃብተይ ምውድኡ ቀዲሞምኒ ይስእኑ። ናይ ፍጡር ፍቕሪ ምስ ህንካ ኮይኑ ኣድኪሙኒ። ናይዚ ዓለም ምስጢር ናይ ሰብ መንነት ይገርመኒ። በኣኻ ምድናቕ እምበር ብናይ ክፉኣት ክፍኣት ምድናቕ ዓቕሚ ይጽንቅቕ እዩ'ሞ ጐይታየ ኣይትድግፈንን ዶ?>>

እግዚኣብሔር ውን መለሰ፦

<<**ወደይ ፍትወይ**! ኣብ ሰባትን ኣብ ኩነታትን ተስፋ ዝገብር ሰብ ኣብ ማእከል መንገዲ መራሒኡ ከም ዝጠለሞ ዓይነ ስዉር ምኳኑ ኣይተርፍን። ቀንዴል ይጠፍእ እዩ፤ ጸሓይ ውን ትጠልቕ (ትዓርብ)፤ ጸልማት ዘየሰንፎ ተስፋ ግን ወደይ ክርስቶስ ጥራይ እዩ'ሞ ብእኡ እመን!>>

<<**ወደይ ፍትወይ**! ንርእስኻ ኣመና ኣይትመልከቶ። ንርእስኻ ኣመና ኣይትሕዘነሉ። ንርእስኻ ኣይተምልኽ። ተበላሸየ፤ መድየ፤ ጸሊመ ኣይትበል። መስቀለይ ዝስከም፤ ምሳይ ሕብረት ዘለዎ ርእሱ ዝኸሓደ ሰብ ጥራይ እዩ። ሕማም፤ ሓርነጽነጽ፤ ስእነት፤ ምኽሓድ እንተገጠመካ ውን እዚ ኵሉ ኣብ ወደይ ኣብ ክርስቶስ ኮይኑ እዩ። ንስኻ ብሓይልኻ እትስዕሮ መከራ የለን። ሃንደበታዊ ደሮና ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድነ ሰብ ከምዘርስሕ ሰላማዊ ሓሳብ ውን ሃንደበት ይፈርስ እዩ። በዚ ግዜ'ዚ ግን ቀልጢፍካ ቃለይ ኣንብብ። ካብ መንፈስ ቅዱስ ናይ መንበሪ ሓይሊ ሕተት እምበር ንትካዜኻ ኣይተኣንግዶ። ኵሉ ግዜ ኣብ'ዚ ዓለም ምዕባለ ተመቺእዎ ዝነብር ሰብ የለን ። ኵሉ ግዜ ደስ ዝብለካ ነዓይ ምስ እትርኢ ጥራይ እዩ። ስምኡን ኣረጋዊ ንወደይ ኣብ ዝረኣየሉ ዓይኑ ካልእ ናይ ዓለም ነገር ንምርኣይ ተጸይፉ ኣሰናብተኒ

(ኣፋንወኒ) ከምዝበለ ንስኻ ከኣ ነዓይ ድሕሪ ምርኣይካ ካልእ ነገራት ርኢኻ ከይትሓዝን ክትጽሊ ኣለካ። ኣብ ምድሪ እትሪኦ ሰናይ ነገር ኩሉ ናተይ ኣምሳል እዩ። እቲ ሓቂ ግን ኣነ ኢየ። ስለዚ ኣቦኻ፤ ኣዴኻ ፤ ወገንካ፤ ዘመድካ፤ ሓዳርካ፤ ወድኻ፤ በረኽትካ፤ ናብራኻ ኣነ ኢየ'ሞ ደስ ይበልካ። ኣነ ናትካ ምኽነይ ተዘይኣዕጊብካ ዓለም ኩላ ናትካ እንተኾነት እኳ ኣይተዓግብን።

<<ዘመን ንዘምጽኦ ነገር እትስዕብ (እትኽተል) እንተ ኮይንካ ሕይወት ቀልጢፉ እዩ ዝስልችወካ። ካብ ዝገጠመካ ነገር ንምህዳም እትጥቀመሉ መረስዒ ብዝያዳ'ዩ ዝርብሸካ። ኣነ መረሳስዒ ዘይኮነስ ምፍዋስ ይኽእል ኢየ'ሞ ናባይ ነዓ! ብዙሕ ግዜኻ ናይ ኢደይ ስረሓት ንዝኾኑ ተፎጥሮታት ንምርኣይ ተጠቀመሉ ።ንዝገጥመካ ነገር ንዘይምሕሳብ ጻዕሪ ኣይትግበር። ሓሳብ ብሓሳብ እዩ ዝቕየር። ብዛዕባይ ምስ እትሓስብ ነቲ ክፉእ ትዝታ ክትርስዖ ኢኻ።

<<**ወደይ ፍትወይ!** ኩሉ ሰብ ንዓርከይ ክልውጦ ኢየ እምበር ዓርከይ ክልውጠኒ እዩ ኣይብልን። ስለዚ ይጋገ (ይስሕት)። ክፉእ ዕርክነት ናይ ገደል (ጸድፊ) ጸወታ እዩ እሞ ቕልጢፍካ ተፈለ። ናይ ሎሚ ዘመን ወዲ ሰብ ንሓቂ ከም ርግጸኛ ጸላኢኡ ብምርኣዩ ቃሉ ሓሶት፤ ልቡ ተንኮል ቁመንኡ ዝለመጸ ምስሊ ኮይኑ። ኣነ እግዚኣብሔር ሓሰውቲ ምርኣይ ስለዘይፈቱ ተንኮለኛታትን ቀጠፍትን ቀልጢፈ ክቕዝፎም ኢየ። ቀልጢፎም ተራእዮም ክጠፍኡ ኢዮም። ውሉደይ! ናትካ ግን ናይ ምንባር ብልሓትካ ኣነ እምበር መንፍዓትካ ከይመስለካ!>>

<<**ወደይ ፍትወይ!** ብዙሓት እንተ ጠለሙኻ፤ መኣድኻ ዝበልዑ ከሰስትኻ እንተኾኑ፤ ኣብ ጽቡቕ ግዜ ዝኸበቡኻ ኣብ ክፉእ ግዜ እንተ ተፈለዩኻ ኣይትሕዘን። ንሶም ስለዝገደፉኻ ኣነ ኣይገድፈካን። እንተኾነ ግን ንስኻ ውን ከምኡም ከይትኸውን ተጠንቀቕ። ንግፍዒ ዘወገዙ ግፍዐኛታት ክኾኑ ዓይነይ ርእያ ስለ ዝላ። ድኽነት ዝረኣዩ ድኻ ክጸልኡ ፍቕረይ ሓዚኑ'ዩ። ንዓኻ እዚ ኩሉ ዘርእየካ ዘለኹ ግን በዚ ውሽጢ ንዝሓልፉ መጸናንዒ ንኽትከውን እዩ። ናትካ ገንዘብ ናተይ ስለዝኾነ እንተ ኣሕደጉኻ እንተወሰዱልካ ኣይትሕዘን። ብሓጎስ እንድሕሪ ተጸቢኻኒ ንዓይ ኣነ ክኽሕሰካ ኢየ። ብኽፉኣት እንተሓዘንካ ብጽቡቓት ድማ ደስ ይበልካ።

ምእመን ውን መለሰ፦

<<ጐይታየ ርእሰይ ናተይ ማለት ኣሸጊርኒ። ካብ መከራ ኣውጽኣኒ ክብለካ ምኞት ከኣ ዓቢ መከራ ኮይኑ ረኣኹ። ናብራይ ዕረፍቲ ዘይብሉ ኮይኑኒ። ኣብ ሕርሻ ሰብ ስርናይ ዘሪአ ምህርቱ ክርዳድ ኮይኑኒ ሓዘንኩ። ብርእሰይ ንክውስን ተደፋፋእኩ። ጐይታየ ንምንታይ ኣይትወስደንን? ኣነ ምሳኻ ክነብር ኣይከኣለንን ድዩ? ናብ ዘይትስልኞወኒ ናባኻ ክመጽእ። ዕድመይ ከምኡ ኣይውዳእን እዩ እሞ ብዙሕ ጉድ (ሕማቕ) ከይእክብ ብጃኻ ጠርንፈኒ።>>

እግዚኣብሔር ውን መለሰ፦

<<**ወደይ ፍትወይ**! ስጋኻ ኣብዚ ዓለም ተራፊ ኢየ እንዳበለ ምስ ዘመዱ ምስ ሓመድ ንከይጻላእ የርስሓካ። ነፍስኻ ንላዕሊ፤ ስጋኻ ንታሕቲ ክስሕቡኻ ርእየ ኣለኹ። ንስኻ ውን ብዙሕ ግዜ እናበኸኻ ክትጽሊ ግንባርካ ኣብ እንግድዓይ ኔሩ። ንብዓትካ ውን ንቀምሸይ ኣጠልቅይዎ። እዚ ብኽያትካ ንባዕሉ ከም ተጋድሎ፤ ናይ ቅድስና ፍረ ኮይኑ ኣብ ቅድመይ ዋጋ የውህበካ። ተሰሪሕካ ኣይተወዳእካን። ዝሰርሓካ ኣነ ኣይተሰላቸኹን እሞ ኣጆኻ በርትዕ፤ እዚ ዝደጋገም ውድቀትካ ሓይሊ ናተይ ምኳኑ ክትኣምንን ኣብ ማንም ከይትፈርድ ኣብ ውሽጥኻ ዝተረፈ ድኻም እዩ።

<< **ወደይ**! ብዘይ መከራ ንምንባር ኣይትድለ መከራ ኣብ ዙርያኻ ዝሕልወካ ናይ እሾኽ ሓጹር እዩ። እንተ ተመቺእካን ኩሉ ነገር ሰለማዊ እንተኾይኑን ዝኸበካ ሓጢኣት ከቢድ እዩ። ጌና ንዘለኣለም ከተዐርፍ ስለ ዝኾንካ ኣብ ዓለም ብዙሕ ዕረፍቲ ኣይትድለ። ኣነ ኣብ ውሽጢ ማዕበል ጸጥታ፤ ኣብ ውሽቲ ህውከት ሰላም ክህበካ ኢየ ናባይ ተመልከት። ስለይ ኢልካ ንሰባት ፍቶ እምበር ንስለ ልቓሕ ኢልካ ኣይትፍቶ። ንዓይ ድማ ናይ ማንም ውዕለታ ሓሊፍኒ ኣይፈልጥን። ሰይጣን ክትመውት ይደሊ። ጸላኢ ክትነብር ስለ ዘይፈቱ። ናትካ ሰብነት ናተይ ቤት እዩ። ናይ ሰብ ገዛ ከኣ ኣይኮነንን ምፍራስ ብሓይሊ ምኩሕኻሕ የፍርሕ እዩ። እምበኣርከስ ቤቱ ክተፍርስ ብምሕሳብካ ንስሓ እቶ። ከምኡ ውን ወደይ ኣነኽ እንታይ በዲለካ? እንታይስ ኣጉዲለልካ? ከም ክፉእ ጐይታ ሞት ክትምነ ከለኻ ኣነ ሓዚነ። ስሌኻ ናባይ ዝጽልዩ ሰባት ብዙሓት ኢዮም። ብርእስኻ ክትውስን ከለኻ ናይ ዞም ኩሎም ልቢ ትሰብር የለኻን? ነብይ ኤልያስ በቃ ክመውት ክብል ከሎ ጌና ንጉስን ነብይን ይቕብእ ኔሩ። ነዚ ኩሉ ተግባር ኣቕሚጡ ሞት ተመነየ። ንስኻ ውን ኣብ ቅድሜኻ ዓቢ በረኽት ኣሎ። ንስኻ ኣይረኣኻዮን ሰይጣን ግን ስለዝረኣዮ መንገዲ ዓጽይካ። ሙት ኢሉ

ኣማኺርካ። እዚ ናይ ክፉእ ሰይጣን ድምጺ እዩ። እንተወሓደስ ናይ ዳዊት መዝሙር ኣልዒልካ፡- <<ብሕይወት ክነብር ኢየ እምበር ኣይክመውትን፡ ግብሪ እግዚኣብሔር ከኣ ከዘንቱ ኢየ። (መዝ. 118፥17)።

ምእመን ውን መለሰ፡-

<<ጐይታየ ኣዒንትኻ ካብ ኣድማስ ክሳብ ኣድማስ ይርእዩ። የእዳውካ ውን ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ይዝርግሑ። ንመከራይ ከም ጽድቂ ርእየ ንዓኻ ጥፍኣተኛ ንርእሰይ ንጹህ ገረ። ጐይታየ ብግምተይ ዝጠፋእኩ ሰብ ኢየ። ሕጂ ናባኻ ምለሰኒ ኣነ ውን ክምለስ ኢየ። ፍቕርኻ ግለጸለይ ኣነ ውን ክጸንዕ ኢየ። ሰላምካ ሃበኒ ንባሕሪ ክረግጸ ኢየ። ምስትውዓል ዓድለኒ ውጽኢቱ ክመዝኖ ኢየ። ኵሉ ግዜ ኣዘራርበኒ ድምጽኻ ክሰምዕየ።>>

ምእመን ብዝቐስሉ ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእዳው ተባረኸ። ኣነ ውን ተባረኽኩ። ሓይልና በርትዐ። ንጐይታና ገና ክንነብረሉ ኢና ኢልና ዝማሬ ጀመርና።

ምዕራፍ ሽዱሽተ

ናይ ሕይወት ደብዳቤ

ወደይ ፍትወይ! ኣብ ዝተዓጽወ ኣፈትካ፤ ኣብ ዝጸልመተ ቤትካ፤ ኣብ ጎኒ ዝተሸበረ ልብኻ ቆይመ ሰላም ንዓኻ ይኹን ይብለካ ኣለኹ። ሕይወት ዝሃብኩኻ፤ ጉዕዞ ዘጀመርኩኻ፤ ኣብ ልዕሌኻ ምሉእ ስልጣን ዘለኒ ኣምላኽካን ሕይወትካን ኣነ እግዚኣብሔር ኢየ። ወለድኻ ከይሓሰቡ ወሊዶምኻ፤ ኣነ ግን ሓሲበ ኢየ ፈጢረካ። ንስኻ ንርእስኻ ካብ ዘለካ ዕላማ ኣነ ንዓኻ ዘለኒ ዕላማ ይበልጽ። ንስካ ንዋጋኻ ኣነኣኢስካ ዋጋይ ቀንጠ መንጢ እዩ ትብል ኣለኻ። ኣነ ግን ናይ ወደይ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ደም ዋጋ ጌረ ሂበካ ኣለኹ።

ውሉደይ በሓቂ ኣስተውዕል ንስኻ ዝጀመርካዮ ወይስ ንስኻ ዝወዳእካዮ እንታይ ኣሎ? ኵሉ ዝጀመርኩ ንኵሉ ከኣ ዝወዳእኩ ኣነ ኢየ። መጀመርታ ዘይብለይ ኣልፋ መፈጸምታ ዘይብለይ ኦሜጋ ዝበሃል ኣነ እግዚኣብሔር ኢየ።

ንስኻ ብዛዕባ ዝሓለፈ እምበር ብዛዕባ ዝመጽእ ምንም ኣይትፈልጥን። መጀመርታ ርእየ ዘጀምር ኣብ ፍጻሜ ቆይመ ሓደ ዝብል ኣነ ኢየ። ንስኻ ሎሚ እንተፈለጥካ ሎሚ ከም ዝደለኻዮ ናይ ምውሳን ዓቕሚ የብልካን። ሎሚ ዝግዛእ ነዓይ እዩ። ገዛእ ኣካልካ ምስ ዝጽምሉ ምልምላም፤ ቁንጅናኻ ምስ ዝረግፍ ምጽብባቕ፤ ጉልበትካ ምስ ዝደክም ምጽናዕ፤ ጥዕናኻ ምስ ዝርበሽ ምፍዋስ፤ ድቃስ ምስ ዝርሕቀካ ከተቕርቦ ዘይትኽእል። ኣብ ነብስኻ ከማን ስልጣን ዘይብልካ ድኹም ፍጡር ኢኻ። ድኹም ክንስኻ ምርኩስ ገዲፍካ ከመይ ኢሉ ይኸውን? ኣብ ነብስኻ ክትእዝዝ ዘይከኣልካ ከመይ ጌርካ ኣብ ካልእ ነገር ክትእዝዝ ትኽእል? ብዘይ በኣይ ወላሓንቲ ነገር ክትገብር ዘይትኽእል ድኹም ፍጥረት ምኳንካ ኣሚንካ ናባይ ተጸጋዕ። ሰብ ኵሉ ድኹም እዩ። ካባኻ ንላዕሊ ድኹም ስለ ዘየለ ካብ መጨረሽታ ቆጺረ ቀዳማይ ክገብረካ ናባይ ተስፋ ግበር። ናይ ሰብነትካ ሓደ ኣካል ሓሚሙ ምስ ዝጉዳእ ኣድሕኑለይ እምበር ኣወግዱለይ (እለዩለይ) ኣይትብልን። ንነብስኻ ካብ ትፈትዎ ንላዕሊ ንዓኻ ዝፈትወካ ኣነ እግዚኣብሔር ክትድሕነለይ እደሊ።

ውሉደይ! ምስቲ ዝፈትወኒ ምስ ዳዊት ኮይንካ <<በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ>> በል። ነዓይ ዝሰዓቡ ስሞም ከማን ይጽብቕ እዩ። ነዓይ ዝጸልኡ ስሞም ይኽፍእ። ንስኻ ጨካን ከለኻ ወድኻ ቃየል ኢልካ ኣይትሰምን፤ እምባገነን

ኮይንካ ወድኻ ፈርኦን ኢልካ ኣይትጽውዕን ፤ ውሽጣዊ መንነትካ ንዓይ እዩ ዝደሊ። ኣብዚ ዓለም ዝተርፍ ደጋዊ መንነትካ ግን እንዳ ከሓደ ይነብር።

ወደይ ፍትወይ! በረኻ ኣሰልክይካ፤ መልክዕካ ውን ጸሊሙ፤ ኣረጊት ክንዳካ ካብ ሰብ ፈልይካ፤ ዝሕንክስ እግርኻ ምጉያይ ከሊእካ፤ ፈራሒ ልብኻ ኣብ ከተማ ሃዊክካ፤ ሕጂ ኸ ኣይኣመንካን? ሓይሊ ናተይ ምኻኑ? ናይ ምብላዕ ሸውሃት፤ ናይ ምድቃስ ክእለት፤ ናይ ምስሓቕ ጉልበት፤ ኣነ ምኻነይ ሕጂኸ ኣይትኣምንን? እናረኣዩ ዘይምርኣይ ዓቢ ዕረት፤ እናሰምዑ ብዘይምስትውዓሎም ዓቢ ድንቁርና ስለዝኾነ ውሉደይ ተመለስ። ነዓይ ብምፍታዉ ዝኸሰረ፤ ካባይ ርሒቑ ከኣ ዝረብሐ የለን። ንርእስኻ እትኸስባ (እተትርፉ) ከማን ምሳይ ምስ እትኸውን እዩ።

ወደይ ፍትወይ! ዝጸልመተ ሰማይ ዝኽፈት፤ ዝተሰወረት ወርሒ እትወጽእ፤ ዝጠፍኡ ከዋኽብቲ ዝግለጹ በኣይ እዩ። ፍቕረይ ኣብ ኵሉ ዝሰልጠነ፤ ድኻን ሃብታምን ዘይፈሊ ብኹሉ ሸነኽ ከም እትወጽእ ጸሓይ እዩ። ሓለዋይ ጽኑዕን ዘይድፈርን እዩ። ኣብ ናይ መከራ መዓልቲ ኣጸናናዒ ኣነ ኢየ። ጌና ዝተወልደት ወርሒ ኣሚኖም ብምሸት ጉዕዞ ዝጅምሩ ምስ ትስወሮም ደው ይብሉ። ኣነ ግን ንዘመናት ዝነብር፤ ኣውጺአ ኣብ ዱር ዘይስወር፤ ካብ ሓድሽን ዝኸረመን ፈታዊ ዝበልጽ፤ ውግእ እንተ ሰፍሐ ምስ ጸላእቲ ዘይደባለቕ ጽኑዕ ብርሃን ኢየ። ንሰማይ ከማን ተጨኒቕ ናይ ብርሃን ቀለም (ከዋኽብቲ) ብኹሉ ሸነኽ ዝሰለምኩ ኣነ እግዚኣብሔር ናትካ ሕይወት ክጽብቕ ኣብዚሐ ዝሓስብ ኢየ።

ወደይ ፍትወይ! ዝተፈጥሩ ንዓኻ፤ ንስኻ ንዓይ ክትከውን መዲበ ኣለኹ። ንስኻ ግን ብግልባጡ ንዓይ ምኻን ተሪፍካ ናይ ፍጥረት ካብ ኮንካ ፍጥረት ናተይ ኮይኑ ከምጽኣካ እዩ። ንስኻ ነዓይ ምስ ትኽተል በረኽትን ረዲኦትን ነዓኻ ይስዕቡኻ። ነዓይ ምስዓብ ገዲፍካ ንዝስዕበካ ካብ ሰዓብካ ከልቢ ጭርኡ ንምንካስ ዕንክሊል ከም ዝብል ዕንክሊል ክትብል ኢኻ። ውሉደይ! ከምዝምዝ ወርቂ ካብ ኢያሰጲድ ዕንቁኡ ኣነ ይሕሸካ።

ወደይ ፍትወይ! ሓያል ዘይሓልፎ መዓልቲ ሓሊፍካ ክትርኢ፤ ስልጣን ዘይሓልፎ መዓልቲ ሓሊፍካ ክትርኢ ዝተሰከመካ ስዉር ቅልጽመይ ናተይ ረድኤት ምኻኑ ኣይትረስዕ። ኣነ እናረሳዕካኒ ይዝክረካ ኣለኹ። እናሃደምካ ይጽግዓካ፤ ምእማን

እንተረሓቕካ ብተኣማንነተይ የንብረካ ኣለኹ። ውሉደይ! እዚ ግን ኣይመችእካ። ድንዛዜ ኣይመቕርካ። ዝርህርሃልካ ናብ ንስሓ ክትበቅዕ እምበር ሓጢኣትካ ተሰማሚዕኒ ኣይኮነን። እዚ ኵሉ ዘመን ዝተሰከምኩኻ ካባይ ካብ ኣቦኻ ንላዕሊ ምድሪ ከማን ከምዘይትኽእለካ ፈሊጠ ኣባይ ከተዐርፍ እምበር ዝጣበቕልካ።

ሓጢኣትካ ተሰማሚዕኒ ኣይኮነንን። ኣነ እንተገዲፈካ ብነጻ ከማን ዝደልየካ የለን። ውልድነትካ እንተስኢንካ ተረፍ ሓሰማ ክትበልዕ ተተመነኻ ከማን ኣይኮነልካን። ካባይ ንላዕሊ ሕይወትካ ዝሃብካዮም የዕሩኽትኻ ሎሚ ኣበይ ኣለዉ? ናይ ንፋስ ሰረገላ ዝተሳፈረት ቆጽሊ ንውሑድ ግዜ ድሕሪ ምንስፋፋ ሓጎሳ ከይወድአት እቲ ንፋስ ናብ ገደል ደርብይዋ ይኸይድ። ኣነ ዘይከብረሉ ዕርክነት ኣብ ሜዳ ተሰኪሙ ኣብ ገደል ዝድርቢ ናይ ንፋስ ሰረገላ እዩ።

ውሉደይ! ንዝረአ ኣሚንካ ንዘይርአ ጐይታ ኣይኣምንን ኢልካ። ሎሚ ዝርአ እናተሰወረ ስለዝኾነ እቲ ዘይትሪኡ ጐይታ ምስተገልጸ ከይትሓፍር ቀልጢፍካ ንስሓ እቶ! ሓጢኣትን ዓለምን ፈቲኻ እንተዘይ ገዲፍካዮ ኣይጽገብን። ፍረ በለስ ክትበልዖ ምቁር እዩ፤ ጸኒሑ ግን መሪር እዩ። ሓጢኣት ከኣ ንግዚኡ የሐጉስ እዩ፤ ጸኒሑ ግን ሓዘን ይወልድ። ቀልጢፉ ንዝበንን ሓጎስ ደሊኻ ንሕልናኻ ብናይ ሓጢኣት ውግእ ኣይተድምዮ።

ውሉደይ! ሓጢኣት ስለ ጣዕሙ ዘይኮነስ ስለ ግዝኣቱ ባርያ ይገብረካ። ኣነ ግን ናጽነት ይህበካ ኣለኹ እሞ ናባይ ተጸጋዕ። ኣነ እንተ ዘይገዚኣካ ሰይጣን ከምኡ ውን ክኢላታት ከይተረፈ ይገዝኡኻ። ብፍቕሪ ዝገዝእ ኣነ ይሕሸካ። ካባይ ወጻኢ ዘለዉ ጎይቶት ርኢኻዮም ኢኻ። ድሙ ኣብ ኣንጭዋ ከም ትገብሮ ዓይንኻ ኣጥፊኡም ከጻወቱልካ ነቢሮም። ዓርኪ ገዚእካ ርኢኻዮ፤ ናብ ገደል መሪሕካ። መስተ ገዚእካ ርኢኻዮ፤ ኣብ ኣደባባይ ኣዋሪድካ። ዝሙት ገዚእካ ርኢኻዮ ፤ ኣእምሮኻን ኣካልካን ፍጹም ኣድኪምዎ። ባህሊ ገዚእካ ርኢኻዮ፤ መምሰሊ ጌርካ። ኦሪት ገዚኣትካ ርኢኻያ፤ ናይ ፍርዲ ዓንቀጽ ጠቒሳ ኣጨኒቕትካ። ተረት (ጽንጽዋይ) ገዚእካ ርኢኻዮ፤ ከርታታ ጌርካ። ፖለቲካ ገዚእካ ርኢኻዮ፤ ለፍላፊ ዕቡድ ጌርካ። ፍቕሪ ጓል ገዚእካ ሪእኻዮ፤ ከልቢ ጌርካ። ግዝኡኒ ኢልካ ኣብ ርእስኻ ዘቕመጥካዮም ቁስልን ዘየናሕስዩን ነበሩ። ኣነ ግን ናይ ርእሲ ወርቂ፤ ናይ ክብሪ ኣኽሊል ኢየ'ሞ ውሉደይ

ነዓይ ተገዛእ። ካብ'ዚ ናትካ ሰዓት ዝሓሸን ምቹእን ግዜ ስለ ዘየለ ንኽትድሕን ብወደይ ብኢየሱስ ክርስቶስ እመን! ንስሓ ኣቲኻ ብደሙ ተሓጸብ።

ብሩኽ ኩን።

ሓደ ተስፋኻ ኣነ እግዚኣብሔር ኢየ።

ምዕራፍ ሾብዓተ

ርእየካ

ዝነዮ ዘይብሉ ይሃድም። ሰሪቹ ኣይኮነን፤ ነፍሲ ስለ ዝቐተለ ናብ መዕቆቢት ከተማ ደልዩ ኣይኮነንን። እናሃለወ ከምዘየለ፤ እናተፈትወ ከም ዝተጸልአ፤ ተኸቢቡ ከሎ ከም ዝተነጸለ፤ እናረኸበ ከም ዝሰኣነ እናመሰሎ ሃንደበት ፍርሓት ወደዲቕዎ እዩ። ዘፍርሕ ምኽንያት፤ ዘፈራርሕ ጨካን መጺእዎ ዘይኮነስ ባዕሉ ፍርሓት ኣፍሪሕዎ ብዘይ ምኽንያት ብዘይ ዘፈራርሕ ናበይ ክጠፍእ? እናበለ ይህውትት (ሃለው) ይብል። ባኒ እንተሓኒቕካ ብማይ ተውርዶ፤ ማይ እንተሓኒቕካ ኸ ብምንታይ ይወርድ? ጸላኢ እንተ ተላዒሉ ብናይ መንግስቲ ሰራዊት ክእለ ይኽእል እዩ። ንሓድሕድካ ባእሲ እንተ ኾይኑ ግን እንታይ ይግበር? <<ኵሉ በዓል ሕቶ እዩ፤ ናተይ ሕቶ መን እዩ ዝምልሶ? ሰብ ሰሚዑ ምዕባደይ ካብ ኣረጋገጸለይ ካብ'ዚ ንደሓር? መን የኽብረኒ? ዕቡድ ይሕሾ እምበር ኣይድሕንን እናበለ ዘዘናግዓኒ የለን?>> ብምባል ብሓሳብ ምስ እምኒ ይናጋዕ (ይጋጮ)። ባዕሉ ሓታቲ፤ ባዕሉ መላሲ፤ ባዕሉ መናፍቕ፤ ባዕሉ ጳጳስ፤ ባዕሉ ከሳሲ ባዕሉ ዳኛ ምኂን ብብርቱዕ ኣድኪምዎ።

ንሰላምታ ውን ቀጺሉ ነገር እንተ ኣምጽአ ኸ ኢሉ ይፈርሕ። ኩናት ኣብ ዘይብሉ ኩናት ፈጢሩ ናይ ሰራዊት ሰፈር፤ ናይ ውግእ ሜዳ መስሪቱ ስንቅን ዕጥቅን ዘቕብሎ ፈታዊ ዝሰኣነ እንተ መሰሎ ናይ ስዕረት ስምዒት ይሰብሮ <<ንደልየካ ኢና፤ በጃኻ ኣበይ ኣለኻ?>> እንተ በልዎ ነዚ ኵሉ ብሰናይ ምርዳእ ተሳኢንዎ መግለጺ ብዘይብሉ ብዝተቐራረጸ እስትንፋስ ሽዑ ንሽዑ የስተንፍስ። ኣስተንፊሱ ምስ ወድኣ ፍርሓቱ ግልል ይብል እምበር ኣይዝሕለሉን። ናቱ ጉድ፤ ናቱ ስንፍና፡- <<ሓደ ሰብ ኔሩ፤ ከምዚ ገጢምዎ፤ ከምዚ ከኣ በልክዎ፤ ንስኻ'ኸ እንታይ ትብሎ?>> እናበለ ርእሱ ሓቢኡ ርእሱ የጻውት። ከም ካልእ ሰብ ብዛዕባ ርእሱ ምስማዕ ይደሊ።

እግሩ ኣንቀሳቕሰ፤ ንሕልንኡ ዝኣክል እንተ ዘይፈጠነ ካብ ኮፍ ምባል ምህዳም ከምዘዋጽአ ሓሰበ። ካብ ዝነብረሉ ከተማ፤ ካብ ዝተወልደሉ ሓቂ ርሒቕ ክኸይድ፥ ሓሳብ ኣብ ዝባኑ ከም ዝተሓዝለ ንብረት ንድሕሪት ክወድቀሉ ተሰምዖ። ኣየ ዕሽነት! ዘጨንቕ ነገር ትራንስፖርት ከይደለየ፤ ሓቢሩ ይጎዓዝ። እቲ ጽዕነት ንዕኡ ይኽበዶ እምበር ንሰረገላ ኣይመዝንን! እተንጸባርቕ ድምቕቲ ኢየሩሳሌም ገዲፉ ናይ ገጠር ከተማ ንዝኾነት ናይቲ ዘመን እቲ ዓባይ ዝነበረት ናይ ገሊላ ከተማ ንኽረክብ ጉዕዞ ጀመረ። ኣብዛ ከተማ እዚኣ ሓደ መዓልቲ ዝተላለዮ ሓደ ጭዋ ሰብ ነበረ።

ንእግዚኣብሔር ዝፈርሕ ሰብ እዩ ዝኸውን ኢሉ ናብቲ ሰብ ጉዕዞ ጀመረ። ካብ ብዙሓት ፈተውቱ ንሓደ ፈታዊ ብዙሕ ንነዊሕ ዘመን ካብ ዝፈልጦም ንናይ ሓንቲ መዓልቲ ሌላ ዘለዎ ነዚ ሰብ ደልዩ ገስገሰ። ናይ ሰረገላ ሕሳብ ከፊሉ ምስ ወረደ ሓንቲ ግዜ ናይ ጌንሳሬጥ ባሕሪ ኣብ ዓይኑ ቅጅል ስለ ዝበሎ ብጸጋም ናይ ገሊላ ዓድታት እናቐረጸ ናብ ናይ ፈታዊኡ ኣፈት በጽሐ። ዓርኩ ውን ከም ናይ ሓንቲ መዓልቲ ሌላ ዘይኮነስ ከም ናይ ነዊሕ ግዜ ዓርኩ ኮይኑ ተቐበሎ። እቲ ተቐባሊ ህድኣቱ፤ ርግኣቱ፤ ኣስተውዒሉ ምዝራቡ . . . ብጣዕሚ እዩ ዝማርኽ። ዓቢ ናይ ቅድስና ሕይወት ዘለዎ ሰብ ነበረ። ብዙሕ ሕቶታትን ብዙሕ ሓደጋታትን ዝገጠምዎ እንተኾነ፡- <<እግዚኣብሔር ካብ በለ ይኹን፤ ኣነ ካብኡ ንላዕሊ ዝፈርሖ የብለይን>> እናበለ ዝጸናናዕ ሰብ ነበረ። ንመጸናንዒ ግን ብዙሕ ልሳን (ቋንቋ) የብሉን። ኮይኑ ግን ምጽንናዕ ውን ርድኢት ይሓትት እዩ'ሞ ኣብ ጎኒ ዝተጸናንዐ ምኽን ከም ዘጸናንዕ እቲ ከርታታ ፈለጠ።

ንኽፉእ ልቢ ዝግባእ እዚ ስለ ዝኾነ ንዘይ ኣማኒ ዓስቡ ከምዚ እዩ ምባል ከንቱ ፍርዲ እዩ። ምርባሽ፤ ምጭናኞ ኣዛዚ ማዕበል ክሳብ ዝእውጅ ምህዋኽ እዚ ናይ ሕይወት ሓደ ክፍሊ እዩ። እዚ ሰብ ንቕንዕንኡ ክፉእ ትርጉም ረኺቡ፤ ኣብ ዝሸምገሎ ሓዳር ተጠርጢሩ፤ ናይ ሰናይ ነገር ዋግኡ ካብ ሰብ ቀኒሱ ክፉእ ንዘይምኽን ሕልንኡ ኣጨኒቕዎ፤ ቅኑዕ ንምኽን ሰናይ መልሲ ስኢኑ ግዜኡ ዘባኽን ነበረ። ንሓደ ሰብ ኣጸናኒዐ ክብል ከሎ ካልእ ዝሓዘነ እናመሰሎ ዝስቀቕ ምስኪን ፍጡር እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ <<ሚዛን ትኽክል ንምኽን ይንቅጥቀጥ፤ ኩሉ ንምኽኣልን ንኹሉ ማዕረ ንምርኣይ ከኣ ምንቅጥቃጥ ግዲ ይብል>> እናበለ ንርእሱ ይዛረብ፤ እንታይ ደኣ ቅንዕና ስራሕ ኣይኮነንን፤ ሕይወት ካብ ኮነ ከመይ ከቢድዎ?

ኩሉ ኣይከፍእን ኩሉ ከኣ ስለ ዘይጭክን ሓደ ከሳድድ ሓደ ከኣ የጸግዕ፤ ኩሉ በሓደ ስለ ዘየልቅስ ሓደ ከልቅስ ሓደ ኣጸናናዒ ይኸውን፤ ኩሉ እንተዝኽን ኩሉ ከኣ ኣልቃሲ እንተዝኸውንስ? እግዚኣብሔር ግን ብኹሉ ብነጸላ ከይተመዝነ ንበይኑ ናይ ሰላም ደሴት ኮይኑ ይነብር። እቲ ዝንሃየ ኣብ ውሽጡ እተንፈርፍር ነብሱ መን ፈሊጥላ፤ ፈንጠርጠር ከይትብል መን ይሕዛ? ካብ ርሑቕ ስለ ዝመጸ ጽቡቕ ምግቢ የዳልውሉ፤ መታን ከይሓምም ማይ የጻርይሉ። እናበለዐ ዝጠመየ፤ እናሰተየ ዝጸምኣ፤ ተኽዲኑ ዝቕረረ፤ ኣብ ገዛ እናሓደረ ፍርሓት ዝወሓጦ ምኽኑስ መን ይፈልጠሉ? ንሱ ቦታ ቀይሩ እምበር ህውከቱ ኣይተቐየረን። ካብ ኢየሩሳሌም ክሳብ ገሊላ ኣብ ውሽጢ ላጋ ከምዘሎ ጸባ ይሕቆን። ተሓቕኑ ተሓቕኑ ከም ዝረግእ ግን ምእማን ከቢድዎ።

ሎሚ ናይ ሰረገላ ወዲኡ ኣይሽግሮን። ቁራስ እንጌራ እንዳሰኣነ ሕጂ ናይ ምግቢ ሕጽረት የብሉን። እዚ ጉድለት እዚ እንተሓሊፉ ካልእ ጉድለት ዘሎ ኣይመስሎን ኔሩ። ዓለም ግን ኣይውዳኣን። ከምቲ ዓለም ክፍኣታ ዘይውዳእ ምኽኑ እግዚኣብሔር ሰናዩ እንተዝውዳእ ኔሩስ ከመይ ምኾነ ኔሩ? ኣብ ዓለም ዝተደግመ እምበር ሓድሽ ነገር የለን። ሓድሽ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። ኣነ ዝውድኡ መከራን ስደትን ኣየናይ እዩ?>> እናበለ ንርእሱ ይሓታ። ዝሃደመሉ ስፍራ ካብ ምድረ በዳ ሕይወት ኣየጽልልን እናበለ የሳቐዮ።

ሰብነቱ ዝተጨበጠ ስለዝመሰሎ ናይዚ መድሃኒቱ ናይ ሰብነት ምንቅስቓስ እዩ ኢሉ ይንቀሳቐስ። ኣካሉ ይድልድል፤ ውሽጡ ግን ኣብ ውሽጢ ማይ ከምዘሎ ጨው ይሓቅቕ። ኩሉ ስጋዊ ብልሓቱ ናይ መንፈስ ጽምኣቱ ከምዘየዕግቡ ዝፈለጠ ይመስል። ኣብ ኢዱ ሒዝዎ ዘሎ መጽሓፍ ስለ እምነት ተጋድሎ ስለ ሰማእታት፤ ስለ ዝተሰውኡ ናይ ወንጌል ሓርበኛታት ዘዘንቱ (ዝትርኽ) እዩ። ብርዑ ኣውጽኡ እሞ ቀለሙ በጽቢጹ ንወረቐቱ ኣውረየላ። ከም እንደገና ንነገሩ ከም ምጽናዕ ኣብ እግሩ ብቐይሕ ቀለም ኣስመረሉ። ከምዚ ክብል ጸሓፈ፦ <<ኢጋይሽ ንቐበል ንሓድሕድና ግን ዘይንቀባበል ህዝቢ ምኽንና የሐዝን እዩ። በዳልን ተበዳልን ሓደ እስራኤላዊ ዝኾነሉ ታሪኽና እቲ ፋይል ጌና ብይቐሬታ ኣይተዓጽወን። ንሓቂ ዝገፍዕ እንተ ሃለወ እኳ ካብኡም ንላዕሊ ሓቀኛታት ኣብ ዘመን ምትንስኡም ይዕግበና። ንዝኣምኑ ምንም ይኩን ንዝኣመንዎ ነገር ርእሶም መስዋእቲ ጌሮም ምቐራቦምን ዘይምፍራሑምን ናተይ ፍርሓት ቆይሙ ይዕዘቦም። ኣእምሮ ዝእዝዞን ኣእምሮ ዝኣዘዞን ብዘይ ዘረባ ምግላጽ እምነት ይሓትት። ሓድሽ ነገር ኣብ ውሽጢ ዝውገዙ ማሕበረሰብ ሓድሽ ነገር ሒዞም ዝወጹ ብጨካን ሰራዊት ይዋግኡ። እንተኾነ ውን ሓድሽ ነገር ኣረጊት ኮይኑ ኩሉ ሰብ ክሕዞ ኣብ ታሪኽ ርኢና ኢና። ንሓሳብ ብሓሳብ ክትቃወም ዘይምኽኣል ቀታሊ ነብሲ ይገብር። ንሓቀኛ ብምጥፋእ ንሓቂ ከተጥፍእ ኣይከኣልን። ኣፍ እንተ ሓሰወ እኳ ልቢ ግን ንእግዚኣብሔርን ንባዕሉ ሓቂን ይኣምን። ዝነበረ ኩሉ ትኽክል፤ ሓድሽ ከኣ ኩሉ ስሕተት ምኽን ብፍጹም ኣይክእልን። . . .

. . . ታሪኽ ፍርዲ ስለ ዝኾነ ንምፍራድ ናይ ታሪኽ ተመራማሪ ሓቂ ምፍላጥ የድልዮ። ከም ሞያኡ ግን ናይ ሰባት ናይ ፍርዲ ሕሊና ሰሪዙ (ደምሲሱ) ኣይፈርደሎምን። ግን የርእዮም። ንሓሳብ ምትራፍ ኣይከኣልን ሓሳብ ንምግላጽ ግን ናይ ባህልን ስልጣንን ተጽዕኖ የትርፍ እዩ። ሕቶ ከማን ከም ስሕተት ዝቐጸረሉ ባህሊ ምንባር ኣድካሚ እንተኾነ ነዚ ዝተቓለሱ ግን ውሑዳት ኢዮም። እዚ እዩ ክትብል

ንዕኡ ንባዕሉ ክትገልጽ ዘይም ኽኣል ከቢድ እዩ። እዚ ክትብል እቲ ምባል ስብእና ከም ምኽሓድ እዩ። ንሓቂ ፊት ንፊት ዝረኣይዋ ከመይ ዝተባረኹ ኢዮም!

. . . ካብ ታሪኽ ምምሃር ኣይተኻእለን። ታሪኽና ግን ሕማም ዘለዎን ሎሚ ዘንበርክኸና ብምኺኑን ምምሃር ግዲ ይብለና። . . .መቸም ዘይመሃርዎ ቆልዓ ንምንታይ ኣይትፈልጥን? ኢሉ ዝወቅስ ወላዲ የለን. . .>> ኢሉ ድሕሪ ምጽሓፉ ቅንዕ እንተበለ ኣደባባይ ፊት ንፊቱ (ኣብ ቅድሚኡ) ተራእዮ። ኣብቲ ኣደባባይ ዝሃለቕ ሰማእታት ሓሰበሞ ኣቦታቱ ዝቐተልዎም ንሱ ድማ ሎሚ ከኽብሮም ትዝ በሎ። <<ንሕና ናይ ወላሓደ ቅዱስ ደም ዘየፍሰስና ኢና>> ዝብል ናይ ፈሪሳውያን ትምክሕቲ ልቡ ኣድመዮ። እወ እስራኤላዊ ሶርያዊ ቅዱስ ቀቲሉ ኣይፈልጥን ይኸውን። ቅዱስ እስራኤላዊ ምቕታል ግን መሰሉ እዩ ዝመስሎ። እዚ ሰብ ጨርሐ ተዛረበ። ኣብ ጎኑ ሰብ ኣይነበረን እምበር ዓቢዱ (ተጸሊሉ) ተባሂሉ ስም ምወጸሉ ኔሩ። ስሙ ምቕያር ድማ ኣብ ዝኾነ ጥዕና ኣይከኣሎን። ጨርሐ ተዛረበ፦ <<ኣየ ዓለም ንዝሞቱ ጻድቃን ከተዘክር ንዘለዉ ጻድቃን ግን ትቕትል !!!>>

ናይ ጌንሳረጥ ባሕሪ፤ ናይ ሊባኖስ ጫካታት ሰሚዖም

ከንጨብጭቡ ተሰምዖ እሞ ዓገበ።

ብጫፍ ባሕሪ ገሊላ፤ ካብ ናይ ጀልባታት ምቕዛፍ፤ ብዘገርም ንእትዓርብ ጸሓይ ካብቲ ማይ ርሕቕ ኢሉ ብምጽባይ . . . ኵሉ ምንም ናይ ሕይወት መልሲ ኣይረኸበን። ንሱ የዕርፈኒ እዩ ኢሉ ካብ ዝመጽኣሉ እቶም ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝነብሩ ገፈፍቲ ዓሳ ኣብ ኢየሩሳሌም ናብራ እንተጀሚሮም ከም ዝዓግቡ ነገርዎ። ንሱ ካብ ኢየሩሳሌም ካብታ ድምቕቲ ከተማ፤ ኵሉ ብይግባኣኒ'ዩ ካብ ዝበኣሱላ ከም ዝመጸ ኣይፈለጡን። ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ዘይብሉ ነገር ሓጎሱ ይደሊ። ሓጎስ ግን ኣብ ውሽጢ ዘለናን ዘይብልናን ነገር ኣይተሰወረን። ሓጎስ እግዚኣብሔር ከምዘለና ምስ ዝስምዓና እነፍስሶ ሃብቲ እዩ። ካብቲ ገምገም ባሕሪ ተንሲኡ ብናይ ሊባኖስ ጫካታት ናብ ዝተሸፈነ ጎቦ ጉዕዞ ጀመረ። ድልየቱ ሎሚ ንኽብቅዕ ወሰነ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዓቢ ጫካ ኮይኑ ሓንቲ ግዜ ጥራይ ንክሓስቦ ነቲ ርህሩህ ኣምላኽ ምምሕጻን ጀመረ። ንብዓቱ ከም ወሓዚ ፈሰሰ። ኣነ ንብዓት የብለይን ዝብል ዘረብኡ ሓሶት ኮነ። ናይ ንብዓቱ ሓጹር ተቕጥዐ።

ናይ ወድነት ኣቋሪጹ ተረፈ። ንዝስነፍሉ ዝስነፍ ኣምላኽ ኢዱ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ተማረኸ። ህልውና ኣምላኹ ምስ ተሰምዖ ካብ ልመንኡ ብዝበኣሰ በዓቢ ብኽያት ኣቕረበ፦ <<ጐይታየ ዝኾነ ይትረፈኒ ዘፍርሓኒ ናይ ሓሳብ ተፋላሚ ከኣ ከምዘለዎ ይንበር ንዓኻ ምብዳል ጥራይ ይእከለኒ ። ንኹሉ ብኣኻ ረሲዐዮ ንዓኻ ግን ብመን ክርስዓካ? ኩሉ ኣባኻ ይርከብ እዩ፤ ናትካ ቦታ ግን ብመን ይመልእ?>> እናበለ ከም ህጻን ቆልዓ ብንብዓት ንስኻ ኢኻ ጀመረ። ጉልበቱ ደኸመ፤ ንብዓቱ ነጸፈ። ኣብቲ ጫካ ከኣ ከም ዝሞተ ሰብ ኮይኑ ተዘርግሐ። ዓቢ ናይ ሓሳብ ህሞት ዓቢ ናይ ሕይወት ምልልስ ክኸውን ክረኣዮ ጀመረ። ብናቱ ጭንቀትን ናይ ዝርርብ ክእለት ብመርትዖ ዘይግለጽ ነገር ኣብ ውሽጢ እቲ ህሞት ይዛረቦ። ይሓትት ልዑል ውን ኣብ ዝፋኑ ኮይኑ ይምልሰሉ። ኣብ ባዕሉ ኮይኑ ዝሓቶ፤ ኣብ ክእለቱ ኮይኑ ዝምልሶ እቲ ኩሉ ኣብ ኩሉ ዝኾነ ወዲ እግዚኣብሔር ነበረ ነናይ ነፍስ ወከፍ መልሲ ከም ናይ ውሳኔ ዳኛ ጽኑዕን ዘይድፈርን ነበረ። ክገብሮየ ዝበሎ ውን ብተኣማንነት ይገብሮ።

ምእመን ውን በለ፦

<<ዘመን ዘየድከመካ ንስኻ ጥራይ ኢኻ፤ ናይ ዘመናት ሓንካስ ዝኾንኩ ወድኻ ሎሚ ውን መጺእ ኣለኹ። ናይ እምነት ድኹም፤ ንመጻኢ ዝኸውን ናይ ጠባይ ለውጢ ሎሚ ውን ኣየርኣኹን። ከም ናይ እምኒ ኪሎ ሜተር ብናይ ቀደም ቁጽረይ ይነብር ኣለኹ። በጃኻ ስርሐይን ናይ ድኻም ቁጽረይን ቀንሶ። ተፈቲንካ ም ሕላፍ ናፊቕዮ። ካብ ሰብ ኢሎሞ ብብዙሕ ጻዕሪ እንተ ተላቐቐ ቅሬትኡ ግን ገና ይሕምሰኒ። ጽድቂ ክርኢ ከለኹ ንሓጢኣት ይጽየፍ። ግን ብሕልናይ ዝጸልኦ ብተግባረይ ፈጺመ። ማዕበላዊ ልበይ ቃለይ ኣየኽብርን፤ ናይ ስልጣን ቃል ዘለካ ንስኻ ምስ ትዛረቦ ስቕ ይብል። ብዙሕ ዘመን ጸዊዐካ ከም ጨካን ንምንታይ ስቕ ኢልካኒ? ካብዚ ንነብሰይ ዘዳኽማ ጉድ ንምንታይ ኣይተገላግለንን። ሕማመይ ብዙሕ እንተኾነ ውን መድሃኒተይ ግን ሓደ ንስኻ ምኳንካ ኣሚነ።>>

እግዚኣብሔር መለሰሉ፦

ውሉደይ ብፍቓደይ ዝፈጠርኩኻ፤ ብፍቓደይ ዘድሓንኩኻ ኣነ ኢየ። ካብ ማህጸን ጀሚረ ንቕጽበት ዓይኒ ከይተፈለኹ ዝሓለኹኻ ንኽድርብየካ ኣይኮነን። ንዝድርብዮ ነገር ዝደክም ስለ ዘየለ። ንምውታን ሕይወት ዝህብ ናይ ህያዋን ኣምላኽ

ኣነ ኢየ። ኣይኮነን ንዘሎ ነገር ይትረፍ ንዘየለ ናብ ምንባር ኣምጺኡ ምሃብ ዝኽእል ናይ ሓያላት ጐይታ ኣነ ኢየ። ንስኻ ፍቓድ እምበር ሓይሊ ከምዘይብልካ ክትፈልጥ መታንን፤ ብዘይ ብኣይ ውን ወላሓንቲ ክትገብር ከምዘይ ትኽእል ከፍልጠካ ብዙሕ ዘመን ስቕ ኢለካ። ንጽድቅኻን፤ ንቕድስናኻን ኣነ ኣድልየካ ኣለኹ። ሓይሊ ናትካ እዩ ኢልካ ብፍጹም ክትማረኽለይ በዛ ግዜ ክሰርሓካ ይትንስእ ኣለኹ። ንስኻ ከምኡ ድኹም ምኳንካ ይፈልጥ ኢየ። ኣነ ከኣ ከምኡ መሓሪ ኢየ። ሎሚ ናባይ ነዓ ከይበልኩኻ ካብ ዘለኻዮ ቦታ ከተንስኣካ መጺኡ ኣለኹ። ተዘርጊሓ ንእትነብር ኢደይ ኢድካ ዘርግሕ። ሰሪሐ ናይ ክብሪ ንብረተይ መታን ክገብረካ ፍቓድካ ሃበኒ። ኣነ በዓል ሞያ ኢየ። ንዝተበላሸወ ሰሪሐ ክጥቀም ይኽእል ኢየ። ኣይሁድ ወዲ እቲ ጸራቢ ኢሎምኒ። ኣነ ግን ናይቲ ዕንጨቲ ዝጸርብ ወዲ ዮሴፍ ዘይኮንኩስ ናይ ዓለም ሃናጺ ወዲ ኣብ ኢየ። ክሰርሓካ ፍቓድን ሓይልን ኣለኒ እሞ ውሉደይ ዝደክም ልብኻ ሎሚ ይበርትዕ! ዝተደርበየ ኣይትኹን፤ በዓል ቤት ስለ ዘለካ። ዝተጠቕዐ ኣይትኹን ፈራዲ ስለ ዘለካ። ንበይንኻ ኣይትኹን ብረድኤቱ ተኽቢብካ ስለ ዘለኻ።

ውሉደይ ናብ ዝሓሰብኩልካ ደረጃ ብትዕግስተይ ከብጽሓካ ኢየ እሞ ደስ ይበልካ! ንስኻ ግን ንስጋን ንዓለምን ከሓድ። ኣነ ካብ ትጸልኦ እምበር ካብ ትፈትዎ ሓጢኣት ኣይፈልየካን። ተፈቲንካ እንተወደቕካ ውን ቅኑዕ መምህር ኢኻ እሞ እንደገና ፈቲነ ከሕልፈካ ኢየ። ካብ ደው ምባልካ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ውድቀትካ ውን ተመሃር። ዝቕበለካ ኣነ ዘይሰልቸወንስ ንስኻ ናባይ ንምምጻእ ንምንታይ ይስልችወካ? ማዕጾይ ኣብ ዝፈጠርክዎም ዓጽየ ኣይፈልጥን። ብሞት ክሳብ ትጽዋዕ ናባይ ንምምጻእ ዕድል ኣለካ። ግን ናይ ዕድሜኻ ፍጻሜ ሎምዓንቲ ምሸት ውን ክኸውን ስለ ዝኽእል ኩሉ ብምድላው ንበር። ውሉደይ ንሓቂ እምበር ንኢሎሞ ኣይትንበር። ንዓይ ደስ ከተብለኒ ሰባት ደስ ዝብሎም ኣይተስእኖም። ንሰባት ከተሐጉስ ምስ እትነብር ግን ነዓይ ከተሕዝነኒ ኢኻ። ናይ ቤላቤለው ተግባርካ ምስ ውዕለት ስለ ዘይቁጸር ንሓቂ ንበር። ውሉደይ ሎሚ ሓጢኣት ሰሪሕካ ሕማም ስለ ዝተሰምዓካ ደስ ይብለኒ። ሓጢኣት ሰሪሕካ ምስ ትድቅስ ግን ኣብ ኣፈት ሲኦል ከም ዝበጻሕካ ፍለጥ። ውሉደይ ንእትጸልኦ ሓጢኣት ምስ ትሰርሕ ናይ ምልዋጥ ግዜኻ ስለ ዝበጽሐ ብተስፋ ኮይንካ ኣልቅስ።

ውሉደይ ቅዱስ ዝኾነ ናይ ልቢ ምስባር ብናትካ ጻዕሪ ዝርከብ ኣይኮነን። ናብ ሞተይን ፍቕረይን ኣትኩርካ ምስ ትምልከት ጥራይ ናይ ልቢ ምስባር ይኾነልካ። በዛ ግዜ እዚኣ ናተይ ናይ ፍቕሪ መኣዛ ይረጭብሃል። ኣብ ዝኽድካዮ ኩሉ ነዓይ ነዓይ ትፈልጥ። ውሉደይ ንብዓትካ ርእየ ኣለኹ። ቃልካ ውን ሰሚዐ ኣለኹ። ወተሃደር ዝስልጥን ማይ ሒዙ ንኽይሰትዮ ብምኽልካል እዩ። ኣነ ከኣ ንዘለኒ ዘልዓልኩኻ ክሳብ

ትሰርሕ እዩ። ኣነ ዝጸዋዕኩኻ ናብ ሜዳ ኩዕሶ ዘይኮነስ ናብ ሜዳ ኩናት እዩ። እንተ ኾነ ግን ውግእ ናተይ፤ እቲ ዓወት ከኣ ነዓኻ ዝህቦ ህያበይ እዩ።

ምእመን ውን መለሰ፦

ጐይታየ! ሽግረይ ንምንታይ መወዳእታ የብሉን እቲ ሰንሰለቱ ንምንታይ ኣኽቢድካለይ? መታን ከዐርፍ ናብቲ ዝተበገስኩሉ ክምለስ ንምንታይ ኣይትፈቕደለይን ? መከራይ ምስ ከበደኒ ተጻረርተይ ተወዲአም ፈተውተይ ተጻረርቲ ክኾኑኒ ርእየ። ኣሳደድተይ ደኺሞም ዝስደዱ ዝነበሩ ከሳድዱኒ ርእየ ኣለኹ። ጐይታየ! እዚ ምስካም ነዓይ ከቢድ እዩ። ንምንታይ ኣይትፈርደለይን?

እግዚኣብሔር ውን መለሰ፦

ውሉደይ! ንስኻ ከም ዝወጻእካዮም እትፈልጦም ውሑዳት ሓደጋታት ኢዮም። ኣነ ከም ዘሕለፍኩኻ ዝፈልጦም ግን ብዙሓት ሓደጋታት ኢዮም። ኵሉ ገሊጸ ንተዘርእየካ ምንቅስቓስ ከማን ምፈራሕካ ኔርካ። ካብ ሚልዮን ሓንቲ ርኢኻ ከማን ደንጊጽካ። ካብ ውግእ ጸላእትኻ ናተይ ዓወት ስለ ዝበለጸ እዩ ትነብር ዘለኻ። ፍላጻ ብዘብዝሑልካ ቁጽሪ ኣነ ውን በረኸተይ የብዝሓልካ ኣለኹ። ስምካ ኣብ ዝበከልሉ ቁጽሪ ምፍታው ከብዝሓልካ ኢየ። ንዘይክእለኒ ጸላኢ ይፍትን። ኣባኻን ኣብ ሞንጎ ፍላጸኡን ግን ዋልታ ኮይነ ኣለኹ እሞ ደስ ይበልካ።

ውሉደይ! ብዝሒ ሽግር ኣይቀተለካን። ብዝሒ መከራ ውን ኣየጥፍኣካን። ካብ ህልውና ጸላእትኻ ናትካ ህልውና ይገርም። ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝህብ ኣነ ኢየ እሞ ዓበይትን ንኣሽቱን እኳ እንተ ጸልኡኻ ክትነብር ኢኻ። መከራይ ኣየቋርጽን እዩ ኢልካኒ። ዝሃብኩኻ ጸሓይን ኣየርን ዝኣክል ዘየቋርጽ ኣይኮነን? ኣጆኻ መከራ ይወስኽ ጸጋይ ክውስኽካየ። ንዝተፈተነ ሕይወት ዝንበብ መጽሓፍ ክገብሮ ኢየ። እዚ ኵሉ ብስጭትካ ንሕማም ኣሕሊፉ ሂብካ? ዝከላኽለልካ ኣነ ነበርኩ። ውሉደይ! እቲ ቃልሲ እንተ ዘይተለወጠ ንስኻ ግን ተለዊጥካ ኢኻ። ድልዱል ሰብ፤ ዘረባኻ ውን ፍረ ዘለዎ ኮይንካ።

ውሉደይ! ልቢ ዝድርብይሉ ፈታዊ ኣነ ጥራይ ምኳኑ ሎሚ ኣስተውዕል። ፈተውትኻ ንኽፈትዉኻ፤ ምሳኻ ሓቢሮም ንዘልኣለም ክነብሩ ኣይትድለ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብኣም እትደልዮ ካባይ ጥራይ ዝርከብ ነገር ስለ ዝኾነ እቲ ስሕተት ናትካ እዩ።

ከምኡ ውን ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር ኢለ ኣዚዘካ እምበር ይፍተውኻ ኣይበልኩን። ናትካ ብጽሒት ምፍታው ጥራይ እዩ። ኣነ ከማን ናይ ፍቕሪ ምላሽ ካብ ዘይ ረኽብኩላ ዓለም ንስኻ ከመይ ኢልካ ትጽበ? ካባይ ንላዕሊ ቅኑዕ ስለ ዘይኮንካ። ዘኾለስክዎ ይሁዳ ክነኽሰኒ፤ ዘልመድክዎ ጴጥሮስ ክኽሕደኒ ኣነ ግን ብፍቕረይ ጥራይ ነበርኩ። ውሉደይ ኣማራጺኻ ምፍታው ጥራይ እዩ'ሞ ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ከዳዓት ፍተዎም። ማዕጾይ ስለ ዘይዓጸኹ ጰጥሮስ ተመሊሱ መጸ። ካብ ዝቐደመ ንላዕሊ ተኣመነለይ። ንስኻ ከኣ ማዕጾኻ ከፊትካ ተጸበዮም። ሰብ ኣይኮነን ንዓኻ ንነብሱ ምፍታው ዘይክእለሉ ግዜ ስለ ዘሎ ኣይትደነቕ። ተፈቲንካ ምሕላፍ ዘይከኣልካሉ ግዜ ዘክር እሞ ሕዘነሎም።

ውሉደይ! ኣሳደድትኻ ካብ ንስሪ ሰማይ እንተ ፈጠኑ ካብ ናይ ብርሃናት ፍጥነት ንላዕሊ ግን ኣይጎዩን። ኣነ ግን ካብ ብርሃን ውን ፈጢነ ክርድኣካየ። ገፊያም ናባይ ኣብጺሖምኻ እምበር ኣይበደሉኻን። ቀዳምነት እንተዝህቡኻ ኔሮም ንሓቂ ሓሶት እንዳበልካ ንምንባር ድልው ኔርካ። ንሶም ምስ ጨከኑልካ ንስኻ ከኣ ንሓቂ ጨኪንካ። ኣብ 'ዚ ኵሉ ኢደይ ስለ ዘላ ኣይትፍራሕ። ዝተሸንከረልካ ኢደይ ንሞት ኣሕሊፉ ኣይህበካን። ውሉደይ እዚ ግዜ እንዳተፈጸመ ስለ ዝኾነ ዝበርትዑ እናደኸሙ፤ ንዓይ ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈሉ እናወግኡኒ ኢዮም እሞ ኣይትደነቕ። ነዓኻ ምስ ዘሳድዱ ነዓይ ውን እናሳደዱኒ ኢዮም እሞ ምሳይ ተጻሊኦም ከይወድቁ ጸልየሎም። ካልኦት ንምንታይ ተንሸራተቱ? ዘይኮነስ ኣነ ከመይ ኢለ በርቲዐ ? ኢልካ ምስ ትሓስብ ነዓይ ትረኽበኒ።

ምእመን ውን መለሰ፦ ጐይታየ ነጸብራቕ መልክዕካ ማሪኽኒ። ንዙፋንካ ክርኢ ከለኹ ፈተነታት ጸላእተይ ይርስዖ። ንዘድልየኒ ርሒቕካ ምኻድ፤ ኣብ ገምገም ባሕሪ ምቕማት ኣይኮነን። ዘይተቋርጽ ድልየተይ ንስኻ ኢኻ። ድኹም ዘይትንዕቕ ዝቕሰለ ሓሊፍካ ዘይትኽይድ ጐይታየ ሕጂ ውን ርእየካ። ተመሊሰ ሽግረይ ኣየውርን። ዝብሎ ሓደ ነገር ጥራይ እዩ። <<ርእየካ!>> ከምኡ ውን ምስ እዮብ ሓቢረ፦ <<ብሰማዒት እዝኒ ብዛዕባኻ ሰሚዐ ኔረ፤ ሕጂ ግና ዓይነይ ርእያትካ>> እናበልኩ የመስግነካ ኣለኹ (ኢዮ 42፥5)።

ምዕራፍ ሸሞንተ

ዓቢ ህያብ

ሓደ ገባሪ ሰናይ ፈረንሳዊ ሰብ ራኡል ፎልሮ ናይ ስጋ ደዌ ሕሙማት ብምርድኡን ፍትወቱ ብዕቱብ ምግላጹን ይፍለጥ። እዚ ሰብ ኣብ ሓደ ውቕቲ፡- <<ኣብ ውሽጢ ዓለም ካብ ኵሉ ብዝበለጸ ዝተሳቐ ‘ዩ ናይ ስጋ ድውያን ኢዮም>> በለ። ናይ ስጋ ደዌ ሕማም ስቓይ ዘይብሉ ነገር ግን ካብ ሕማም ንላዕሊ ዝነድእ ምኽኑ ንፈልጥ ክንደይ ኢና?

ኣብ ውሽጢ ናይ ሰብ ተፈጥሮ ሰለስተ ዓይነት ነርቭታት ኣለዉ (sensory)፤ ናይ ምንቅስቓስን(motor)ዘይንቋጻጸሮ ናይ ስምዒት ነርቭ (Autonomic) ይበሃሉ። ነናይ ነፍስ ወከፎም ነናይ ርእሶም ዝኾነ ብጽሒት ኣለዎም። ናይ መጀመርያ <<ስምዒት ዝህብ ነርቭ >> ስቓይ ከም ዝስምዓና ብምግባር ንሕይወትና ካብ ሓደጋ ዝሕሉ እዩ። ናይ ስጋ ደዌ ሕሙማት ግን እዚ ዝተነድአ ስምዒት ዝህብ ነርቮም እዩ።

ሓደ ሰብ ንእሽተይ ስፒሎ እኳ እንተ ወጊኣቶ ኣብቲ ዝተወግአ ቦታ ዘለዉ ስምዒት ዝህቡ ነርቭታት ብፍጥነት ኣብ ውሽጢ ሓንጎል ናብ ዝርከብ ማእከል መልእኽቲ የመሓላልፉ። ኣብ ውሽጢ ሓንጎል ከኣ ጉዳይ መንነቱ ተተንቲኑ ድሕሪ ምፍላጡ ብእዚ ክፍሊ ትእዛዝ ኣቢሉ ናብ ታሕቲ ይመሓላለፍ። ዝተኣዘዙ ኣዕጽምቲ ከኣ ብምድንጋጽ ንዝተወግአ ኣካል ካብ ወጋኢ የላቕቑ። እዚ ክኸውን ግን ቅጽበታዊ ዝኾነ ምክያድ እዩ። ነዚ ፍጥነት ብናይ ሰብ ኣእምሮ ክትርድኦ የሸግር። እግዚኣብሔር ግን ጌርዎ።

ንዓና ስፒሎ ምስ ዝወግኣና ብኡ ንእብኡ ኢና ንእዊ። ንእሽተይ ደም ስለ ዘውጻእና ወይ ድማ ደም ብዘይ ምውጽኡ ፈሪሕና እንዳ ሕክምና ኢና ንግስግስ። ኣብ ውሽጢ ጫማና ዝኣተወት ንእሽተይ ጸጸር ኢያ ትርብሸና። ንዓኣ ከየውጻእና ክንነዓዝ ኣይንኽእልን። ነዊሕ ሰዓት ኣብ ሓንቲ ቦታ ደው ኣይንብልን። ስለዚ መቐመጢ ንደሊ። ውዑይ ብኬሪ ኣይንትንክፍን። ናይ ደዌ ስጋ ዝሳቐዩ ግን ከምዚ ኣይኮኑን።

ናይ ደዌ ስጋ ሕማም ጉድኣት ዘብጽሕ ብስምዒት ዝህብን ናይ ምንቅስቓስ ኣብ ነርቭታት ብምኽኑ ናይ ደዌ ስጋ ሕማም ዝሓዘ ሰብ ስፒሎ ወጊእዎ እንከሎ እናረገፀ

እዩ ዝኽይድ። ሽጉርቲ እናከተፈ ከሎ ውን ኢዱ ምስኡ ኣሕቢሩ ክቕርጾ ይኽእል እዩ። ንነገራቱ ዝቆጻጸሮ ብዓይኑ ብምኻኑ ደም ክፈስስ እንተሪኡ ጥራይ ሕክምና ይኽይድ። ውዑይ ብኬሪ ስለዝሕዝ ብቐሊሉ ኢንፈክሽን ይፍጠር። ንሕና ነዊሕ ሰዓት ደው እንተ ኢልና ንድንዝዝ፤ ሕሙማት ናይ ደቂ ስጋ ግን ብዙሕ ሰዓት ደው ይብሉ። ስለዚ ደሞም ይቋረጽ፤ እቲ ቦታ ይመውት።

ናይ ደቂ ስጋ ሕሙማት ንውዑይ ነገር ሰብ ከረጋግጸሎም'ዮም ዝመኽሩ። ካብዚ ሓሊፉ ናይ ንዓይኒ ጉድኣት ዝተጋለጹ ኢዮም። ኣዒንቶም ክኽድኑ ስለ ዘይክእሉ ኣዒንቶም ይደርቕ። ንፋስን ደሮናን ይኣቱ። በዚ ምኽንያት ዓይኒ ይቕደድ። ስለዚ ናይ ደቂ ስጋ ሕሙማት ናይ ምዕዋር ዕድሎም ሰፊሕ እዩ። ናይ'ዚ ሕማም መንነት ኣብዘይተፈልጠሉ ዘመን ማሕበረ ሰብ ኣብ ዞም ወገናት ኣሰካፊ ኣካይዳ ወሲዱ እዩ። እዞም ወገናት ንነዊሕ ዓመት ዘገልገሉ ዶክተር ብደቂ ስጋ ቃንዛ ኣሰካፊ ጉድኣት ስለዝበጽሖም ሰባት ንእሽተይ ተዛረቡ እንተ ተባህሉ <<መን'ዩ ተነኺርዎ ዝውዳእ ዓይኒ ይፍረዶ>> በሉ።

ንሕና እግዚኣብሔር እንተንኸውን ነዞም ወገናት እንታይ ምሃብናዮም? ናይ ቃንዛ ስምሚት ንኽስምዖም ኣይኮነን? ምኽንያቱ ብዘይ ቃንዛ ስምሚት ንህይወቶም ከመይ ኢሎ ክጥንቀቑ ይኽእሉ?

ዓቢ ጸጋ

ሓካይም ንኻልኦት ሕሙማት ካብ ቃንዛ ንምድሓን ይጓየዩ። ንናይ ደቂ ስጋ ሕሙማት ግን ናብ ናይ ስቓይ ስምሚት ንምምጻእ ይጓየዩ ናይ ቃንዛ ስምሚት ህያብ እግዚኣብሔር እዩ። ንርእስና ንጥንቀቕ ብሕይወት ንምንባር ንናፍቕ፤ ደው ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ናይ ቃንዛ ስምሚት ምስ ዝህልወና ጥራይ እዩ።

ካብ ሓደጋ ከነምልጥ እንዳሎ ናይ ቃንዛ ስምሚት ምስ ዝህልወና ጥራይ እዩ። እዚ ስምሚት ዘይብሉም ሰባት መልክዖም ረጊፉ እዩ፤ ኢድ እግሮም ተቐሪጾም፤ ኣዒንቶም ፈሲሱ፤ ተነጺሎም፤ ኣእምሮኦም ተተንኪፎም ። ስለምንታይ? ምስ እንብል ናይ ቃንዛ ስምሚቶም ስለ ዝሞተ እዩ።

ብናይ ደቂ ስጋ ሕክምና ዝፍለጥ ሓደ ዶክተር፦ <<እግዚኣብሔር ንደቂ ሰባት ካብ ዝሃቦም ዓቢ ጸጋ ሓደ ናይ ቃንዛ ስምሚት ከም ዝስምዖም ምግባሩ እዩ>> በለ።

ዘጨነቕና

ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ሓደ ናይ መጥባሕቲ ጽገና ሓኪም ምስ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ወዱ ዓቕበት እንዳወጸ ከሎ ወዱ ሸተት ኢሉ ብምውዳቕ ዓቢ ዝኾነ ጉድኣት በጽሐ። ጉድኣቱ ከቢድ ስለ ዝነበረ ኣቡኡ እቲ መጥባሕቲ ጽገና ክገብረሉ የግዲ ኮነ። ወዱ ውን ነቡኡ ሓንቲ ሕቶ ሓተቶ፡- <<ኣቦየ ይሕምመኒ ዶ ይኸውን?>> በሎ። ኣቡኡ ግን፡- <<ዝወደይ የሕምመካ ይኸውን፤ እንተኾነ ግን ኣይጎድኣካን>> በሎ ይበሃል።

ነብይ ዳዊት፡- ***ሰርዓታትካ ምእንቲ ክመሃር፤ ውርደተይ ሰናይ ኮነለይ*** (119፡71) በለ። እዚ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኣብ ውሽጢ ምጭናቕ ንዘሎ ትምህርቲ ፈሊጡ ነበረ። ኩሎም መምህራን ብሰሌዳን ብብርዕን ይምህሩ እምበር ብሕይወት ሓሊፎም ምምሃር ኣይክእሉን። ናይ እግዚኣብሔር መምህርነት ግን ፍሉይ ዝገብሮ ብሕይወት ሓሊፉ ዘስተምህር ምኽኑ እዩ። ሓደ መዓልቲ ኢልና እንጽውዖ 24 ሰዓት ፍርቁ ጸልማት ፍርቁ ብርሃን እዩ። ሓንቲ መዓልቲ ንምርኣይ ንኽልቲኡ ምእንጋድ የግዲ እዩ። መከራ ዘይረኣየ ሰብ ብዛዕባ ሕይወት ብቑዕ ፍልጠት የብሉን። ብዛዕባ ሕይወት ምሉእ ፍልጠት ዝህልወና ሕማቕን ጽቡቕን ክንርኢ ምስ ንፈቅድ ጥራይ እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተማሃርናዮ ዝበዝሐ ረሲዕናዮ። እግዚኣብሔር ኣብ ውሽጢ ሕይወትና ዝመሃረና ግን ብፍጹም ኣይንርስዖን። እግዚኣብሔር ዘይጠፍእ ትምህርቲ ዝምህረና ኣብ ውሽጢ ናይ ሕይወት ቃልሲ እዩ። ንሕና ብዝሓለፍናሉ ሕይወት ዝሓልፉ ሰባት እንተ ገጢምምና ውን ብዘይምድናቕ ነጸናንዖም። ሂብና ዘይውድኣና ናይ ምጽንናዕ ሃብቲ ከኣ ይኾነልና። ነብይ፡- <<ስርዓታትካ ምእንቲ ክመሃር ውርደተይ ሰናይ ኮነለይ>> ዝበሎ ነዚ እዩ (መዝ 119፡71)።

ገባራይ ገረቡ ብዝበለጸ መታን ከፍሪ ብፋስ ይቕርጾ። ኣንጠረኛ ወርቁ ወርቂ ኢሉ ከሕልፎ መልከዑ ኣብ ውሽጢ ወርቂ ክሳብ ዝረኣይ ብሓዊ ይቕጥቅጦ። ቀራጺ ውን ነቲ እምኒ መልከዑ ክሳብ ዝመጻሉ ይጸርቦ። ምቕራጽ ምጽራብ ዘሐምምን ዘጉድልን እንተኾነ እኳ መወዳእትኡ ግን ጽባቐኡ፤ ኣብ ዝኸበረ ስፍራ ምቕማጥ እዩ። እግዚኣብሔር ኣብ ውሽጢ መከራ ዘለዎ ዕላማ ንዓና ምቕራጽ እዩ። ንዓና ዘጨንቕና ናይ'ቲ መከራ ምሕላፍ እዩ፤ እግዚኣብሔር ግን ካብ ውሽጢ እቲ መከራ ዝርከብ ትምህርቲ ከየምልጠና ይጭነቕ።

እሾኽ

ኣብ ውሽጢ ምኞት ኮይንካ ትመሃሮ ውሑድ እዩ። ኣብ ዝሰልጠነ ምድሪ ንሃገሮም ካብ ካርታ ነጺሎም እኳ ዘየውጽኡ ብዙሓት ኢዮም። ኣብ ድኻ ዓለም ግን ሓደ መዓልቲ ክኸይድ ይኽእል ኢየ ኢሉ ካብ ሃገሩ ሓሊፉ ናይ ዓለም ካርታ ብቓሉ የጽንዖ። ሰብ ረብሓታት ክበዝሓሉ ከሎ ሕይወት ትርጉም ይስእነላ። ናይ ነብስኻ ምጥፋእ ገበን በዚሕዋ ዝነበረ ኣብ ኣፍሪቃ ኣይኮነን? በዚ ገበን ዝተጠቕዑ ግን ሃብታማት ህዝብታት ኢዮም። እዚ ገበን ንኤውሮጳ ንሰለማውያን ሃገራት ንከም በዓል ስዊድን ዓቢ ስግኣት እዩ። ናይ ቃንዛ ስምዒት ጥራይ ንሕይወት ጋሻ ዝገብራ። ንምንባር ንቃለስ ናይ ምንባር ዝፈታተኑ ነገራት ምስ ዝገጥሙና እዩ።

ሓደ ሰብ፡- <<ኣብዚ ዓለም ክልተ ዓይነት ጋዕ ገልጠም ገጻት ጥራይ ኣለዉ። ሓደ ዝደልዮ ብዘይ ምርካቡ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ምርካቡ እዩ>> በለ። ህያባት ምስ እንደልን ብህያባት ምስ እንሕጎስ ነቲ ወሃቢ ምርሳዕ ዝተለምደ ነገር እዩ። ናይ ዓለምና ሽግር ምስኣን ጥራይ ዘይኮነስ ምርካብ ውን ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ነዚ እዩ ጳውሎስ፡- <<ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ራእይ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ ከኣ፡ ኣብ ስጋይ ግራጭ ተዋህበኒ፡ እምብዛ ምእንቲ ከይዕበ፡ መልኣኽ ሰይጣን ክስቅየኒ ተዋህበኒ>> (2ቆሮ 12፡7)ዝበለ።

ክብርታትና ካብ ነመስግነሎም ንላዕሊ ከም ንምክሓሉም ዮም ዝገብሩና ምኽንያት ናይ ዓወታትና እግዚኣብሔር ዘይኮነስ ባዕልና ኮይኑ ምስ ዝስምዓና ንዕበ ኢና። እግዚኣብሔር ንትዕቢት ዝኣክል ዓቢ ዕንቅፋት ዘልዕለልና ብግራጭ እዩ። ሰብ ዝረግእ ፍጡር ስለ ዝኾነ ናብ ሰማይ ሃገሩ ንኽግስግስ እግዚኣብሔር ብናይ መከራ ጨግራፍ የበራብረና። ኣብ ኵሉ ዘመናት እግዚኣብሔር ብዘይ ግራጭ ኣይተመለኸን። ሰባት እንተዘይ ተወጊኦም ብዝተተንከፈ ልቢ ንእግዚኣብሔር ከምልኽዎ ኣይክእሉን።

እቲ ወዲ ናይታ ትልምን ዝነበረት ቆልዓ እናሰዓመ ነዲኣ፡- <<ጓልኪ ጽብቕቲ ኔራ፤ እንታይ እሞ ዋጋ ኣለዎ ኣፍንጫ ጎዲልዋ እምበር>> በላ እታ ለማኒት ውን ከይተደነቐት፡- <<ኣይ ጐይታይ ጎዶሎ እንተ ዘየልዩ እሞ እግዚኣብሔር ይርሳዕ እዩ>> በለቶ። ***<<ብፈደል እንተቕጸርዋ ብኣሃዝ ዓለም ትሸዓተ'ያ>>*** ትሸዓተ ዝገበራ ግን እግዚኣብሔር እዩ። ሓደ ዓቢ ናይ ጸሎት ርእሲ እዩ። ናይ ፈጣሪ ጥበብ ንዘጉደሎ ናይ ሰብ ጉያ ስለ ዘይመልኡ ጉድለት ንምጥፋእ ምጉያይ ገዲፍና ንነፍስና ግዜ ንሃብ።

ቃንዛ ዘለዎ ሕይወት

ቀሺ ኣስተምሂሮም ንህዝቢ ከሰናብቱ ከለዉ ህዝቢ ውን ቀሪቡ እናተሳለመ <<ኣቦና ፍትሑኒ>> ይብል። በዚ ግዜ እዚ ሰራቒ ኢዱ ናብ ጅባኦም ኣእትዩ ገልጠምጠም በለ። ንሶም ውን ንህዝቢ የሰናብቱ ስለ ዝነበሩ ወላሓንቲ ክገብርዎ ኣይከኣሉን። ምስቲ ሰራቒ ዓይኒ ንዓይኒ ምስ ተረኣኣዩ እቲ ሰራቒ ድማ ***<<ፍትሑኒ>>*** በሎም። እቶም ቀሺ ውን <<ኣይኮነን ፈቲሐካ ከምዚ ኢልካ ከማን ኣይከኣልኩኻን>> በልዎ ይበሃል።

ኣብ ሕይወትና ብቓንዛ፤ ብስደት፤ ብማእሰርቲ፤ ብሓርነጽነጽ ፤ብሓዘን፤ ብዝደጋገም ጉድለት ተተንኪፍና ክንከውን ንኽእል ኢና። ካብዞም ነገራት ቃንዛ ንላዕሊ <<ዘይምቒባል>> ዓቢ ቃንዛ ኮይንና ክከውን ይኽእል እዩ። ***ናይ ሕይወት መጀመርያ ግዴታ ግን ንሕይወት ንባዕላ ብጸጋ ምቕባል እዩ።*** ምቕባል ተዘይክኢልናን <<ኣይግብኣንን>> ኢልና እንተ ሓሲብና ግን ብናይ ጭንቀት መንፈስ ክንተሓዝ ኢና። ንሕና ክሳብ ዝርድኣና ዘይጽበ ሰራሕተኛ ኢድ እግዚኣብሔር ክሰርሓና ንፍቓዱ ምንዮታትና እንተ ዘይለዊጥዎ ንደክም። ኣብ ሕይወትና ናይ ቃንዛ ስምዒት እንተ ዘይተሰሚዕና ደው ክንብል ከም ዘይንኽእል ንእመን። ናይ ቃንዛ ስምዒት ዘይብሎም ሰባት ዕድሚኦም ሓጺሩ እዩ፤ ገንዘቦም ባኺኑ፤ ርክቦም ተበላሸዩ። እግዚኣብሔር ብዘይ ቃንዛ ስምዒት ብፍቕሪ ክምህረና ይሓይሽ ንብል። እንተኾነ ግን ፍቕሪ እንተንፈልጥ ንገዛእ ጥቕምና ንባዕልና ካብ ምቕጻዕ ዝበለጸ ፍቕሪ ከምዘየለ ምተረድኣና ኔሩ (ዕብ 12፥5-11)።

እግዚኣብሔር ንግለ ሰባትን ንሃገርን ናይ ቃንዛ ስምዒት ይህብ። እግዚኣብሔር ንኣሜሪካ ናይ ቃንዛ ስምዒት ሂብዋ። እግዚኣብሔር ንኣሜሪካ የድልያ እዩ ዘይኮነስ ኣሜሪካ ንእግዚኣብሔር ተድልዮ ኢያ ብዝብል መምርሒ እትጎዓዝ ክሳብ ትመስል ዝጠፍኣት ሃገር ኢያ። ካብ ሓደ መስከረም ምጥቃዕ ናይ ኣሸበርቲ ንደሓር ግን ህዝቢ ኣሜሪካ መንፈሳዊ ህይወቱ ንምምርማር ግዜ ረኺቡ። ሰብ ብዘይ ምህላዉ ጸሚኡም ዝነበሩ ኣብያተ ክርስትያናት ውን ብምእመናን ተጨኒቕም ነበሩ። ድሕሪ እዚ መጥቃዕቲ ኣይኮነን ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ለንደን ዘለዉ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ዘይረኣይዎ ብዝሒ ሰብ ኣእንጊዶም። <u>*እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ኣበይ ተሃሪምም ኣቤት ከምዝብሉ፥ ኣብ ምንታዮም ሕንቲኸቲኽ ተባሂሎም ከም ዝሰሕቁ ዝፈለጥ።*</u>

እቲ ዳኛ ፊስካ ምስ ሃረመ እቶም ዝነዩ ተጻወቲ ኩሎም ሓደጋ ምህላዉ ተረዲኦም ደው ይብሉ። እግዚኣብሔር ከኣ ካብ ጥፍኣት መንገድና ክንምለስ ናይ መጠንቀቕታ ደወል የስምዓና። እቲ ዘድሊ ደው ኢልካ ምስትውዓልን ንስሓ ምእታውን እዩ። እግዚኣብሔር ንኤርትራን ህዝባን ናይ ቃንዛ ስምዒት ህብዎ። እንተ ተመሊስና ዓቢ ጸጋ እዩ። እንተ ዘይተመሊስና ግን ንዓና እዩ ዝገደና።

ንሕና ኤርትራውያን ምስ ሓቂ ንከይንራኸብ ተጠንቂቕና እንነዓዝ፤ ብኽንቱ ትምክሕቲ ዝተመላእና ኮይና። ንሓቂ ንምስክር እኳ እንተመሰለና ሓቂ ግን ንዓና ኣይምስክረልናን። <<ዝኾነ እንተኾነ እግዚኣብሔር ንኤርትራ ሓዲጉ ኣይሓድጋን>> እናበልና ንንስሓ ዶንጊና። እግዚኣብሔር ግን ንዕላምኡ ጨካን ስለዝኾነ ንናይ ቃል ኪዳን ህዝቡ ንእስራኤላውያ ከማን ሓዲግዎም እዩ። ብመንፈሳዊ መንገዲ ክንደይ ትንቢት ዝተነግረሉ፤ ሱባኤ ዝተቐጽረሉ ቤት መቕደስ ሰሎሞን ዘፍረሰ ሓጢኣት እዩ'ሞ ንሕናን ቤተ ክርስትያናን እነምልጠሉ እንታይ ምኽንያት ኣለና?

ንስሓ ምእታው ባህልና ይኹን። በዲለ ኣለኹ ምባል ከም ስንፍና ኣይንቕጸርሮ። በሓቂ ካብቲ ንስሓ ምእታው ዘጽልኣና ሓደ ነገር ቃንዛ ክስምዓና ስለዘይንደሊ እዩ። ብርግጽ ሓጢኣት ምዝካር፤ ምሕዛን፤ ምጥዓስ፤ ምስቓይ፤ ግን ፈውሲ ኣለዎ። ነዚ ዝገበርኩ ከምዚ ስለዝኾንኩ እዩ፤ ስርዓት፤ ግዜ፤ ናብራ እናበልና ንርእስና ይቕረ ብምባል ክነብር ምድላይ ይእከለና። ካብ በደል ንላዕሊ ንስሓ ኣይኽበደና። ሓደ ኣቦ፡-

<<ሓጢኣት ሓሲብካ እንተ ተጣዒሰካ እግዚኣብሔር ይርሰዓልካ፤ በዲልካ ከምዚይ በደለ ምስ ኣትኾን ግን እግዚኣብሔር ሓሲቡ ይቕጽዓካ>> በሉ።

ምድርና ብደም ረኺሳ ኢያ፤ ቤተ ክርስትያና ከኣ ሓቀኛታት ቀቲላ ኢያ፤ መራሕትና'ውን ብዝወጽዎ ኣስካላ (መሳለል) ደርብያቶም፤ ሰራዊት'ውን ንወገኑ (ንህዝቡ) ንዘመናት ኣጨኒቑ እዩ፤ ህዝቢ'ውን ሓቢሩ ምንባር እናተሳእኖ ሓቢሩ ንምውጋእ ዛሕቲሉ እዩ። ካህናትን ደባትርን ብናይ ጥንቆላ ፍቕሪ ዓቢዶም፤ ዓቢ ንንእሽተይ በሊዕዎ። ኣብ ኣደባባይ እግዚኣብሔር የለን ዝበልና ህዝቢ እንተኾና'ውን ከም ግለ ሰብ እምበር ከም ሃገር ዝተመለሰ ክሳብ ሕጂ የለን።

ኣብ ርዋንዳ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ዝሃለቐሉ ህልቂት ኣሰቃቒ እዩ። ኣብ ሱናሚ ውን ብሓደጋ ልዕሊ 250 ሽሕ ህዝቢ ሃሊቑ ። ኣብ ሃገርና ግን ናይ ሎሚ ቅድሚ

27ዓመት ብዝተላዕለ ጥሜት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሓደ ሚልዮን ኢትዮጵያውያን ረጊፎም። ብቐይሕ ኣሸበርቲ ዘመን ውን ናይ ብዙሓት መናእሰይ ሬሳ ኣብ ኣደባባይ ወዲቑ እዩ። ሎሚ ውን ብመድሃኒት ዘይብሉ ሕማም ንብዙሓት እናሰኣናዮም ኢና። ገጽና ብሓዘን ጸሊሙ። እዚ ኵሉ እግዚኣብሔር ዝሃበና ናይ ቃንዛ ስሚዒት እዩ። ዓይንና ይቕሬታ ረኺባ ሰናይ ንኽትርኢ፤ እዝንና ምሕረት ረኺባ ሰናይ ንኽትሰምዕ ቀልጢፍና ንስሓ ንእቶ!

ሓደ ሰብ፡- ***<<እግዚኣብሔር ሰቐ ካብ ዝብለና ብቕጣዓኡ ክዛረበና ከማን ይሓይሽ>>*** በለ።

ምዕራፍ ትሸዓተ

ተንስእ

ንባዕሉ ብጣዕሚ ይሓዝን። መተሓዘኒ ይምነ ግን ኣይረክብን። ሓዘን ንሓዘን ከም ዝወልድ ንምግንዛብ ዓቕሚ ይሓጽሮ። ጉድኣቱ ዝገልጹ እንተመሲልዎ ንደረቕ ግጥሚታት ዜማ የዳሉ። ናይ ምልቃስ ሞያ ትምህርቲ ዘይኮነስ ብዙሕ ናይ ምልቃስ ልምዲ እዩ።

ኣፍ ልበይ ተጨቢጡ

ናይ ቀደም ምልክዐይ እንታይ ኮይኑ?

ናይ ቀደም መልክዐይ ክጠፍኣኒ'ዩ ግዲ?

ሰብ ናብርኡ ይመሳሰል።

እናበለ ብዛዕባ ጉድኣቱ የጉረምርም። ስጋኡ፤ ነፍሱ፤ መንፈሱ ከም ዝተጎድአ ይኣምን። ዘጨነቕኒ እቲ ሕማም'ዩ? ወይስ ጭንቀተይ እዩ ሕሙም ጌርኒ? እናበለ ይህውትት። ሰባት ሽግሩ እኳ እንተ ፈለጥሉ ዝኣክል ዝተፈጸመ ከምዝስምዖ ንነብሱ ይዛረባ። ሕማሙ ሓኪም እኳ እንተፈለጠሉ ዝኣክል ዝተፈወሰ ከም ዝቕጽሮ ንዝረኽቦ ኩሉ ይዛረብ። ካብ ዝጠፍኣሉ ናይ ሓሳብ በረኻ ምልስ ብዝበለ ቁጽሪ፡- <<ናይ ሰብ ክብሩ ኣእምርኡ እዩ፤ ኣእምርኡ ዝተባላሸወ ሰብ እንታይ ክብሪ ኣለዎ? ጐይታየ ብልሽው ሰብ ከይከውን ሓልወኒ>> ይብል። ኩሉ ነገር ምስ ዘደንቕ ማሕበረ ሰብ ምንባርን ኩሉ ነገር ምስ ሓጢኣት ዝተሓሓዝ ልማድ ውሽጢ ምቕማጥ ከቢድ ምኸኑ እቲ ህውታትያ ፈሊጥዎ።

ሰብ ንነብሱ ከልቅስ ዘለዎ ብዛዕባ ሓጢኣቱ እዩ። ናቱ ዘይኮነ ገንዘብ፤ ጥዕናን ዝናን ከይድኒ ኢልካ ምልቃስ ግቡእ ኣይኮነን። <<ዝሃበ እንተ ወሰደ የብሉን ወቕሳ>> ከም ዝብሉ። ኣይኮነን ዝኸደ ሕጂ ኣሎ እንብሎ ውን ናትና ኣይኮነን። እዚ ሰብ ግን ብናይ ህጻንነት ኣእምሮ እዚ ተወሲድኒ፤ ነዚ ክሕሉ ተሪፈ እናበለ የልቅስ። ተወሲዶምኒ ዝብሎም ናቱ ዘይኮኑ ህያባት፤ ዘልኣለማውያን ዘይኮኑ ብምውህሃብ ግዝያውያን ኢዮም። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝምነዮ ሰለማዊ ኣየር ምትንፋስ፤ ምስ ዝፈትዎ እንዳተሓጎሱ ብዘይ ናይ ግዜ ገደብ ምንባር፤ ናቱ ዝኾኑ ሰባት ክሸገሩ ዘይምርኣይ፤ ንዝፈትዎም ነቲ ሓደ ንግስነት ነቲ ሓደ ሚልዮን ናቕፉ ምሃብ እዩ።

ንሎሚ ርእስኻ ምጽላእ፤ ንሎሚ ናይ ብስጭት ናብራ፤ ንሎሚ ሕዙኒ ልቕቕኒ፤ ብኽዩለይ ኣባኽዩኒ ማለት፤ ንሎሚ ምርባሽ፤ ንሎሚ ብቕትሪ ምንቅጥቃጥ፤ ኣብ

ዝወደቐት ለይቲ ክዳንካ ምውጻእ፤ ንሎሚ ምቹእ ናይ መልቀሲ ቦታ ምድላይ፤... ምኽንያት ዝኾኑ እዞም ምንዮቱ ኢዮም። ንሱ ግን ኣይኮነን ኢሉ ስለ ዝኣምን ካብ መድሃኒቱ ርሒቑ ይነብር። ንሽግር ብሽግሩ ምፍላጥ፤ ንስሕተት ብትኽክለኛ መጠኑ ምቕባል ፍርቂ መፍትሒ ምኻኑ ኣይፈለጠን።

ሰላም፤ ሰላም ምስኮነ እንረኽቦ ዘይኮነስ ሰላም ኣብ ውሽጢ ህውከት ዝስምዓና ጸጥታ እዩ። ሀብሀብ ካብ ዝተባህለ ፍረ ምቁር ንምርካብ ብዙሕ መከራ ይሓትት። ካብ ሚኢቲ ሓንቲ ዘይ ክትርከብ ውን ትኽእል ኢያ። የዕሩኽቲ ውን ሓደ ጥዑይ ንምርካብ ሚኢቲ ምፍታን የድሊ። ዘለኣለማዊ ፈታዊ ግን እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። ንናትና ዝኾኑ ወገናት ምስ ዝሸገሩ ክንረድኦም እምበር ካብ ሽግር ነጻ ንኽኾኑ ክንረድኦም ኣይንኽእልን። ስለዚ ይቕንዘዉ፤ ይርበሹ፤ ይሞቱ! እንኽእሎ ድሕሪ ምግባርና ብሓጎስ ክንምላእ ይግብኣና። ተዘይኮይኑ ካብ ፈጣሪኦም ንላዕሊ ስለ ዝሓዘና ክንቅጻዕ ኢና። ንእንፈትዎም ሰባት ዓበይቲ ነገራት ክንህቦም ምምናይ ብሓቂ ከንቱ እዩ። ንዘይብልና ካብ ንምነየሎም ንዘለና እንተ ሂብናዮም ጭቡት እዩ። ከምኡ ውን ዝኾነ እንተ ሃብናዮም ካብ ፍቕሪ ንላዕሊ ክንህቦምን ከነዕግቦምን ኣይንኽእልን። ንፈተውትና እንምነዮ ዓቢ ነገር ግዜ እናነውሐ ኣብዝመጸሉ ክንገብር ብዘይምኽኣልና ብስጭትን ከንቱነት ስምዒትን ይመልኣና። ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ውን የስዕበልና። ክኸውን እዩ ዝበሉ ብዘይ ምኻኑ፤ ክረብሕየ ዝበልዎ መንገዲ ክሳራ ምኻኑ፤ ሓባቢሎም ናብ ናብራና ዝኣተዉ ፈተውትና ጠዋያት ምኻኖም ዘይተጸበናዮም እኳ እንተኾና እዚኦም ኩሎም ናይ ሕይወት ሓደጋታት ዘይኮኑ ባህርያታት ኢዮም። ንሕና ብንሓልፈሉ ጎደና ብዙሓት ሓሊፎም ኢዮም። እተሰንፍ ግን ብምጽላእ ጥራይ ዘይኮነስ ብጽንዓት ውን ምኻኑ እዞም ሰማእታት ይነግሩና። ተቓጺሎም ግን ኣሰኒፎም፤ ሞይቶም ግን ዝተዓወቱ ተባሂሎም፤ ምስናፍ ምቕታል ዘይኮነስ ምጽናዕ፤ ምንባር ዘይኮነስ ብምስጋና ምሕላፍ እዩ።

ናይ መከራ ሰዓት መዓልቱ ሚኢቲ፡ ደቒቕ ዘመናት ዝወስድ እዩ። ንመከራ ኣብ ናይ መከራ ሰዓት ክትገልጾ ቃላት ኣይኣክልን። ምስ ሓለፈ ግን ብሓጺር ቃል ዝግለጽ ንእሽተይ ነገር ውን ኮይኑ ዝረአ እዩ። መከራ ናይ ኣካል ምጉዳል፤ ናይ ንብረት ምውዳቕ፤ ናይ ፈታዊ ጥልመት፤ ብዘይ ስሕተት ተወጊዙ ምፍላይ ጥራይ ኣይኮነን። ውሽጣዊ ጉድለት፤ ናይ መንፈስ ባዶነት ውን ዓቢ መከራ ዝኾነሉ ግዜ ኣሎ። ዕለቱ መጀመርታ መዓልቲ ናይታ ሰሙን እንተኾነ ውን ነዚ ሰብ ግን ናይ ህይወቱ ፍጻሜ ዝኾነት መዓልቲ ይመስሎ። ተስፍኡ ስለ ዝተሃርመ ዝኾነ ሓይሊ ዝህብ ምግቢ

ኣየንቀሳቐሶን። ካብ ናይ ኵሉ ግዜ ዝተፈልየ ነገር ኣይገጠሞን። ይዘረብ እንተ ተባሂሉ ትማሊ ንዕኡ ናይ ዓወት መዓልቲ እዩ። ብእኡ ደስ ዝብሎም ፈተውቲ ከምዘለዉ ዝሰምዓሉ፤ ጽቡቕ ተዛሪቡ ንብዙሓት ዘገረመሉ፤ መዓልቲ ናተይ እዩ ኔሩ ኢሉ መንቀሳቐሲ ዝጸሓፈሉ ዕለት ነበረ። ድሕሪ ዓቢ ሓጎስ ዓቢ ትካዜ ብርቱዕ ባዶነት ይመጽእ እዩ ኢሉ ክጽበ ዘይክእል እንተኾነ ውን ከምዚ ዝኾነሉ ግዜ ግን ኣሎ።

ደቂሱ እንተ ንቐሐ ውን ኣይበርትዐን፤ ድኻም ተጻዒንዎ፤ ብርሃን እንተወጸት ውን ንዓይኑ እምበር ንውሽጡ ቀቢጸ ተስፋ ከርሕቐሉ ኣይከኣለን። ኣየር እኳ እንተ ነፈሰ ነፍሱ ግን ተዓፊናያ ዘላ። ተፈጥሮ ርግእ ዝበለ እኳ እንተኾነ ንዕኡ ግን ተሓዋዊሱ ይረኣዮ። ህልውና ዘብቅዐ እንተመሰሎ ውን ጉዕዞኡ ጌና እዩ። እታ ንግሆ ንዕኡ ካብ ናይ ተፈጥሮ ምሸት ንላዕሊ ጸልማት ዝጋረዶ ነበረ። ኣዒንቱ ንምርኣይ የጭበርብሩ። እዝኑ ዝደንቆረ ዝኣክል ይስምዖ። ካብ ጭንቀቱ ዝተላዕለ ዝሰርሖ ተሪፉ ዘይተሰርሐ ሓጢኣት ይናዘዝ። ብዘይ እግዚኣብሔር ንበይኑ ዘሎ መሰሎ። ኵሉ ግዜ ዘደንቕ ናይ ሰማይ ሰሌዳ፤ ዘንብቦ ናይ ከዋኽብቲ ፊደል ሎሚ ዝፈርስ መሰሎ። እቲ ሰዓት መጀመርታ መዓልቲ ናይታ ሰሙን ብሳልሳይ ክፍለ ግዜ እንተኾነ ውን ኣብዚ ዓለም ዝነበረሉ ዘመን ነውሓ። ነፍሱ ንውሑድ ግዜ ኣብ ሲኣል ሓደረት። እቶም ኣግራብ ኣቃብያነ ህግ፡ ኣኽራን ደያኑ ኮይኖም <<በቃ ይሙት>> ዝፈረድዎ መሰሎ። ብዘይ እግዚኣብሔር እዚ ምልኩዕ ሰማይ ንባዕሉ ፍርሓት ምኽኑን እቲ ቀጠልያ ሕብሩ ጭንቂ ምኽኑ ተረድኣ። ሰብ ዝመሃር ግን ንምንባር ስለዝኾነ ትነብር ኣይትመስልን ምስ በሎ ንትምህርቱ ገደፎ።

ንነገራት ትንታኔ ንምሃብ፤ ፖለቲካን ኣብያተ ክርስትያናትን ንምዝላፍ፤ ንዝነድእዎ ሰባት ሓጢኣት ምዝርዛር፤ ንቂም ምዝካር . . . ሕጂ ኣይክልን። ካብኡ ዝገደደ በደለኛ ከም ዘየለ ጥራይ ይኣምን። እግዚኣብሔር ንህልውናኡ ከየጥፍኣ ድምጹ ኣጥፊኡ ንበይኑ ገዲፍዎ። ቀልጢፉ፤ ናብ ቤተ ክርስትያን ንምኻድ ተላዕለ። ንርእሱ ተሰኪምዎ ዘሎ ክሳዱ ይመስሎ ነበረ። ለካ ክሳዱ ዝተሰከሞስ ባዕሉ እዩ ኔሩ። ንርእሱን ንኽሳዱን ንመላእ ኣካላቱን ዝተሰከመ ግን እግዚኣብሔር እዩ። ዓቐሙ ተንቀጥቀጠ። ናይ ህይወቱ ፍጻሜ ሎሚ እንተኾይኑ ኣብኡ ኣብ ቤተ እግዚኣብሔር ንኽኾነሉ ተመነየ። ውሽጡ ፈርከሸከሸ በለ። ኣጆኻ ዝብል ስብእናኡ ከምዘይ ሕግዞ ፈለጠ። በቲ ናይቲ ቤተ ክርስትያን መእተዊ እንዳሓለፈ ህርመት ዝገብር ልቡን፤ ዘንቀጥቅጥ ኣካሉን ሒዙ ደው ክብል ስለ ዘይከኣለ ብደዉ ወደቐ ። ምስ ወደቐ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ንላዕሊ ተመጠጠ። ንሱ ግን ወዲቑ ዝደርቐ ገረብ ዘይኮነስ ወዲቑ

ዝትንስእ ሰብ እዩ። ሕጂ ግን ነዚ ክርዳእ ኣይክእልን። ንሱ እንተ ዘይተረድአ ውን ሓቂ ግን ሓቂ ኮይኑ እዩ ዝነብር።

<<ጐይታየ፤ ኣብዘለኽዎ ቦታ መጺእካ ኣዘራርበኒ። ኣእዛነይ ደንቂሩ'ዩ ንልበይ ተዛረበኒ። እንተኾነ ግን ምስዚ ስምዒተይ ንምንባር ንደቂቐ ውን ትኹን ዓቕሚ የብለይን እሞ በጃኻ ውሰደኒ። ወጊሑ ክብል መስዩኒ፤ ተሳጊረ ክብል እንደገና ይምለስ ኣለኹ፤ ካብዚ ንደሓር ዓይነይ ዓፊነ ኣለኹ ተስፋ ዘይብሉ ንምርኣይ ኣይከፍትን። ንተፈጥሮ ከይርኢ ዓይነይ ሸፈንኩ፤ ቅንዕ ከይብል ናብ ምድሪ ተደፋእኹ ዎ ኣምላኽ ህይወተይ ውሰድ፤ ምንባር እንዳለመኑ ንብዙሓት ወሲድካ። ሞት ክልምነካ ግን ናይ ምንባር መልሲ ኣይትሃበኒ። ተፈጢረ ከምዘይ ተፈጠረ ክኸውን . . . እ እ እ እ እ እ . . . >> ብምባል ዋይ በለ።

ካህናት ንቤተ ክርስትያን ሓዲንማ ከይዶም። ህዝቢ ውን ንእግዚኣብሔር ናፊቑ ዘይኮነስ <<ብሰላም ዘሕደርካኒ ብሰላም ኣውዕለኒ >> ንማለት፤ መዓልቲ ክቐለለይ፤ ዕድጋ ክሓስረለይ ብምባል፤ ናይቲ መዓልቲ ውሕስነት (ኢንሹራንስ) ሓቲቱ ኮሉ ናብ ተግባሩን ናብ ቤቱን ተበታቲኑ። ምእንቲ እዛ ነፍሲ ግን እግዚኣብሔር እግዚኣብሔር ሰብ ኣዳልይላ። ንኹሉ ናይ ባዕሉ ሕቶ እንተሃለዎ ውን ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መልሲ ዝተቐበሉ ግን ተጸናኒዖም ይነብሩ። ሽግሮም ኣብ ልዕሊኦም ዘይኮነስ ንሶም ኣብ ልዕሊ ሽግሮም ኮይኖም ይነብሩ።

ዓቢ ናይ ዋይዋይታ ድምጺ ተሰምዐ፤ ንሙማት ዝልምን ሓደ ሰብ ኣውያቱን ትንፋሱን ቀጽሪ ቤተክርስትያን ረበሸ። ኣይኮነን ናይ ምውላድ መዓንጣ፤ ንጎበዝ ዝሓርድ ናይ ምስናፍ ድምጺ ነበረ። ኣብ ጽምዋ ዝነበረ ኣገልጋሊ ንሱ ዘድልየሉ ሰዓት ከም ዝኾነ ፈሊጡ ተንቀሳቐሰ። ንባዕሉ ዝመደቦ ናይ ጸጥታ ሰዓት ነቲ ዝተረበሸ ሰብ ኣውዓሎ። ኣገልጋሊ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ምንም ነገር ዘይብሉ። ከም ረሳሕ መጽረጊ ጨርቂ ተጸሪግሉ ዝድርበ እዩ። ኣድላዩ እንተኾነ ውን ሰባት ከይረስሑ ኣድላይነቱ ኣይስምዖምን። ጊደ ሓቂ ከኣ ኣብ ናይ ሎሚ ዘመን ምእመናን ንሓሰውቲ ኣገልገልቲ ብዘይ ምስልቻው ይቕበሉ ኣለዉ። ሓቀኛታት ግን ይኸብድዎም። ህዝቢ ንሓሰውቲ መምህራን ዝተዋህበ እዩ።

እዚ ኣገልጋሊ ነቲ ዝወደቐ ንምትንሳእ ኢዱ ዘርግሐ፤ ዳግም ክትንስእ ስለ ዘይደለየ ውን እምቢ በለ። እቲ ኣገልጋሊ ንኽሪኦ እንተ ሓተቶ ዓይኑ ንዘልኣለም ከም ዝሸፈነ ገለጸሉ። ሽግሩ እንተ ሓተቶ ከምዚ ዝኾንኩ ብኽምዚ ነገር ኢየ ዝብለሉ ምኽንያ ሰኣነ። ንዕኡ ጥራይ ባዶነት ይስምዖ ነበረ። በይናውነት ብብርቱዕ የአዊ ነበረ። በይናውነት ድምጺ ኣለዎ። ነፋሪት ክትለዓልን ከተዕርፍን ካብ ተስምዖ ድምጺ ንላዕሊ በይናውነት ድምጺ ኣለዎ። ካብ ትራፊክ እልይ በሉ፤ ቀጭ ቀጭ ዝብል ናይ ሰዓት ጨግራፍ (ሓለንጊ) ኣጥፍኡ! በይናውነት ግን ድምጺ ኣለዎ። እቲ ኣገልጋሊ ብርክኽ ኢሉ ነታ ነፍሲ ምዝራብ ጀመረ። እታ ዝተጨነቐት ነፍሲ ዝጠመያ ቃላት ዘይኮነስ ካብ'ዚ ዓለም ምሕላፍ እዩ። ንናተይ ጉዳይ ቃላት ኣይክእሎን ስለ ዝበለት። ሰማይ ብዘይ ዓንዲ ዝቐመ፤ ምድሪ ብዘይ መሰረት ዝረግኣት ብቓል እዩ። ብኣምላኻዊ ቃል! ኣገልጋሊ ውን ምዝራብ ጀመረ፡-

ዝሓወይ! ሕይወት ትኽ ዝበለ መንገዲ ዘይኮነስ ላዕልን ታሕትን ዘለዎ፤ ምልእትን ጉድለትን ዝፈራረቐሉ እዩ። ካብ ገጻት ሕይወት ሓደ ብኽምዚ ዝበለ ናይ ባዶነት መንፈስ ምህላፍ እዩ። ለምለም ኣብ ዘይረኣየሉ ናይ ሕይወት በረኻ እናቐረጽካ ክትሓልፍ ኢኻ። <<ትካዜኻ ኣብ እግዚኣብሔር ደርብዮ ንሱ ክድግፈካ እዩ፤ ንጻድቕ ንዘልኣለም ህውከት ኣይህቦን>> (መዝ. 54፥22) ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ ብክርስቶስ ብምእማን ጽድቂ ዝረኸቡ ከም ዝተሃወኽዎ ኣኣይተርፉን። እዚ መንገዲ ብኣኻ ዝተጀመረ ዘይኮነስ ብዙሓት ዝሓለፍሉ ናይ ብዙሓት ቅዱሳን ናይ እግሪ ፈለግ ዝረኣየሉ እዩ። ነብይ ኤልያስ፤ ንጉስ ዳዊት በዚ መንገዲ ሓሊፉ። ዘጸናንዕ ነብይ ኣጸናናዊ ዝደለየሉ፤ ብዙሕ ሰራዊት ዝኸበቦ ንጉስ በይናውነት ክስምዖ ዝገበረ መንገዲ እዩ። እዚ በረኻ ጐይታና ኣብ መስቀል ርእዩልና። <<ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓዲግካኒ?>> (ማቴ.27፥46) ክሳብ ዝብል ዝሞተ ኣብ ስምዒት ኣትዩ ንበረኻ ርእዩልና።

ነብይ ኤልያስ <<ዎ ኣምላኽ፥ ሕጅስ፥ ይኣኽለኒ! ካብ ኣቦታተይ ኣይበልጽን ኢየ 'ሞ ነፍሰይ ውሰድ ኢሉ ንኽሞት ለመነ>> ይብል (1.ነገ. 19፥4)። ኤልያስ ከምዚ ኢሉ ተስፋ ዝቐረጸ ግን ተስፋ ዘቕሩጽ ነገር ብርግጽ መጺእዎ ዘይኮነስ ዓቢ ተኣምራት ርእዩ ብንእሽተይ ዘፍርሕ ስለ ዝተረተዐ እዩ። ኤልያስ ቅድሚ እዚ ዝነበረ ህይወቱ ቆራጽነትን ጽንዓት ዝረኣዮን እዩ። ኤልያስ ኣብ ቅድሚ ኣክኣብ ቆይሙ ዝስምዖ ዝነበረ ኣብ ቅድሚ ኣግዚኣብሄር ከም ዝቐመ ነበረ፡- <<ኣብ ቅድሚኡ ናይ እስራኤል ኣምላኽ ህያው እግዚኣብሔር! (1ነገ.17፥1) ይብል ነበረ። ብዝናብ ኣብቕሉ፤ ብጸሓይ ኣብሲሉ

ዝምግቦ ጐይታ ከመይ ተኻሒዱ ኢሉ ንሰማይ ጠሊ፤ ንምድሪ ዘርኢ ንከይትህብ ገዘተ። ብሕፍኒ ሓርጭን ብጽንቃቕ ዘይትን ናይ ጥሜት ዘመን ብበረኸት ሓሊፉ ኣብ ዘመን ጥሜት ዘጽገበቶ ኢድ እግዚኣብሔር ርእዩ እዩ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ንንጉስ ተገሊጹ ብድፍረት ዝገሰጸ ንህዝብን ንንጉስን ኣብ እምባ ቀርሜሎስ ቆጺሩ ብኣምልኾ ተማጉቱ ዘሰነፈ፤ ዝደረቐ መሬት ብዝናብ ክጠልል ርእዩ፤ ንንጉስን ህዝብን ዘእመነ፤ ንህዝቢ ዘስሓቱ ናይ ጣኦት ካህናት ኣወጊዱ ፍርዲ ዝፈጸመ እዩ። ኤልያስ ነዚ ኵሉ ተኣምራት ምስ ረኣየ ሓደ መዓልቲ ንግስቲ ኤልዛቤል መጠንቀቕታ ለኣኸትሉ። ኤልያስ ከኣ ፈሪሑ እግሩ ናብ ዝመርሖ ናብ ደቡብ ናብ በረኻ ግብጺ ጉዕዞ ጀመረ። ባዶነቱ ምስ ኣሳቐዮ ምንባር ጸልአ፤ ረብሓኡ ምርኣይ ተሳእኖ ንኹሉ ዝኸሰረ መሲሉ ተሰምዖ፤ ስለዚ ሞት ለመነ።

ኣንታ ሓወይ ንዓለም ንዒቕካ፤ ንብርቱዓት ገሲጽካ፤ ነጻን ግልጺ ሰብን ኮይንካ ዝነበርካ፤ እግዚኣብሔር ምስ ቃልካ ተሰማሚዑ ብዙሕ ዝገበረልካ፤ ኵሉ ኣብ ዝተሸገረሉ ዘመን ብበረኸት ዝነበርካ፤ ክፉእን ሰናይን ዘመን ዘፈራረቐካ፤ የለን ዝተባህለ እግዚኣብሔር እንደገና ኣብ ኣደባባይ ክምለኽ፤ መታለልቲ ክጠፍኡ ክፉኣት ክእገዱ ዝረኣኻ፤ ንብዙሓት ናብ ኣምላኽካ ዝማረኽካ ነበርካ። ሎሚ ግን ካብ ዝረኣኻዮ ተኣምራት ዝሰማዕካዮ መጠንቀቕታ ዘፍርሓካ፤ ጸላኢኻ ባዶነት ዝዘርኣልካ፤ ምሕሳብን ምግባርን ክሳብ ዝሰኣነካ ቃልካን ተግባርካን ዝተበላሸወካ፤ ምንባርን ሙማትን ክሳብ ዝሰእኣነካ ተፈጢርካ ከምዘይተፈጥረ ምኺን ዝተመነኻ ኣባኻ ዝኾነ ኵሉ ኣብ ቅዱሳን ውን ኮይኑ እዩ። ናትካ ኣውያት ንዘመናት ቅዱሳን ኣእውዮም ኢዮም።

እግዚኣብሔር ንኤልያስ ሰኻ ኢልዎ። ናብቲ ዝመሃረሉ ቦታ ክሳብ ዝበጽሕ ሓይሊ ዝኾኖ ምግቢ ኣብልዖ። ንስኻ ከኣ ነዚ እትሰምዖ ዘለኻ ቃል ዝምግበካ እግዚእብሔር ንዓኻ ዝበሎ ዕላማ ናብ እትርድኣሉ ስፍራ ንኽትበጽሕ እዩ። እግዚኣብሔር ንኤልያስ ክሳብ እንባ ኮሬብ ኣብጺሕዎ። ኣብዚ ብዙሕ ተኣምራት እንተ ተራእየ ውን እግዚኣብሔር ኣይነበሮን። እግዚኣብሔር ካብ እሳትን ካብ ኣውሎ ንፋስን ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ ጸጥታ ነበረ። ንስኻ ከኣ ዝሓወይ ተኣምራት ትምነ ኣለኻ። ኣብ ጸጥታ ኮይንካ ኮፍ በል። እግዚኣብሔር ክዛረበካ እዩ። ኤልያስ በቃ ክመውት በለ። እግዚኣብሔር ንቦትኡ ዝትክእ ነብይ፤ ኣብ እስራኤልን ኣብ ሶርያን ነገስታት ከም ዝቕብእ ነግሮ። ስርሑ ከይተወድአ ሞት ተመነየ። ንስኻ ከኣ ጌና

ከይረፈደ ዝመሰየ መሲልካ። ኤልያስ በይነየ በለ። እግዚኣብሔር ግን ሕቡኣት ሸውዓተ ሽሕ ሰራዊት ኣለዉኒ በሎ። ኤልያስ ናብቲ ዝገደፎ ስርሑ ተመልሰ።

ኤልያስ ዝሓሰቦ ጥራይ ይዛረብ ነበረ። ሕጂ ግን እግዚኣብሔር ዝሓሰበሉ ምዝራብ ክሳብ ዝስእን ስቕ በለ። ንስኻ ከኣ ዓቢ ስራሕ ኣብ ቅድሜኻ ስለ ዘሎ ናብኡ ንኽይትበጽሕ ሰይጣን ብዓቢ ባዶነት ሃሪምካ።ንርእስኻ ዘይኮነስ ንእግዚኣብሔር ጽን በል። ኣምላኻዊ መልሲ ዓወት ኣለዎ። ኢድካ ኣብ ኣፍካ ጌርካ ክሳብ ትግረም እግዚኣብሔር ድንቂ እዩ። ንተውህቦኻ ክሳብ ትዕዘቦ እግዚኣብሔር ይሰርሓካ። ክወግሕ ከሎ ምጽልማቱ ተፈጥሮ እዩ።

ነብይ ዳዊት ብዙሕ ጭንቀት ኣእንጊዱ እዩ። ንጉስ ክትከውን ኢኻ ተባሂሉ ድሕሪ ምቕብኡ ናይ ድኽነት ናብርኡን ናጽነቱን ስኢኑ ካብ ጫካ ናብ ጫካ ዝስደድ፤ ኣብ ናይ ጉስነት ዓቕሙ ምስ ንጉስ ዝቃለስ ኮይኑ። እዚ ኩሉ ሓሊፉ ኣብ ዙፋን ድሕሪ ምቕማጡ ዝፈትዎም ደቁ ኣይፈተውዎን፤ ዝጸዓረሎም ደቁ ቅኑዓት ኣይኮንሉን። ኣቤሰሎም ወዱ ካብ ዙፋን ኣባሪሩ ናይ ኣቡኡ ኣንስቲ ደፊሩ። ዳዊት ከኣ ምስ ውሑዳት ኣመንቱ ምስ ተሰደደ በዓለገታት እናሰዓቡ ይጸርፍዎ ነበሩ። ዳዊት ግን ካብ ገዛእ ወዱ ዝሰኣኖ ሰናይ ካብ ካልኦት ኣይደለየን። ኣብ ዝሓለፈ ዘመነይ ብዝሰራሕክዎ ሓጢኣት ይግብኣኒ እዩ ብለ። እዚ ናይ ምንዓቕን ጸርፍን ጽዋእ ምስ መልአ እግዚኣብሔር ክፈርደለይ እዩ ኢሉ ኣመነ። በዚ ኣጨናቒ ግዜ ውን ዳዊት ኣብ መዝሙር 3 ንዘሎ ጸሎት፡-

<< ዎ እግዚኣብሔር ጠቕዕተይሲ ክንደይ ኮን

ይበዝሑ፤ ኣባይ ዝለዓሉስ ብዙሓት ኢዮም።

ብዛዕባ ነፍሰይ ብዙሓት፤ ኣብ ኣምላኽሲ

ምድሓን የብሉን፤ ይብሉ ኣለዉ። ዎ እግዚኣብሔር፤

ንስኻ ግና ኣብ ዙርያይ ዋልታ ኢኻ፤

ክብረይን ንርእሰይ ልዕል እተብላን ንስኻ ኢኻ።

. . . >>ብምባል ጸለየ።

ንስኻ ከኣ ዝሓወይ ዓቢ ጭንቀት ዝመጽእ ኣይግብኣንን ኢልካ ምስ እትሓስብ እዩ። ይግብኣኒ እዩ ኢልካ ምስ እትሓስብ እግዚኣብሔር ከም ንስሓ ቆጺርልካ ሰላሙ ይህበካ። ሰብ ክሳብ ሎሚ ቆይሙ ዘሎ ብምግቢ እዩ ኢልካ ትሓስብ ትኸውን። ሰብ ዝቐውም ግን ብተስፋ ምኽኑ ሎሚ እግዚኣብሔር ኣርእይካ። ንሱ ካባኻ ከይተፈልየ፤ እንተኾነ ግን ህልውናኡ ከይትስእን ስኞ በለካ። ብዝህበካ ሰላም ጥራይ ዘይኮነስ ብዘይ ሰላሙ ውን ትፈትዎ ዶ? ንኽፈልጥ እግዚኣብሔር ከምዚ ገሩ። ንስኻ ንእግዚኣብሄ እተምልኾ ሰላም ክትስእን ከለኻ እዩ። ስለዚ እተምልኾ ዘለኻ ንእግዚኣብሔር ዘይኮነስ ንሰላምካ እዩ። ንባዕሉ ከተምልኾ ይደሊ እዩ'ሞ ሎሚ ኣስተውዕል።

ፍትወይ! በዚ ናይ ሕይወት በረኻ ንስኻ ንበይንኻ ዝሓለፍካ፤ ምስኪን ናይ ታሪኽ ሰብ ኮይኑ ይረኣየካ ይኸውን። ኤልያስ፤ ዳዊት ብዙሓት ቅዱሳን ውን በዚ ናይ ሕይወት በረኻ ሓሊፎም ኢዮም። ኣነ'ውን ብዓቕመይ ሓሊፈ ኢየ። ናይ እግሪ ፈለግ ዘለዎ መንገዲ ኣየፍርሕን። ሰብ ስለ ዝሓለፎ። ልዕሊ ኵሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ሎሚ ንስኻ ንትሓልፎ ዘለኻ ሓሊፍዎ እዩ። እግዚኣብሔር ዝሓደገካ እዩ ዝመስለካ። ኢየሱስ ክርስቶስ <<ኣምላኽይ ኣምላኽይ፥ ንምንታይ ሓደግካኒ?>> ክሳብ ዝብል ነዚ በረኻ ርኢልካ። በይንኻ ኣይኮንካን እሞ ኣታ ጎበዝ ተንስእ።

እቲ ጭኑቕ ካብ ሞት ከም ምንቃሕ ዝደረቕ ኣዕጽምቱ ክልምልሙ፤ ካብ መቓብር ኣምሊጡ ካብ ምድረ ህያዋን ክምለስ ተሰምዖ። ትንፋሱ እንደገና ህልውና ጀመረ። ተስፋኡ ብዛዕባ ሓዘን ዘይኮነስ ብዛዕባ ዝማሬ ክሓስብ ጀመረ። ቅድም ካልእ ሰብ ሕጂ ካልእ ሰብ ኮነ። መንፈስ እግዚኣብሔር ናይ ምንባር ፍቓድ ኣሐደሰሉ። ብዓቢ ሓይሊ ተንስኣ። እቲ ባርያ እግዚኣብሔር ንዕኡ ዝተላእከ ህያብ ምኽኑ ኣመነ። ቅድም ብቀቢጸ ተስፋ ሕጂ ብናይ ሓጎስ ልቕሶ ጀመረ። ንብዓት ንኽልቲኡ እዩ ዝገልጽ። ንቃላት ዘይክእሎ ንኽተርሕቕ፤ ዓቢ ሓዘን ወይ ከኣ ዓቢ ሓጎስ ንምግላጽ ንብዓት ቋንቋ እዩ። እቲ ግዜ ሕጂ ካብ ንግሆ ሰዓት ኣርባዕተ እዩ። ብዘይ እግዚኣብሔር ሓንቲ ሰዓት ምንባር ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምኽኑ ሓሰበ እሞ ካብ እግዚኣብሔር ተፈልዮም ንዘልኣለም ኣብ ሲኦል ንዝነብሩ ክምስክረሎም ጉዕዞ ጀመረ።

ምዕራፍ ዓሰርተ

ምዕጋብ ብመን ?

ብዘመነ መንግስት ናይ ንጉስ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ ልዑል በዓል ስልጣን ዝነበሩ ሰብ ርስቶም ክልተ ክፍለ ሃገራት ዘማእከለ ነበረ። ኣብ ጥቓ ናይዚ ሃብታም ሰብ ዝነብር ሓደ ድኻ ሰብ ነበረ። ሓዱር ናይ'ዚ ሰብ ስለ ዘጨነቖ ኣነ ካልእ ቦታ ክህበካ ኢየ፤ እዚ ቦታ ግደፎ ኢሎም ኣተንስእዎ። ንሱ ከኣ ናብቲ ንጉስ እንተ ተመላለሰ ሓታቲ ኮነ ፍርዲ ሰኣነ። እቲ ንጉስ ኣሜሪካ ምስ ከደ ወራሲ ዓራት ሓላዊ ዙፋን (ወንበር) ኮይኑ ስለ ዝነበረ እዚ ሰብ ናብ ወራሲ ዓራት ኣቤት በለ። እቲ ወራሲ ዓራት ውን ምስ ሰምዐ ብጣዕሚ ሓዚኑ በዓል ስልጣን ኣጸውዐ <<ንምንታይ ናይዚ ድኻ ሰብ መሬት ወሲድኩምሉ?>> በሎም። ንሶም ከኣ፦ <<መዓስ ወሲደ? ካልእ ቦታ ክንህበካ ኢየ ኮ ኢለዮ>> በሉ። ወራሲ ዓራት ውን << ናቱ ዶብ መወዳእታ ስለ ዘይብሉ ኣበይ ሃገር ከይዱ ይንበር?>> ኢሎም መሬቱ ኣምለስሉ።

ክልተ ክፍለ ሃገር ዝሓዘ ሰብ ንእሽተይ ናይ ድኻ መሬት ተጸብቐሉ ኢያ ኢልካ ዘይግመት ይኸውን ግን ኮይኑ። እዚ ድኻ ምስ ተንስኣ ካብቲ ገዛ ናይቲ ድኻ ሰብ ቀጺሉ ዘሎ ሰብ ድማ ናይዚ ሰብ ሓዱር ክኸውን እዩ። ብርግጽ ውን ንዶባቶም መወዳእታ ኣየዳለውሎምን። ***<u>ወዲ ሰብ ምስ ክብረቱ ዝሓልፈሉ ዓቢ ሃብቱ ልክው ምፍላጡ እዩ።</u>*** ናትና ዶብስ መወዳእታ ኣለዎ ዶ?

ዘለናዮ ዘመን ናይ ምዕባለን ጽባቐን ዘመን እዩ። ንሓደ ሓደ ንምድኻም ንኻልኦት ንምውፋር ምስ ምግቢ ብሚዛን ዝደራደርሉ ዘመን እዩ። ጽባቐ ኣሎ፤ ሓይሊ ኣሎ፤ ገንዘብ ኣሎ፤ ናይ መራኸቢ መሳርያ ኣሎ፤ እኹል ዘመን ዘፍርስ ቴክኖሎጂ ኣሎ። ዕግበት ግን የለን። ምዕባለ ዝሰልቸዎ ጻዕዳ ብተፈጥሮን ብጥንታውን ነገር ንምዕጋብ ናብ ኣፍሪቃ ይመጽእ፤ ኣፍሪቃዊ ከኣ ናይ ዕግበተይ መልሲ ኣብ ምዕቡል ቦታ እዩ ኢሉ ናብ ዓዲ ጸዓዱ ክኸይድ ክልቲኦም ከርታታ ኣብ ኣየር ፖርት ይመሓላለፉ። እዛ ዓለም ናይ ቀንጠመንጢ ድልየታ እናተማልአ ብዝመጸ ቁጽሪ መንፈስ ድርቀት ብብርቱዕ እናኣጥቅዓ እዩ። ንብረት መልሲ ናይ ሕይወት ሕቶ ዝመስሎም ዝነበሩን ሕጂ ግን በሃብቶም ሓጎስ ዝሰኣኑ ወይዘሮየ <<እቲ ገንዘብ ውሰድ እሞ ሓጎሰይ ምለሰለይ>> ብምባል ብሰባኺ ናብ እግዚኣብሔር ለኣኹ።

ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ሰብ ህልውና ኣብ ሓደጋ ዝደርበየ ዘይምዕጋብ፤ ታሪኽ ናብ ምጥቕላል ዝተቓረበሉ ናይ ሎሚ ዘመን ናይ ብዙሓት ነፍሲ ወጢሩ እዩ። ንኹሉ ውን ናይ ናብራ ደረጃ ከይፈለየ ሃብታምን ድኻን፤ በዓል ዝና ዝተረስዐ ዘይምዕጋብ ይማጎቶ። እዚ ናይ ሕይወት ድርቀት ብዝያዳ ንሃብታማትን ንሰብ ዝናን ሰባት ሃሪሙ እዩ። ናይ ወድ ሰብ መሰረታዊ ድልየቱ ዘማልኡ መንግስታት ውን ካብ'ዚ ውሽጣዊ ዝሑል ዜጋኦም ከዕብዩ ኣይከኣሉን። ኣብ ዓለምና ካብ ድኻ ናይ ኣፍሪቃ ህዝቢ ንላዕሊ ኣብ ምዕቡል ሃገራት ነብስኻ ናይ ምጥፋእ ወንጀል(ገበን) ተስፋሕፊሑ። ዜጋኦም ስለ ዝሰርሐ ጥራይ ዘይኮነስ ብሰላም ስለ ዝሓደረ ጥራይ ዝኸፍሉ ሃገራት ንህዝቦም ቀንጠመንጢ እምበር ዘዐግብ ክህብዎ ስለ ዘይከኣሉ ናይ'ዚ ዓቢ ወንጀል (ገበን) ተጠቃዕቲ ኮይኖም።

ሰይጣን ካብ'ቲ ንሰባት ዝዋግኣሉ ቀንዲ ሓጢኣት ሓደ ዘይምዕጋብ እዩ። መጀመርታ ዘርኢ ሰብ ዝኾኑ ኣዳምን ሄዋንን በዚ ገመድ ተጠሊፎም። ሰይጣን ንዕኦም ናብ ዕግበት ዝጎደሎ ዝወሰዶም፡-

1. ***<u>ንጉድለቶም ብኣጉል መነጸር ብምርኣይ</u>*** (ዘፍ3፣1)፡- ሰይጣን እግዚኣብሔር እንታይ ሂብኩም? ዘይኮነስ፤ እንታይ ከልኪልኩም? ኢሉ ሓተቶም። ሰይጣን መንግስቱ ኣብ ኣሉታውነት ዝተመስረተ እዩ። ሓደ ኣቦ፡- <<ሰይጣን እግዚኣብሔር ከልኪልካ ኢሉ ምውራይ ይፈልጥ እዩ፤ ሓዚኑ ምሃብ ግን ኣይፈልጥን>> በሉ። በሓቂ ካብ ዝጎደለና ነገር ዝተዋህበና ይበልጽ። ንጉድለትና ቀልጢፍና እነውርዮ ሓደ ወይ ከልተ ስለ ዝኾነ እዩ። ንዝተገብረልና ተዛረቡ እንተ ንበሃል ግን ኣብ ማእከል ባሕሪ ከም ዝተደርበየ ሰብ ካበይ ናበይ ከም እንኸይድ ዓቕልና ይጸበና <<ምስጋናን>> <<ምሕሳብን>> ካብ ተመሳሳሊ ስርወ-ቃል ዝተረኽቡ ኢዮም። ዝበለጸ ምሕሳብ ምስእንኽእል ዝበለጸ ኣመስገንቲ ኢና እንኸውን።

2. ***<u>ናይ ሓጎሶም መልሲ ብንዋታዊ ጌሩ ብምቕራብ</u>*** (ዘፍ.3፣4፡- ሰይጣን ንኣዳምን ሄዋንን ከም ዘይዓግቡ ንምግባር ዝወጠኖ ንጉድለቶም ብምጉላሕ እዩ። ናይ ዕግበትና መልሲ እንታይ እዩ? ምስ ዝብሉ ድማ <<ናይ ዕግበትኩም መልሲ ዘለዎ ሕጂ ውን ኣብ ውሽጢ ካልእ ነገርኩም እዩ>> በሎም። ናይ ምድሪ ገዛኢ ምኻን ንበይኑ ኣየዕግብን። ናይ ሰማይ ገዛእቲ ምኻን ውን የድልየኩም በሎም። ሓቀኛ ዕግበት ኣብ ቅድሜና ብዝጸንሑ ነገራት ዝተመስረተ ዘይኮነስ ሕጂ ብዝኾነ ነገር

እንሕጎሰሉ ትብዓት እዩ። *<u>ሓጎሰ ብምድላይ ሓጎሰ ከም ዘይርከብ ደቂ ሰባት ዘይተረድኦ ሓቂ እዩ ።</u>*

3. ***<u>ንሓጎሰ እኮ ዘይኮዓት ጉድጓድ የለን ብምባል</u>*** (ዘፍ.3፥6)፦ ሰይጣን ብዘይ እግዚኣብሔር ብክብርታቶም ክሕጎሱ ከምዝኽእሉ ነገሮም ። ውጽኢቱ ግን << ዘቕጥዑኒ የውርድ ኢላ ጡባ (ኣፍ ልባ) ደርበየት >> ዝተባህለ ኮነ። ሰባት ገንዘብ ዝደልዩ ንዕኡ ንገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን። ብገንዘብ ዕግበት ዝርከብ ስለ ዝመስሎም እዩ። ገንዘብ ካብ መዋግኢ ሓሊፉ ብፍጹም ዕግበት ኣይርከቦን። ገንዘብ ክገዝኡ ዝኽእል፤ ገንዘብ ክገዝኡ ንዝኽእል ቀንጠመንጢ ጥራይ እዩ። ሰባት ዕግበት ንምርካብ ወንጀለኛታት (ገበነኛታት) ኮይኖም ኢዮም። ናይ ዕግበት ንብረት ክሓቱ እንዳ ጠንቋሊ ከይዶም ኣብኡ ኣገልገልቲ ኮይኖም ተሪፎም። ናይ ሰይጣን ኣፈት ክትኣቱ ገፊሕ እዩ፤ ክትወጽእ ጸቢብ እዩ። ናይ ጐይታ መንገዲ ግን ንምጅማር ዘጨንቕ ጸቢብ ክኸውን ከሎ መዕረፊኡ ግን ብጣዕሚ ገፊሕ እዩ። (ማቴ 7፡13፤ ዮሃ 10፡9)።

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብዚ ዓለም ዝመጸ ንዝገዝኡና ሓጢኣት ክገዝኦምን ሰናይ ስራሕ ንምግባር እንኽእል ዝተፈታሕና ህዝቢ ክገብረና እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ንስለ ናይ ሰብ ታሪኽ ዝቕሙ ክልተ ኣዳም ይነግረና (1ቆረ.15፥45)። ናይ መጀመርታ ኣዳም ብሓጢኣት ዝወደቐ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ኣዳም ክርስቶስ ግን ዓወት ዘልዓለ እዩ። ኣዳም ኣብ ገነት ዝወደቐሎም ፈተናታት ጐይታና ኣብ በረኻ ቆረንጦስ ዓወት ክልዕል ብመንፈስ ቅዱስ ተወስደ (ማቴ 4፡1-11)።

ንኣዳም ዝደርበየ ሰይጣን ሕጂ ናብ ጐይታና መጸ። ሰለስተ ቀንዲ ሓጢኣት ኣቕረበሉ። ጐይታና ግን ዓወት ኣልዓለ። እዞም ቀንዲ ሓጢኣት ስስዕቲ፤ ትዕቢትን ገንዘብ ምፍታውን ኢዮም። ንስስዕቲ ዘለኒ ይኣኽለኒ ብምባል፤ ንትዕቢት ብትሕትና፤ ንፍትወት ገንዘብ ንዓለም ብምንዓቕ ኣሰነፎ። ንሕና ከኣ ኣብ ውሽጢ ክርስቶስ ኮይና ነዚ ዓወት ተኻፊልና ኢና።

ደቀ መዛምርቱ ከኣ ንዓወቱ እንዳ ኣወጁ ኣብ ኩሉ ዓለም ዞሩ። ብትምህርቶም ከኣ ብቐሊሉ ክርስዎ ዝኽእሉ ሓጢኣት ኣጠንቀቕ። ንሶም'ውን፦ ዘለኒ ይኣኽለኒ ዘይምባልን ብመጠን ዘይምንባርን ህርግፍና ኢዮም።

ዓቢ ረብሓ

(1ጢሞ 6፥6)

መጽሓፍ ቅዱስ ዓቢ ረብሓ ምእካብ ዘይኮነስ ዘለኒ ይኣኽለኒ ማለት ከምዝኾነ ይነግረና። ይኣኽለኒ ማለት ክብሪ እዩ። ስጋ ወሰን የብሉን፤ ብዝረኸቦ ቁጽሪ ስሱዕ ይኸውን። ንስጋ ዘገልግሉ ማይ ጨው ከም ዝሰተዩ ኵሉ ግዜ ኣይዓግቡን። ናይ ሃገርና ሰብ << ነዚኣ ክሳብ ዝውሕጥ ዕድመ ሃበኒ፤ በለ ዕጉብ >>ይበሃል። ዕጉብ ንእሽተይ ሓሰኻ እኳ ብኣፉ እንተሒዙ ቅንዕ ኢሉ ናብ ሰማይ ይምልከት። ሽማግለታት ክትርጉምዎ ከለዉ፡- <<ነዚኣ ክሳብ ዝውሕጥ ዕድመ ሃበኒ>> ማለቱ እዩ ይብሉ። ዝጠቅም ነገራት ኵሉ ጠቓሚ ዝኸውን ንሕና ምስ ንነብር ጥራይ እዩ። ንስጋ ዘገልግሉ ብጣዕሚ ዮም ዘሕዝኑ። እቶም በዓለ ቅኔ ከምዚ በሉ፡-

ሰጋ ኢሎምሰ ካብ ቀደም ጥንቲ፤

ክጭነቕ ይነብር የብሉን ዕረፍቲ፤

ስጋ ዝብል ቃል ፍረ ማለት እዩ። ስግኣት ካብ ዝብል ቃል ዝወጸ ክኸውን ከሎ ብዓንቀጽ ትእዛዝ ስጋ (ተጨነቐ) ተባህለ። እምነት እንተ ዘይ በዚሕልና መኒንና ኮነ ነጋዳይ ኮይና ካብ ናይ ጭንቀት ስጋ ኣይነዐርፍን።

ብጥዕና ንምንባር

(1ጴጥ 1፥13)

ብጥዕና ንምንባር ዓቢ መፍትሒ ብመጠን ምንባር እዩ። ከብዲ ከምዘርኣኻዮ እዩ። ከይብሉኒ ዘይብሉ ከብዲ ምግልጋል ጦና ይወስድ። ካብ መጠን ንላዕሊ ንምንባር ምስ ንምድብን ድሌታትና ገደብ ምስ ዝስእንን ናይ ምንዮታትና ባሮት ኢና እንኸውን። ወላ እኳ ዝጸበቐ ገዛን መኪናን እንተሃለወና ዝደለብና ባሮት ኢና። መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ናብራ ቅድስና ከምዝዋጋእ ካብ ናይ ጸሎት ሕይወት ከምዘፈናቕል፤ መንገዲ ሰማይ ከምዘረስዕ ይነግረካ (ጴጥ.1፥13፤ 5፥8 ፤ 1ተሰ. 5፥6)። ንሰይጣን ክፉታት ካብ ዝኾኑ መዓጹ ሓደ ናይ ናብራና ጣዕሚ እዩ።

ምምጣን

(ፊል 3፥19)

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ካብ ዝተገልጹ ሓጢኣት ሓደ ሸብዳዕዳዕ (ብዛዕባ ከብዲ) እዩ። ስለ ዘለና ጥራይ ስቕ ኢልካ ምብላዕ ሓጢኣት እዩ። ስኽራን ሓጢኣት ዝኾነ ልዕሊ መጠን ስለዝኾነ እዩ። ልክዕ (መጠን) ዘይብሉ ብልዒ ከኣ ናይ ሃርገፍገፍ ሓጢኣት እዩ። ብርኹሳት መናፍስቲ ዝተታሕዙ ሰባት ብዙሕ ግዜ ብኽብዲ ዮም ዝተሓዙ። መጢንና ምብላዕ መንፈሳውን ስጋውን ረብሓ ኣለዎ። ብስስዐ ዝኣክል መጠን ከብዲ ኢድና እንኹልስ ምኽን ኣየድልየናን። ኣብ ብልዒ ዘለና መጠንነት ንወዲ ሰብ ካብ ዘድልዩ ኩርዓታት ሓደ እዩ። ብዙሓት ዝተበሳጨዉን ናይ ኣእምሮ ሕሙማትን ጭንቀቶም ዝወጸሎም ዝመስሎም ብዙሕ ብምምጋብ እዩ። ናይ ጭንቀትና መርከብ ግን ወዲ እግዚኣብሔር እዩ።

እዛ ንነብረላ ዓለም ንሓደ ጥራይ እዩ ስፍራ ዘለዋ። እቲ ሓደ ከኣ ካልእ ሓደ ምስ መጸ ክልተ ይኾኑ። ኣቐዲሙ ንውልቂ ብዙሕ ዓመት ከፊሉ ዝነበረ ሰብ ሕጂ ድማ ንእሽተይ እንድሕሪ ተመሓይሻ ቀዳመይቲ ምኾነት ኔሩ ብምባል ዝተረፈ ዕድሚኡ ተባኽነሉ። ዓለም ንውህበት እግዚኣብሔር ዝኾነ ግዜ እተጸብቐ ግዜ ንዝሃበና እግዚኣብሔር ግዜ ንኸይህልወና ብምግባር እዩ።

ሓደ ሰብ፡-<<ሎሚ ዘመን ደቂ ሰባት ዕግበት ንምርካብ ብዙሕ ገንዘብ ይእክቡ። ብብዙሕ ድኻምን ድቃስ ምስኣንን ዝኣከብዎ ገንዘብ ክምገቡ ክብሉ ብዝሒ ጽዕነት ሕሙማት ይገብሮም። እቲ ገንዘብ ከኣ ንሕክምና የውዕልዎ። ወላ እኳ ከምኡ እንተገበሩ ግን ጥዕንኣም ናብ ናይ ቀደሙ ኣይምለስን>> በለ።

መን እዩ ዘመስግነካ?

እግሪ ዘይብሉ ሓደ ሰብ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዝኾነ ለምለም ሻኻ ርእዩ ኮፍ በለ እሞ፡- <<ኣቤት እዚ ሸኻ ብእግሪ ቆሪጾም ንዝሓልፉ ክንደይ ጽቡቕ ኔሩ?>> በለ። በዓል እግሪ ድማ መጸ እሞ፡- <<ኣቤት እዚ ሸኻ ብፈረስ ቆሪጾም ንዝሓልፉ ክንደይ ጽቡቕ ኔሩ?>> በለ። ነዚ ዝሰምዐ ኣካለ ስንኩላን፡- <<ኣቤት ኣንታ እግዚኣብሔር መን ኮን እዩ ዘመስግነካ?>> በለ ይበሃል።

ዘይምዕጋብ ምስጋና የጥፍእ እዩ። ዘየመስግን ድማ ኣብ ህይወቱ ሓጎስ ዘይብሉ ይኸውን። ዘይዓግብ ሰብ ካብ ዘይምዕጋቡ ዝተላዕለ <<ከምዝን ከምትን ስለ ዘይኮነ እዩ>> እናበለ ይመራመር። ንበረኽቱ ከይተረፈ ክራገም ይጅምር። ነዛ ሰበይቲ እዚኣ ክምርያ ኣይነበረንን፤ ኣብዚ ዕድመይ እዚ ቆልዓ ክወልድ ኣይነበረንን፤ ሓጎሰይ ዝሰኣንኩ ሸኽም ቤተ ሰበይ ኣብ ልዕለይ ብምጽዓኑ እዩ፤ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክውለድ ኣይነበረንን፤ ፖለቲካ ኣይተሰማምዓንን.... እናበለ ናይ ዘይምዕጋቡ ምኽንያት ይደራድር። ሽግር ምፍላጥ ንባዕሉ ፍርቂ መፍትሒ እኳ እንተኾነ ወዲ ሰብ ግን ብዘይ እግዚኣብሔር ሽግሩ እኳ ክፈልጥ ኣይክእልን።

ሓደ መንእሰይ፦ <<ኣብ ህይወተይ ሓጎስ የብለይን፤ ብዙሕ ነገራት ተበላሽዮምኒ፤ ሃገር ገዲፈ ምኻድ ይሕሸኒ>> ኢሉ ንሰባኺ ኣማኸሮ። እቲ ሰባኺ መሊሱ፦ <<ጽቡቕ እዩ፤ እቲ ዘጨንቕካ ግን ቪዛን ትኬትን ስለዘይደሊ ክስዕበካ እዩ>> በሎ። መንእሰይ ውን ንሕይወት ዘሰንፋ ብምህም ዘይኮነስ ብምቅላስ ምኽኑ ምስ ተረድኣ ሽግሩ ምሉእ ብምሉእ ተላዕለ። ዘይምዕጋብ ቀብጠርጠር የብለካ። ስልችው ይገብረካ።

<u>ምዕጋብ ብመን ?</u>

ሓደ ፍሉጥ ተጫራቒ ሰብ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ይተሓዝ እሞ ናብ ናይ ስነ ልቦና ሓኪም ይከይድ። እቲ ሓኪም ውን ቃንዝኡ ድሕሪ ምምርማሩ፦ <<ኣብዚ ከተማ ፍሉጥ ኣዘናጋዒ ሰብ ኣሎ፤ ንብዙሓት ናብኡ ሰዲደዮም መፍትሒ ረኺቦም። ንስኻ ውን ናብኡ እንተ ኬድካ መፍትሒ ክትረክብ ኢኻ>> በሎ። እቲ ዝሓመመ ውን፦ <<እቲ ሰብ ኣነ ኢየ>> በሎ። እቲ ሓኪም ውን፦ <<በል ንዓኻ ዝኸውን መፍትሒ የብለይን>> ኢሉ ኣፉነዎ። ናይዚ ሰብዚ ኣባህልኡ ኣቦታት፦ <<ማይ እንተሓኒቕካ ብምንታይ ተውርዶ፤ ላማ እንተ ሓቢጡ ብምንታይ ይጥዕም።>> ከምዝበልዎ እዩ። እግዚኣብሔር ግን መልሲ ኣለዎ። ኣብ ዓለምና ዘለዉ ፍሉጣትን ሰብ ዝናን ሰባት ዕግበት ከም ዘይብሎምን ብዙሕ ግዜ ተነጊሩ እዩ። ከነዘንትዎ ቦታ ክሓጽረና እዩ። እሞ እንታይ ደኣ ምዕጋብ ብመን እዩ?

እሱር ዝነበረ ጳውሎስ ኣብ ትሑት ናብራ ይነብሩ ንዝነበሩ ሰብ ፍልጲስዩስ ከምዚ በሎም፦ <<ኵሉ ግዜ ብጐይታ ደስ ይበለኩም፤ ደጊመ ይብለኩም ኣለኹ፤ ደስ ይበለኩም>> (ፊልጵ. 4፥4)። ደስ ከይበሎ ደስ ይበልኩም ዝብል የለን። ማእሰርቲ

ንናይ ጳውሎስ ሓጎስ ኣይቀነሶን። ሓጎስ እግዚኣብሔር ቅድሚ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ዝሰርሕ እዩ እሞ ዝረአ ቐንጠ መንጢ ነገር ዘይብሎም ድኻታት ደስ ይበልኩም ምባሉ ሕፍረት ኣይተሰምየን <<ኵሉ ግዜ ብጐይታ ደስ ይበልኩም>> በለ። ኵሉ ግዜ ብሰበይቲ፤ ብቆልዓ፤ ብገንዝብ . . . ደስ ኣይብልን ። ኵሉ ግዜ ግን ብጐይታ ደስ ምባል ይካኣል እዩ። <<ደስ ይበልኩም>> ናይ ትእዛዝ ዓንቀጽ እዩ። ናይ ክርስትያን ሓጎስ ምስክርነት እዩ። ዓለማውያን ናይ ክርስትና ሃይማኖት ናይ ሓጎስ ምንጪ ምኻኑ ብምርኣይ ናብ ኩርስቶስ ዝመጹ ናትና ሓጎስ ምስዝሪኡ ጥራይ እዩ።

ክርስቶስ ብመስዋእትነቱ ንኣቡኡ ኣዕጊቡ (ኤፌ. 5፥2)።ንናይ መሎኮት ፍትሓ ጽድቅ ዘዕገበ መዋእትነት ንዓና ከመይ ኣየዕግበናን? ድልየታትና ምምላእ ኣየዕግብን። ክርስቶስ ናይ ጽድቅና ዕግበት ምስ ዝኸውን ጥራይ ዝጸምኣት ነፍስና ትዓግብ። ዕግበት ዝሰኣንካ ወገነይ! ናትካ ዕግበትስ መን ይኸውን?

ምዕራፍ ዓሰርተው ሓደ

ሰላምና መን እዩ ?

ኣብ ትካል ሕቡራት መንግስታት ዋና ጸሓፊ ኣብ ህንጻ ኣብ ኢሳይያስ ክልተ ቁጽሪ ኣርባዕተ ዝተጻሕፈ ቃል ሰፊሩ ኣሎ፡- ኣብ ሞንጎ ኣህዛብ ክፈርድ፡ ንብዙሃት ህዝብታት ውን ክዳንዮም እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት፡ ኩናውቶም ውን ንገዘሞታት ክሰርሕዎ ኢዮም። ህዝቢ ኣብ ህዝቢ ሰይፊ ኣይክልዓልን እዩ፡ ደጊምሲ ውግእ ኣይክምሃሩን ኢዮም። እዚ ቃል ኣብ ዓለም ለኻዊ ትካል ኣብ ህንጻ ብምጥቅዑ ከየሐንሰና ኣይተረፈን። እቲ ጥቕሲ ግን ኣብ ዘይ ግዚኡ ዝተጠቕሰ እኳ እንተኾነ ሓደ ማዓልቲ ግን ተግባራዊ ክኸውን እዩ። እንተ ኾነ ውን መንግስታት ዓለም ክሳብ ክንደይ ንሰላም ከም ዝናፈቑ የርኢ።

ናይ ናብራ ስርዓተ ክብሪ ተለዋዋጢ እዩ። ኣብ ውሽጢ ዘሽከርከር ናይ ሕይወት ዙረት ንምእታው በዓል ጸጋ ኩን ወይ ከኣ ጽቡቕ ኩን ተዘይኮይኑ ተማሃር፤ ከምዚ ተዘይኮንካ ዋጋ የብልካን ናብ ዝብል ናይ ናብራ ስርዓት ኣቲና። ናይ ሕይወት ዋግኡ ገንዘብን ጽባቐን እንተ ኮይኑ ድኻታትን ኣካለ ስንኩላትን እንታይ ይኹኑ? ቅንዕናን ተኣማንነትን ተረሲዑ ሰብ ንቆርበቱ ምጭናቕ ጀሚሩ። ናይ ሎሚ መስቀላዊ ናብራ ዝፈጠሮ እዚ ዝተለዋወጠ ዋጋ እዩ። ሓደ ኣቦ፡- <<ገንዘብ ሰላም ከምጽእ ኣይክእልን፤ ሰላም ግን ገንዘብ ከምጽእ ይኽእል እዩ>> በሉ።

ሰላም እንታይ እዩ?

ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ወተሃደራት ጃፓን ኣብ ሓንቲ ደሴት ሰፊሮም ተዋጋኣይ ጽዕነትና ንምድርባይ ይጽበ። እቲ ቀዳማይ ወገን ተዋጋኣይ ጽዕነትና ክጸባበ እቲ ካልኣይ ወገን ድማ ንምግቦም ዓሳ ይገፉ ነበሩ። በዚ ስፍራ ዘለዉ እቲ ውግእ ተፈጸመ። ንሶም ግን ናይቲ ኩናት ምፍጻም ኣይሰምዑን ነበሩ ኵሉ ግዜ እቲ ሓደ ወገን ዓሳ ክገፍፍ እቲ ካልኣይ ወገን ድማ ናይ ሰራዊት ጽዕነት ንምድርባይ ብተዳሎ ይጽበ። ንሰላሳ ዓመታት ብኽምዚ ኩነታት ቀጸሉ። ዋላ እኳ ኩናት እንተ ተፈጸመ ናይ ዞም ሰባት ኣእምሮ ግን ኣብ ውሽጢ ኩናት ነበረ። ሎሚ ውን ኩናት ኣብ ዘይብሉ ስፍራ ኣብ ኩናት ዝነብሩ፤ ብጭንቀትን ፍርሃትን ዝተኸቡ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ። ሰላም እንታይ እዩ?

ዓለም ሰላም ኢላ እትጽውዖ ብዘይ ኩናት ምኽን ወይ ጥይት ከይተተኮሰ ምሕዳርን እዩ። እግዚኣብሔር ሰላም ዝብሎ ግን ውሽጣዊ ዕረፍቲ እዩ። እቲ ዙርያ ኩሉ ሰላም ኮይኑ ውሽጥና እንተ ተረቢሹ ንሱ እዩ ሰላም ምስኣን። ዙርያ ኩሉ ተረቢሹ ውሽጥና ሰላም እንተ ኾይኑ ድማ ንሱ እዩ ሰላም ማለት።

<u>ዓለምን ሰላምን</u>

ኣብ ዕስራ ክፍለ ዘመን ናይ ሰብ ድኻም ዝቕንስ ሓይልን ምዕባለን ዘመን እዩ። እዚ ናይ ምዕባለ ግሩምነት ብዙሕ ከይጸንሐ ኣቶሚክ ቦምብ ብምፍጣሩ ዓለም ሓደ ነገር ኣጽልኣ። ዓለም ብገዛእ ኢዳ ንምጥፋእ ድንን ቅንዕ እናበለት ኢያ። ንምንታይ? ምስ ዝበሃል ምዕባለ ክፍኣት ዘቀላጠፎ ዝኣክል ንእግዚኣብሔር ስለ ዘየኽበረ እዩ። ኢ-ሰብኣዊ ምንቅስቓስ ዝፍጽም ከምኡ ሰብ እዩ። ንዕኡ ምእራም ይከኣል ይኸውን? እንተኾነ ዓለም ሎሚ ውን ናይ ሰላም ቆጸራ እናደለየት ኢያ።

ዓለም ንሰላም ዘለዋ ጽምኣት ልዑል እዩ። ኣብ ዓለምና ብዙሕ ናይ ሰላም ጥቕስታት ተበቲኖም። ናይ ሰላም መዝሙራት ውን ተዘሚሮም ምልክት ሰላም እናተባህለት'ውን ርግቢ ተፈንያ። ዓለም ግን ሰላም ክትከውን ኣይከኣለትን። ምኽንያቱ ሰላም ንሓቂ ተሳዒርካ እምበር ብምንዮት ዝመጽእ ስለ ዘይኮነ እዩ።

ትካል ሕቡራት መንግስታት ንሰላም ዝተመስረተ ትካል እንተኾነ ንዓለም ናይ ሰላም ሕቶ ክምልስ ኣይከኣለን። ሰላም ንምስፋን ዝቃለስ ብምፍርራሕ ወይ ውን ንሓደ ቀቲሉ ንካልእ ንምዕራፍ ብዝግበር ፈተና እዩ። ሓደ ፍሉጥ ደራሲ፦ <<ትካል ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝተመስረተሉ ግዜ ጀሚሩ ብዛዕባ ሰላም ይመክር፤ ዓለም ግን ሰላም ክትከውን ኣይከኣለትን። ኣብቲ ጉባኤኣም ሓንቲ መዓልቲ ነቲ ናይ ሰላም ሓለቓ እንተዝጋብዝዎ ዓለም ሰላም ምኾነት ኔራ>>በለ።

ንዓለም እግዚኣብሔር ከም ዘድልያ ካብ ምዝንጋዓ ዝተላዕለ፤ እምነት ውን ግዜ ዝሓለፎ ኮይኑ ካብ ምርኣዩ ኣንጻር ዝኸውን ዘሎ እንተኾነና ከመይ ኢሉ ይገርም? ካብ ዓሰርተ ሓደ መስከረም ድሕሪ መጥቃዕቲ ናይ ኣሜሪካ ኣሸበርቲ ሓንቲ ህጻን ምስ ተሓተተት ዘገርም ነገር ተዛረበት፦ <<ንእግዚኣብሔር ካብ ገዛና ውጻእ ኢልናዮ ጭዋ ስለዝኾነ ወጺኡ! ንእግዚኣብሔር ካብ ቤት ትምህርትና ውጻእ ኢልናዮ ጭዋ

ስለ ዝኾነ ወጺኡ! ንእግዚኣብሔር ካብ ሃገርና ውጻእ ኢልናዮ ጭዋ ስለዝኾነ ወጺኡ። ሕጂ እግዚኣብሔር ስለ ዝወጸ ሰላም ስኢና>> በለት።

<u>ሰላም ዝህብ መን እዩ?</u>

ደቂ ሰባት ዘይተረድእዎ ነገር እንተ ሃልዩ ናይ ሰላም ሕቶ ንሶም ክምልስዎ ከምዘይክእሉ እዩ። ነዚከኣ ናይ ታሪኽን ውሽጥናን ምስክርነት ኣለና። ሰባት ክገብርዎ ዝኽእሉ ብዙሕ ነገር እንተሃለወ እኳ ሰላም ክህቡ ግን ኣይክእሉን። ንምንታይ ምስ እንብል ሰላም መለኮታዊ ሃብቲ ብምኻኑ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡- <<ሰላመይ እሓድገልኩም፡ ሰላመይ ውን እህበኩም ኣለኹ እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘለኹስ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፡ ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰንብድን።>> (ዮሃ 14፥27) በለ።

ዓለም እትህቦ ሰላም ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ዝሙት፤ ስኽራን፤ ደርፊ እትህቦ ሰላም ኣሎ። ናይ ዓለም ሰላም ግን ግዝያዊ መሕብኢ ከምኻኑ እቲ ስኽራንን ደርፍን ምስ ሓለፈ ቃንዝኡ ይጅምር። ሰባት ኣብ ጭንቀትና ዝህቡና ሰላም ይህሉ ይኸውን፤ ግን ጽኑዕ ኣይኮነንን። እግዚኣብሔር ጽኑዕ ሰላምና እዩ፤ ሰባት ኣብ ጭንቀትና ካብ ዝሃቡና ሰላም ንላዕሊ ንሱ ዝሃበና ሰላም ንልብና ኣዕሪፍዎ እዩ። ሓደ ሰብ ከምዚ በለ፡- <<ዎ ኣምላኸይ ናይ ጠቢባን ልሳን ይለጎምኒ፤ ሊቃውንቲ ውን ስቕ ይበሉኒ፤ ንስኻ ጥራይ ሓንቲ ቃል ተዛረበኒ ከዐርፍ ኢየ።

ሓቀኛ ሰላም ኣብ ምርካብን ምስኣንን ኣይምስረትን። ከምኡ ውን እግዚኣብሔር ሰላም ምስ ዝህበና ብዘለና ነገር ኢና ምዕጋብ እንጅምር እምበር ሰላም ንምርካብ ንዝህልወና ነገር ኣይንሓስብን። ሓደ ናይ ሃገርና ደራሲ፡- <<ሃብቲ ንናይሰብ ድልየት ጽምኣት ኣየዕግብን፤ ክብሪ ከኣ ኣድካሚ እዩ፤ ምድራዊ ሓጎስ ውን ኣሰልቻዊ እዩ፤ ጥበብ ከኣ ወሰና ሰፊሕ ብምኻኑ ክትበጽሓ ስለ ዘይከኣል ተበሳጭወካ ። ስለዚ ወዲ ሰብ ሓቀኛ ሰላምን ደስታን ክረክብ ዝኽእል ካብ ናይ ደስታ ምንጪ ካብ <<እግዚኣብሔር>> ስለ ዝኾነ ልቡ ናብ <<እግዚኣብሔር>> ኣቕኒዑ ንሓቅን ፍቕርን መምርሒ ዝገበረ እዩ>> ብምባል ጽሓፈ።

ዘይተኣምነ ሰላም

ንሰላምና ርእስና ንምስራሕ ንጽውዖ። ሰላምና ንምሕላው እንጽዕሮ ናይ ሰብ ሽግር ንኸይንሰምዕ ብምጉያይ፤ እኹል ገንዘብ ኣኪብና ናይ ምንባር ውሕስነት ብምርግጋጽ፤ ንዘይ ወለድናዮ ቆልዓ ተጨኒቕና ንዝተወልደ ህዝቢ ብጉቦ ብምዝራፍ፤ ብጌጋና እኳ ንከይንጥዓስ ብምጽዓር.... እዩ። ንሰላምና ዘለና ጥንቃቐ ዝበርትዐ ስለዝኾነ ዘጨንቕ ሰብከት ክሰምዕ ኣይደልን ብምባል ንስሓን ተግሳጽን እኳ ክሰምዕ ኣይደልን። ምስ ሽግር ማዕረ ማዕረ ብምኻድ <<ሰላም እዩ>> ብምባል ሰላም ዘይብልና ሰላም፤ ሰላም ንብል። ግን ክሳብ መዓስ ርእስኻ ምትላል ይከኣል? ዓቢ ሽግርና ሰላም ንደሊ ኢና፤ ነቲ ናይ ሰላም በዓል ቤት ዝኾነ ክርስቶስ ግን ኣይንደልዮን። እንታይ ደኣ ናይ ጥቕሚ ሰብ ከመይ ኢሉ ሰላም ይህልዎ?

ዝተሰረትናሉ ናይ ሕይወት ስፍራ ናይ ናብራ ርስቲ፤ ናይ ነዳዲ ዋጋ ምዕጻፍ፤ ናይ ሰራዊት መራኽብ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ክጽጋዓ ጌርወን ይኸውን? ሰላም ዝህልወና ሰላም እንብሎ ነገር እንተሃልዩ ጥራይ እዩ። ሰላም ንምርካብ ምስ እግዚኣብሔር ምትዕራቕ የድልየና። ቃሉ፡- <<ንኽፉኣት ሰላም የብሎምን>> ይብለና (ኢሳ 48፥22)።

ሓደ ሰብ፡- <<ብሓጢኣት ምኽንያት ምስ እግዚኣብሔር ውግእ ክሳብ ዝገጠምና ምስ ነብስናን ምስ ካልኦትን ብሰላም ክንነብር ኣይንኽእልን>>በለ።

ሰላም ክርስቶስ እዩ

መልእኽቲ ኤፌሶን ምስ እነንብብ ሰላም ክርስቶስ ምኻኑ ይነግረና። <<ንሱ ሰላምና እዩ'ሞ>> (ኤፌ2፥14)። ንሱ ምስ ርእስና፤ ምስ ጎረቤትናን ምስ እግዚኣብሔርን ዘለና ቃልሲ ዘቓመ (ደው ዘበለ) ሰላምና እዩ። ብዙሕ ነገራት ወይ ኩሎም ገጻት ይህውኹና ይኾኑ፤ ክርስቶስ ግን ሰላምና እዩ። ናይ ጽልኢ መንደቕ ብደሙ ዘፍረሰ፤ ንዝተፈላለዩ ሓደ ዝገበረ ሰላምና ክርስቶስ እዩ። ብኩነታት ክርበሽ ዘይክእል ሓቀኛ ሰላም ንሱ እዩ። ደስታን ሓርነጽ ጎጽን ዘይልውጦ ናይ ኵሉ ግዜ ሰላም ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

ክርስቶስ ማዕበል እንተመጸ ሰላም፤ ማዕበል እንተ ዘይመጸ ሰላም እዩ። ኣቦታት ብዛዕብኡ ሰላምነት ክዛረቡ ከለዉ <<ማዕበል ዘይቀርቦ መርከብና >>ኢሎሞ ኣለዉ። ፍትው ኣንባቢ እንታይ ደኣ ኣሚንካ ዶ?

ሰይጣን ኣብ ዝኾነ ግዜ ይኹሕኩሕ እዩ፤ ንሕና ምስ ንኸፍቶ ይቃለሰና። ንክርስቶስ ክፈት እንተ ኢልናዮ ግን ንሱ ምስ ዝኸፍት ሰይጣን፡- <<ይቕሬታ ገዛኻ ምኂኑ ኣይፈለጥኩን>> ኢሉ እዩ ዝሓልፍ። እንታይ ደኣ ክርስቶስ ንክኸፍት ልብኻ ናትካ ድዩ ወይስ ናይ ክርስቶስ? ንናይ ክርስቶስ ሰላም ሰይጣን ክሰርቆ ኣይክእልን፤ እቲ መፍትሕ ዘለዎ ኣብ ኢድ ክርስቶስ ስለዝኾነ ሰይጣን ኣይረኽቦን።

<u>ሰላም ብእምነት</u>

ብውሽጢ መስኮት ቴለቪጅን ብዝተጠልፉ ነፈርቲ ወይ ሓደጋ ኣብ ዝበጽሑ ቦታታት ህጻናት ምርኣይ ዝተለምደ እዩ። እቶም ፈላጣት ተረቢሾም ክረኣዩ ከለዉ እቶም ህጻናት ግን ኣብ ውሽጢ ሑኞፊ ኣዲኦም ደቂሶም ይረኣዩ። ብእምነት እንረኽቦ ዕረፍቲ ከኣ ሓደ ህጻን ኣብ ውሽጢ ሑኞፊ ኣዲኡ ንዘሎ ቃላት ዘይገልጾ ዕረፍቲ ዝመስል እዩ።

ናይ እግዚኣብሂር ሰባት ናይ እምነት ሰላም ዝተለማመዱ ነበሩ። ንምርባሽ ካብ ናትና ዝሓሸ ምኽንያት እንተ ነበሮም ካብ ምኽንያት ንላዕሊ ኢዮም ኔሮም። ምእማኖም ከኣ ኣብ ግዜ ሰላም ጥራይ ዘይኮነስ ንኽፉእ መዓልቲ ውን ኣውዓልዎ። ነብይ ዳዊት ኣብ ውሽጢ ናይ ሞት ክልል ኣትዩ ከሎ <<በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፤ ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፤ ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፤ ክፉእ ኣይፈርሕን ኢየ። (መዝ. 23፥4) ኣለ። ንምንታይ? እግዚኣብሔር ሓላዊኡ ስለ ዝኾነ። ካልኣይ ውን፡- <<ክቃወመኒ ኢሉ እኳ ሰራዊት እንተዝሰፍር ልበይ ኣይፈርሕን እዩ፤ ኩናት ውን እንተዝለዓለኒ እምነት ኣሎኒ>>(መዝ. 27፥3) በለ። ዮናስ ውን ኣብ ውሽጢ ከብዲ ዓሳ ነባሪ ኮይኑ ምድሓን እግዚኣብሔር ተኣማመነ (ዮና. 2፥3-10)። ጴጥሮስ ንግሆ ናይ ሞት ፍርዲ ንኽቕበል ኣብ ማእከል ናይ ማእሰርቲ ሰንሰለት ደቂሱ ነበረ (ግ.ሃ. 12፥6)። እግዚኣብሔር ኣድሓኖ። ናይ እምነት ሰባት ኣብ ውሽጢ ረብሻ ብእምነት ይድቅሱ ፤ ዘይኣምኑ ግን ኣብ ናይ ሰላም ቦታ ድቃስ ይኣብዮም።

እንታይ ደኣ እዚ እምነት ብኸመይ ይርከብ? ምስ እንብል ንእግዚኣብሔር ብእግዚኣብሔርነቱ ባህርይን ብምድሓኑ ተግባርን ብምፍላጥ ዝርከብ እዩ። ብዓቢ

ጥበብ ብናይ ባዕሉ ክብሪ ዝነብር ዝነበረ እግዚኣብሔር ወልድ ንስለ ፍቐሪ ሰብ ኣብ መስቀል ሞይቱ ናይ ምድሓን ዋጋ ከፊሉ። ብናይ ምድሓኑ ክእለትን ብናይ ደሙ ዋጋን እንተ ኣሚና ሕጂ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ንቐበል ።(ዮሃ.3፥36፤ሮሜ.8፥1)። ብእኡ ኣሚና <<እፎይ>> ምስ እንብል እምነት ይበሃል። እዚ እምነት እዚ ከኣ ኣብዛ እትናወጽ ዓለም ንሰማያዊ ተስፋ እናኣርኣየ ትብዓት ይህበና።

ብናይ ባዕልኻ ጥበብ ብናይ ስጋ ጅግንነት ኣብ ውሽጢ እዛ ተፈታታኒት ዘይንነብረላ ዓለም ናይ እምነት ሓይሊ ምስ እንለማመድ ሰላም ንረክብ። <<እምበኣር ብእምነት ካብ ጸደቕና፤ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና። (ሮሜ.5፥1)። ጐይታና ውን ንዝተረበሸ ልቢ መድሃኒቱ እምነት ምኳኑ ነጊሩና <<ልብኹም ኣይረበሽ፤ ብእግዚኣብሔር እመኑ፥ ብኣይ ውን እመኑ>>ዮሃ.14.1)።

ብሰላም ምኽላል

ብነብይ ኢሳይያስ ከምዚ ተባህለ፡- <<ነቲ ጽኑዕ ዝሃቐናኡ፤ ኣባኻ ስለ እተማህጸነ ብሰላም እወ ብሰላም ትሕልዎ (ኢሳ 26፥3)።

ሰላም ዝብል ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝተጻሕፈ ብቋንቋ ግሪኽ ምሑጓስ፤ ምዕራፍ፤ ዘይምጭናቐ፤ ዘይምፍራሕ ዝብል ትርጉም ኣለዎ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ሰላም ሰለስተ ገጻት ኣለዎ። ንሱ ከኣ፡- ውሽጣዊ ዕረፍቲ፤ ምስ ሰባትን ምስ እግዚኣብሔርን ብሰላም ምንባር እዩ። ናይ ወዲ ሰብ ዓቢ ዕረፍቱ ናይ ነፍሱ ድሕነት ምግንዛቡ እዩ። ምስ እግዚኣብሔር ዘለና ሕብረት መሰረቱ እዚ ክኸውን ከሎ ናይቲ ሕብረት ውጽኢት ከኣ ውሽጣዊ ሰላም እዩ። ሰላም ክርስቶስ ብናይ መንፈሱ ኣገባብ ኣብ ውሽጥና ናይ ምርካቡ ውጽኢት እዩ (ገላ 5፥22)።

ሰላም እግዚኣብሔር ብቃንዛ፤ ብውግእ፤ ብሽግር፤ ብበይናውነት ክፍታሕ ዘይክእል ሰላም እዩ። ሰላም እግዚኣብሔር ብደጋዊ ነገራት ዝድገፍ ኣይኮነን፤ ኩሉ እንተዘይሃለወና እኳ ሰላምና ዝወስደልና የለን። ደጋዊ ተርእዮታት ሓደጋ ዘንጀርበበሉ ግዜ ምኳኑ እንተርኣየ ውን ኣማኒ ግን ኣብ ዘለዎ ይጸንዕ። ንበይኑ ዘሎ ሰብ ስለዝኾነ።

እምበኣር እግዚኣብሔር ኣብ ከባቢና ንዘሎ ማዕበል ይርኢ እዩ፤ ኣብ ውሽጥና ንዘሎ ማዕበል ውን ይርኢ እዩ። ካብ ናይ ኣብ ከባቢና ዘሎ ማዕበል ንናይ ውሽጥና ማዕበል ቀዳምነት ይህብ፤ ምኽንያቱ ሰላም ኣብ ውሽጥና እንተ ሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሰላም ዘይብሉ ዓለም ናይ ምንባር ሓይሊ ይህበና። ***ናትና ሰላምሰ መን ኣዩ?***

ወሰብሃት ለእግዚኣብሔር

ቐድማ እዚ መጽሓፍ ዝተሓትሙ፡-

1. ትዕግስቲ እግዚኣብሄር
2. ዝልውጥ ፍቕሪ
3. ይቕሬታ
4. ናይ ናብራ መድሕን
5. መቓብር ዘይሓዞ ሓቂ
6. ተንስኡ ለጸሎት
7. ጸሎት
8. ምኽሪ ንፈታዊ
9. ረቡኒ
10. ወታእ ልሳን
11. ራእይ ዘለዎ ወለዶ
12. ዘይምዕጋስ ዘምጽእ ጣጣ
13. እግዚኣብሄር ምስ ዝበጽሓካ
14. ዘይተወድአ ጽባቐ
15. ዝጨከነ ፍቕሪ
16. ዑፍ ወጋሕታ
17. ተወሊዱልና
18. ናይ ግዚኡ ቃል
19. ድምጺ ፈታዊ
20. ቁሩብ የዕርፉ
21. ኣጋፔ
22. ዎ ወደይ
23. ኖላዊ
24. ናይ ጽድቂ ወለላ
25. ነዊሕ ፈትሊ
26. ንሓድሕድኩም
27. ቅዱስ መውሰቦ
28. ኣካላዊ ቃል
29. ቃና ዘገሊላ
30. ኒቆዲሞስ

....ፍትው ወደይ! ዝጸልመተ ሰማይ ዝኸፈት፡ ዝተሰወረት ወርሒ እትወጽእ፡ ዝጠፍኡ ከዋኽብቲ ዝግለጹ በኣይ ኢዩ። ፍቕረይ ኣብ ኩሉ ዝሰልጠነ፡ ድኻን ሃብታምን ዘይፈሊ ብኹሉ ሽነኽ ከም እትወጽእ ጸሓይ ኢዩ። ሓለዋይ ጽንዑን ዘይድፈርን ኢዩ። ኣብ ግዜ መከራ ኣጸናናዒ ኣነ ኢየ። ግና ንዝተወልደት ሓዳሽ ወርሒ ኣሚኖም ብምሸት ጉዕዞ ዝጅምሩ ምስ ተሰወረት ደው ይብሉ። ኣነ ግን ንዘመናት ዝሸምገልኩ፡ ኣውዲኣ ኣብ ዱር ዘይሰወር፡ ካብ ሕድሽን ካብ ናይ ቀደም ፈታውን ዝበልጽ፡ ውግእ እንተ ኣስፋሕፍሐ ውን ምስ ጸላኢ ዘይደባለቐ ጽኑዕ ብርሃን ኢየ።